# መቓልሕ ትግራይ

ብቢሮ ርክብ ህዝብን መንግስትን ክልል ትግራይ በብኽልተ ሰሙን ዝሕተም ጋዜጣ 15 ነሓሰ 2012 ዓ/ም ሕታም 637 ብነፃ ዝዕደል



ሓላፊ ቢሮ ፀጥታን ምምሕዳርን ክልል ትግራይ ኣይተ ተኪኡ ምትኩ

## ብምኽንያት ቫይረስ ኮሮና 1568 ተሃነፅቲ ሕጊ ብይቕሬታ ክፍትሑ ተወሲኑ

ብተሻለ ገብረእግዚኣብሄር

ኮማንድ ፖስት መኸተ ኮሮና ቫይረስ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ብምኽንያት ኮሮና ቫይስ 38 ደቂ ኣንስትዮ ዝርከብኦም 1568 ተሃነፅቲ ሕጊ ብይቕሬታ ክፍትሑ ከም ዝወሰነ ቢሮ ፀጥታን ምም ሕዳርን ክልል ትግራይ ኣፍሊጡ፡፡

ሓላፊ ቢሮ ፀጥታን ምምሕዳርን ክልል ትግራይ ኣይተ ተኪኡ ምትኩ ከምዝበልዎ ፣ ብም ኽንያት ኮሮና ቫይረስ ዕድል ይቕሬታ ንክወሃቦም 42 ደቂ ኣንስትዮ ዝርከብኦም 1704 ተሃነፅቲ ሕጊ ኮማንድ ፖስት መኸተ ኮሮና ቫይረስ ክሪኦም ዝቐረቡ እንትኾኑ፣ ካብኣቶም 38 ደቂ ኣንስትዮ ዝርከብኦም እቶም 1568 ተሃነፅቲ ሕጊ እቲ ረቛሒ ኣማሊኦም ብምርካቦም ብይቅርታ ክፍትሑ ከም ዝተወሰነሎም ገሊፆም፡፡

ናብ ገፅ 8 ይዘውር ...

## ኣብ ትግራይ ካብ ዝተፈላለዩ ኣካላት ብዝተረኸበ ገንዘብ ልዕሊ 93 ፕሮጀክታት ልምዓት ይህነፁ ኣለዉ

ብግርማይ ተ/ብርሃን

ኣብቲ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ትግራይ ሰብ ሃፍቲ፣ ማሕበረሰብ ዲያስፖራ ትግራይን ህዝብን ብዘዋፅእዎ ገንዘብ ልዕሊ 93 ፕሮጀክታት ልምዓት ይህነፁ ምህላዎም ቢሮ ትልምን ፋይናንስን ክልል ትግራይ ኣፍሊጡ፡፡

ምክትል ሓላፊ ቢሮ ትልምን ፋይናንስን ክልል ትግራይ ኣይተ ሓጎስ ወልደኪዳን ከም ዝበልዎ፤ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ልምዓት ትግራይ ንምስላጥ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ህዝቡ ሓገዝ ገንዘብ ንክገብረሉ ፃዊዒት ብምቕራቡ ምትእኽኻብ ሓገዝ ብምግባር ኣብቲ ዝተኻየደ ቴሌቶን 650 ሚልዮን ብር ሓገዝ ንክግበር ቃል ዋላ ይተኣተው ክሳብ ሐዚ እቲ 450 ሚልዮን ብር ኣታዊ ተገይሩ፤ በቲ ገንዘብ ኣብ ምሉእ ትግራይ ልዕሊ 93 ዝተፈላለዩ ፕሮጀክታት ልምዓት ክስርሑ እዮም።

እዚ ዝተገለፀ መተሓባበርቲ እቶት ምትእኽኻብ፣ ተወከልቲ ሰብ ሃፍቲ፣ ባንክታት፣ ኣብያተ ፅሕፈትን ካልኦትን በቲ ዝተኣካከበ ገንዘብ ዝስርሑ ስራሕቲ ንምዕዛብ ኣብ ዞባታት ደቡብን ምብራቕን ብ115 ሚልዮን ብር ዝስርሑ ዘለው 11 ፕሮጀክታት ልምዓት ዑደት እንትገብሩ እዩ ዝበሉ እቶም ምክትል ሓላፊ ቢሮ፤ እቶም ዝውገኑ ዘለው ስራሕቲ ህንፀት ኣብያተ ትምህርቲ፣ ትካላት ጥዕና፣ መንገዲ ፀፀርን ምንፃፍ ፅሩብ እምንን፣ ምስፍሕፋሕ ቀረብ መስተ ማይ፣ ምስፋሕ ልምዓት መስኖ፣ ማይን ካልኦትን እዮም፡፡

በዓል ሃፍትን መተሓባባሪ ምትእኽኻብ እቶትን ኣይተ ኣሸናፊ ሃይሉ ካልኦት ሰብ ሃፍትን ብወገኖም፤ እቲ ምትእኽኻብ እቶት ዋላ እኳ ሰብ ሃፍቲ እንተመርሕዎ እኖታት እውን ኣብ መቐነተን ዝነበረ ገንዘብ ወፍየን እየን ኢሎም፡፡

ከም ኣገላልፃ ኣይተ ኣሸናፊ፤ እተን ብሚልዮናት ብር ዝስርሓ ዘለዋ ኣብያተ ትምህርቲ ሚልዮናት ምሁራት ዘፍርያ፤ ህዝቢ ዝግልገለሉን ዝዓግበሉን እየን ምስበሉ ኣብ ምሉእ ትግራይ ዝስራሕ መሰረተ ልምዓት ናትና እዩ ዝብል ስምዒት ምሓዝ ክስመረሉን ኣብ መንፈስ ኩሉ ህዝቢ ትግራይ ክሓድርን ኣለዎ ኢሎም፡፡

ከምዚ ዓይነት ኣተሓሳስባ ኩሉ እንተወኒንዎ፣ ትግራይ ብደቃን ፈተዉታን ኣብ ሓፂር ጊዜ ክትዓቢ፤ ትግራይ ዝጀመረቶ ልምዓትን መኸተን ዕውት ንክኾን ማሕበረሰብ ነጋዶ ኢድ ንኢድ ተታሓሒዞም ከምዝ ሰርሑን ህዝቢ ትግራይ ድማ ከም ልማዱ ትግራይ ንምልማዕ ኣብ ዝግበር ፃውዒት ድልዉ ብምዃን ሓገዝ ክገብር ከምዘለዎ ኣገንዚቦም።



ሓላፊ ቢሮ ፕሮጀክት ምፅሓፍ ታሪክ ህዝቢ ትግራይ ተጋዳላይ ፍስሃ ኣፈወርቂ

## ክብርታትን ሌጋሲታትን መራሒና ተጋዳላይ መለስ ዜናዊ ተዓቂቦም ክቕፅሉ ብውድብ፣ ህዝብን መንግስቲ ትግራይን ዝለዓለ ፃዕሪ ይግብር ከም ዘሎ ተሓቢሩ

ብኣሸናፊ ዘውዴ

ዓበይቲ መግለፂ ክብርታት ሌጋሲታትን እምነታትን መራሒና ተጋዳላይ መለስ ዜናዊን ኩሎም ስውኣትናን ተዓቂቡ ናብ ወለዶታት ንክ ሰጋገር ብውድብ፣ ህዝብን መንግስቲ ትግራይን ዝለዓለ ፃዕሪ ይግበር ከምዘሎ ሓላፊ ቢሮ ፕሮጀክት ምፅሓፍ ታሪክ ህዝቢ ትግራይ ኣፍሊጡ፡፡

ናብ ገፅ 8 ይዘውር ...

## ኣሸንዳ 2012 ኣብ ገዝአን ብውልቀ ከምዘኽብረኦ ኣዋልድ ከተማ መቐለ ገሊፀን

ብመስፍን ገ/ትንሳኤ

ደቂ ኣንትዮ ትግራይ፣ ዓመት መፅአ ብባህላዊ ቁናኖ ኣግይፀንን ብድምቀት ዘኽብራኣ ማዓልቲ ኣሸንዳ፣ ሎሚ ዓመት ብሰንኪ ሕማም ቫይረስ ኮረና ኣብ ገዝአን ብውልቀ ከም ዘብዕላኣ ገለ ደቂ ኣሸንዳ ነበርቲ ከተማ መቐለ ተዛሪበን፡፡



ንእስቲ ኣዜብ ሙሉ

ነባርነታ ኣብ ከተማ መቐለ ዝኾነት ንእስቲ ኣዜብ ሙሉ፣ ተፈጥሮ ዝሃበና ቁንጅና፣ ባዓል ኣሸንዳ ዝወሰኽትልና ድምቀት ከበሮና ተሓንጊጥና ብዘይ ሕንከትን ሕፍረትን ነኽብራ ኮይና ብሰንኪ ተላባዲ ሕማም ኮረና ኣብ ገዛና ብተናፀል ክነብዕላ ኢና ኢላ፡፡

ኣሸንዳ ንዘበናት ብድምቀት እናተኸበረት ዝመ ፅአት ባዓል ምዃኑ ዝገለፀት ንእስቲ ፀጉ ተክላ ሃይማኖት ድማ፣ በቢ ዓመቱ ካብ ጫፍ ናብ ጫፍ ትግራይ ብፍላይ ኣብ ከተማ መቐለ ማእኸለ ገይሩ፣ ብባህላዊ መጋየፅታት ደሚቕና ብሃንቀውታን ህን ጣወን እና ኸበርናያ እንትንመፅእ ሎሚ ዓመት ግና ብሰንኪ ሕማም ኮረና ቫይረስ ቅርፁ ቅይር ኣቢልና ተፈላሊና ክነኽብራ ክንግደድ ኢና ትብል፡፡

ናብ ገፅ 8 ይዘውር ...

ዝኸበርኩም ተገልገልትና

እዋናውን ተኣማንን ዜና ካልኦት ዓበይቲ ሓበሬታታት ህዝብን ክልል


ትግራይን ሃገርን ዓለምን ተኸታቲልኩም like, share comment ብምግባር ንክትሳተፉ ንዕድም ።

Facebook: https://www.facebook.com/TigrayCAB/

Youtube: Tigray Communication Affairs Bureau

Twitter: https://twitter.com/TigrayCAB

መረፃ 2012 ዋሕስ ህላወ ትግራይ እዩ !



# ርእሰ ዓንቀፅ

## ሳይንሳዊ ርእዮት - መለስ ዜናዊ Meles ideology 1947-2004 ዓ/ም

ስሙይ፣ በሊሕ መራሒ ድምፂ ሚሊዮናት መለስ ዜናዊ ማዕርነትን ፍትሕን ክዕምብብ ፣ ዘላቒ ሰላምን ምትእምማንን ሰራውሩ ክዓሙቕ ፅሒፎም፣ተንቲኖም ኣምሂሮም፡፡ ኣብ ድኽነትን ርእዮተ ዓለማዊ ጊሊያነት ምዕራብ ዝተቖረኑ ህዝብታት ከመይ ሓራ ይወፁ ፈትልን መርፍእን ኣራኺቦም፡፡ ጥበብ ብሞጐት ሃኒፆም፡፡ ሃገራዊ ርእሰ ፖለቲካዊ ሕላገት ብምዕምባብ ብቐፃልነት ናብ ዝበረኸ ጠርዚ ምዕባለ ዝሰጋገርሉ ሚስጢራት ብምኽንያትን መርትዖን ኣሰንዮም ዓለም ቋሕ ዘበለ ሓዱሽ ኣፍሪካዊ ፅንሰ ሓሳብ ናብ መድረኽ ሒዞም ቀሪቡ፡፡ መለስ ዜናዊ ዝዓበየ ትኹረት ትንተነኦም ''ዴሞክራሲያውን ልምዓታውን'' መንግስቲ ዋላ እንተኾነ ደቂ ሰባት ብማዕረን ፍትሕን ተጠቀምቲ ባህርያዊ ፀጋታት ክኾኑ ፣ ሰላምን ቅሳነትን ክዓስል ፣ ኣካላዊ ወታሃደራዊ ረስኒ ክዝሕል ፍፁማዊ ምትእምማን ክህሉ ዘኽእል ሙሁራዊ ሳይንሳዊ ትንተና ኣቕሚጦም፡፡ ኢትዮጵያ ንመከራን ህውከትን ዝተፈጥረት ፣ ቁልዒ ሓዊ ፣ ባርዕ ህውከት ዝዓመረላ ፤ ቂምን ነውፅን ዝጥጀኣላ ሳንዱቕ ፖንዶራ ግሪካዊት ፅንፅዋይ ክሳብ እትመስል ኣብ ህውከት ዝፀንሐት ሃገር ነበረት፡፡ እንተኾነ ግና ብሓቀኛን ህዝባውን ዴሞክራሲያዊ መስመር ተቐይሩ፡፡ ወያናይ ዴሞክራሲያዊ ስነ-ሓሳብ ፅላል ሚሊዮናት ዝኸውን በሰር ዘይብሉ ኣፍሪካዊ ቦቕሊ ከምዝኾነ ንቕድሚት ዝምርሽ ዝነበረ ቁጠባ ኢትዮጵያ ነጋሪ ሓቂ'ዩ፡፡ ርእዮተ ዓለማዊ ትንተና ኣይተ መለስ ኣብ ግብሪ ዝተፈተነ ፣ ካብ ደደቢት ክሳብ ኮሎምቢያ ዩኒቨርስቲ ብደፋትር ኒዮሊበራሊዝም ናእዳ ዝረኸበ ፤ ሓዱሽ ኣፍሪካዊ ምንቕቓሕ ዝወለዐ መስመር'ዩ፡፡

ብምቕፃል ኣይተ መለስ ዜናዊ ብዛዕባ ፍት ሓዊ መቐሎ ባህርያዊ ፀጋታት፣ ስርዓት ኒዮ-ሊበራሊዝም ፖለቲካውን ማሕበራውን ትንተና ዝሃብዎ ድማ ኣብ ንፃፍ ልዕልና ሕጊ ዝተሰረተ ፣ ብዙ ሕነት ዝፃወር፣ ዘላቒ ሰላም ውሕስና ዘለዎ ህዝባዊ ዴሞክራሲ ስርዓት ብምዕሳል ሓደ ሓበራዊ ማሕበረሰብ ፖለቲካን ኢኮነሚን ምህናፅ ይከ ኣል'ዩ። ከምኡ'ውን ምዕሳል ልዕልነት ሕጊ፣ ሰብኣውን ዴሞክራሲያውን መሰላት ብዕምቆት ኣብ ኪዳን ሕገ መንግስቲ ብምኽታት ጥራሕ ዝመ ፅእ ለውጢ የሎን። እንታይ ደኣ ንዝብል ሕቶ ግና ፍትሓዊ መቐሎ ሃፍቲ ንምርግጋፅ ዘኽእል ቁልፊ ዛዕባ ጌርካ እንትስራሕ'ዩ። እዚ ብምግባር ድማ ሚሊዮናት ህዝብታት ብቓንዛ ስጋ፣ ሕማም፣ ሞትን ድኽነትን ከምቆፅሊ ዝረግፍሉ ሕማቕ ፍፃመ ጠጠው ክብል ኣለዎ። ፍትሓዊ ቀረመት ፀጋታት ናብ ኩሉ ክባፃሕ ኣለዎ እንትብሉ ይምዕዱ።

ኒዮ- ሊበራሊዝም ዝለዓለ መዋዳእታዊ ናሕሲ ሊበራሊዝም'ዩ። ቀንዲ መግለፂ ድማ ሕሉፍነት ዕዳጋ'ዩ። ብኣዘራርባ ወለድና "ፀሓይ ንበይንና" ዝብል ጉህሚ ፀላም ድሌት'ዩ። ነዚ ጉጅለ ፊተውራሪ ኮይኖም ዝመርሑ፣ ሓባሪ መንገዲ /Road map/ ዝሕንፅው ዓለማዊ ባንኪን ኣይ ኤም ኤፍን ከምዝኾኑ፣ ድኽነት ዘራብሑ ፣ውሑዳት ገበተ ርእሰ ማላውያን ብምፍጣር ብርሃን ዓለም ዘፅልምቱ፣ ባህርያዊ ፀጋታት ብጨኸና ዝዕምርሩ ጥፍኣትን ኲናትን ዘዕስሉ ዲኖ ኣህባይ ዝተኸደኑ ኣራዊት ምድሪ ከምዝኾኑ ብትብዓት ተንቲኖምን ፂሒፎምን። ኒዮ ሊበራሊዝም ብፀረ- ወያነ ማዕበል ሰፊፍ ኣቢሉ ፣ ንብረት ዝጉሕል ባህሊ፣ ታሪክን ኣነባብራን ህዝብታት ዓለም ኣብ ግምት ዘእትው ኣይኮነን። ባዕሉ ዝለዓለ ዳይና ቆፂሩ ኣፍላጋት ዘንትዕ ፣ ሰማያት ብዘይዓንዲ ጠጠው ዘብል ጌሩ ዝኣምን ሓይሊ'ዩ። ሓፋሽ ህዝቢ ድማ ካብ ኢድ ሃፋትም እናላሓኹ ዝወርድ ጠስምን መዓርን /ትሪክል ዳውን/ ተረባሒ ክኸውን ይኽእል እዩ ዝብል ብስነ-ሓሳብን ግብርን ዘይተሰነየ ፖሊሲ ስነ ቑጠባ ወይ ድማ ርእዮተ ዓለም እዩ።

ከም ሳይንሳዊ ትንተና ኣይተ መለስ ዜናዊ ኒዮ-ሊበራሊዝም- ኢኮነሚክ ፖሊሲ ኣብ ታሪክ ካፒታሊዝም ዘይተረኣየ፣ ዘይተፈተሸ ብድርዒ ርእዮተ ዓለማዊ እምነት ዝተሸፈነ እዩ። ሓደ ኣቀራርባ ድማ ሳይንሳዊ ዘብሎ ካብ ሓፈሻዊ ነገራት ተበጊስካ፣ ኣብ ግምት ሰረት ጌርካ ፖሊሲ ንምሕንፃፅ ጉምብሕብሕ ምባል ኣይኮነን። ናይ ነዊሕ እዋን ዝኾነ ዕለታዊ ተሞኩሮ ህይወት፣ ልምዲ፣ ባህሊ ብምውሳድ ሳይንሳዊ ትንተና ብምሃብ፣ መነባብሮ ሓፋሽ ንምቕያር ዘኽእል ፖሊሲ ምፍጣር እንትከኣል'ዩ። ብመሰረት እዚ ትንተና ድማ ሰብ ከም ሰብ ማእኸላዊ ቦታ እንትሕዝ፣ ግደ መንግስቲ ድማ መነባብሮ ሓፋሽ ከመሓየሸ ፣ ወናኒ ምዕባለ ክኸውን ምግባር እዩ። ብኻሊእ ኣዘራርባ ሓደ ኢኮነሚ ንኽዓቢ ዝትለም ንኽዓቢ ተደሊዩ እንተይኮነስ ብምዕባለ እቲ ኢኮነሚ መነባብሮ ሓፋሽ ንኽልወጥ እዩ። ካብዚ ሳይንሳዊ ሓቂ ተላዒልና ድማ ርእዮተ ዓለማዊ ፍልስፍና ኒዮ- ሊበራሊዝም ኣብ ሕቶ ክኣትው ዘኽእልዎ ነጥብታት ኣለዉ። ንሳቶም'ውን ማእኸላዊ ቦታ ወዲሰብ ምርሳዕ፣ ቁጠባዊ ምዕባለ በይኑ ከምሽቶ ምውሳዱ እዩ። ብሓፈሻ ቁጠባዊ ፖሊሲ ኒዮ- ሊበራሊዝም ርእዮተ ዓለማዊ መሰረቱ ኢምፐርያሊዝም'ዩ። እዚ ሰረት ብምግባር ድማ ሓፈሻዊ ፖሊሲታት ኢኮነሚ ኣብ መላእ ዓለም ግብራዊ ምግባር እዩ።

ከምቲ ልዕል ክብል ዝተገለፀ'ውን ነብሲ ወከፍ ኣቃውማ ሕ/ሰብን ባህልን ምዕባለ ኣብ ቁፅሪ ዘእትው ሕሊና የብሎምን። ስለዚ ኣብ ሓደ ሃገር ኣብ ዝተፈላለዩ እዋናት ዝፍጠሩ ጎነፃት ከመይ ከምዝፍትሑ፤ ንሓፈሻዊ ምዕባለ ናውቲ ከመይ ከምዝውዕሉ ዓማቒ ገምጋም ዘካይድ ርእዮት ኣይኮነን። ስነ-ሓሳባውን ርእዮተ ዓለማዊ ሞጎት ዘይካየደሎም ልሙሳት ሃገር ብምእላሽ ኣረኣእያ ምሁራን ምዝባዕ፣ ሓፋሽ ህዝቢ'ውን ብምድንጋር፤ ኣብ ዘይጭበጥ ዘለኣለማዊ ሕልሚ ዩ ቶፒያኒዝም ክነብር ምግባር'ዩ። በዚ መንገዲ ድማ ሓንቲ ሃገር ባህላ፣ ታሪካ ብምድኻም ሃገራዊ ናፅነት ክስመት ክኸደን ፤ ህዝቢ ርእሰ ምትእምማን ከይሓድሮ፤ ኣብ ምቁማትን ፅግዕተኝነት ቆሪንካ ምእሳር'ዩ። ዝተወሰነ ክፋል ሕ/ሰብ ብምጥቃም ኣብዝሓ ድማ ኣብ ሕልሚ ዓለም ክነብር፣ ሰንፈለል ክብል ካብ ጭቡጥን ርትዓውን ዓለም ወፂኡ ቃህመም ክብል ይገብሩ። ሓፋሽ ብቐላፅሙ ታሪክ ክሰርሕ ከምዝኽእል ከይግለፀሉ፣ ኣብ ምቁማት ምዕራባዊ ዓለም ጥራሕ ዝተሻመመ ወለዶ ብምፍጣር መፃኢ ወለዶ ዝሰልጠነን ዝማዕበለን ሃገር ከይርከብ ጥጡሕ ባይታ ብምድላው ጠቕር ዝተኸደነ መዋእል ስኢሎም ፣ ቀሪፆም ይፈጥሩ።

ስለዚ ብሳይንሳዊትንተናኣይተመለስኒዮ-ሊበራሊዝም ኢኮነሚክ ፖሊሲክስዕቦዝኽእል ጉድኣት ገዚፍ'ዩ። ዋላ'ውን ሊበራሊዝም ተወሊዱ ኣብዝዓበየሉ ኣሜሪካውን ውሻይ እምበር በረኸትን ረድኤት ዝፈጥር ኣይኮነን። ናብ ድኽነት ዝኣትዉ ቁፅሪ ኣሜሪካውያን እናዛየደ፣ ዘይፍትሓውነት እናማዕበለ ውሑዳት ርእሰ ማላውያን ድማ ብሃሴትን ተድላን ዝነብርሉ መዋእል ኮይኑ። ኣሜሪካ ንወድሰብ ዝመቸወት እያ። ምድራዊ ፀጋን ጥበብን ዝመልኣ ብሉያዊከት ከተማ ኡር፣ ከነኣን እያ።" ዝብል ፈኸራ ትርጉም ዘይብሉ ከምዝኾነ ዮሴፍ ስትግሊዝ ዝተበሃሉ ኢኮነሚስት the price of inequality 2012/ ኣብ ዝተብሃለ መፅ ሓፎም ሰፊሩ ይርከብ። ኒዩ- ሊበራሊዝ ም ዜጋታት ከም ወነንቲ ዴሞክራሲ ኣይቖፅርን። ዝመፀ ዝቕበሉ፣ ሸቐጥ መራገፍቲ ጌሩ ይወስድ።

በቢ ኣርባዕተ ዓመት ኣብ ዝካየድ መረፃ ዜጋታት ምስ መንግስቲ ይራኸቡ። ካብዚ ወፃኢ ዕድላት የሎን። መንግ ስትን ህዝብን ድማ ቀንዲ ፀላእቲ መሰላት ውልቀ ተጌሮም ስለዝውሰዱ ህላዌ ሓፋሽ ህዝቢ ዝቕበል ሕሊና የብሎምን። ግልፂ ብዝኾነ ቋንቋ'ውን መሰል ውልቀ እምበር "ሓፋሽ ህዝቢ ዝበሃል የሎን።" ኣብ ምባል ከምዝበፅሑ ንርዳእ። ውፅኢቱ'ውን ኣብ መንጎ ህዝብታት ገዚፍ ዘይፍ ትሓዊ ማሕበረ ቁጠባዊ ባይታ ከስዕብ ክኢሉ ኣሎ። ስለዚ ኣይተ መለስ ንብርክት ዝበሉ ዘመናት ኣብ ድኽነት ፣ ድንቁርናን ኲናት ዝፀንሐት ፤ ተስፋ ዘይነበራ ሃገር፣ ከምዝኣረገ ጀዲድ ተመናጢላ ኣብ ገማግም ሞት ዝነበረት ሃገር ብሃገራዊ ወያናይ ዴሞክራሲያዊ መስመር ዝተዋሓስዋ ሓቀኛ ውላድ'ዮም። እቲ መላእ ዓለም ዝነኣዶ ድማ ካብ ሓደገኛ ርእዮት ኒዮ- ሊበራሊዝም ዝፀረየ፣ ፍፁም ሃገራውን ህዝባውን ዝኾነርእዮተ ዓለም ልምዓታውን ዴሞክራሲያውን ስነ-ሓሳብ እዩ።

ስለዚ ድማ ኢትዮጵያ ብዙሕነት ዝፃወር ፣ኣብ ልዕልና ሕጊ ዝተሰረተ ዘላቒ ልምዓትን ውሕስናን ብምዕሳል፤ ሓቢርካ ምንባር ንህዝ ብታት ኢትዮጵያኣገዳስን ወሳንን ከምዝኾነ ኣምሂሮም። ከምኡ'ውን ቅልጡፍ ልምዓት ምርግጋፅ ወዓል ሕደር ዘየድልዮ ገዚፍ ውራይ ከምዝኾነ ፣ ከም ሃገር ክንቅፅል፣ ካብ ምብትታን ክንድሕን ዝገብር ከምዝኾነ በቲ ሓዊ ዝተፍእ ብርያም ፅሒፎም፣ ተንቲኖም፣ ተዛሪቦምን። ጉዳይ ምርግጋፅ ቅልጡፍ ልምዓት ንህላዌና ኣገዳሲ ከምዝኾነ ዘቕረብዎ ትንተና "…ናህና ጉዕዞ ልምዓት ካብ ገዚፍ ከረን ዝወርድ መደራጉሕ፣ ናህና እናወሰኸ ካብ ዝሕምበብ ንምድሓን ዝጎዩ ሰብ ዝመሳሰል'ዩ። እዚ ሰብ'ዚ ወሓስ ዝኾኖ፣ ናብኡ ዝወስድ ኣቋራጭ መንገዲ ሒዙ እንተዘይተጓዒዙ ምቕባሩ ኣይተርፍን። ስለዚ ካብቲ ሓደጋ ንም ድሓን ብቕዓት ዘለዎ ቅልጣፈ ወሳኒ'ዩ። ህዝቢ ፣ መንግስትን ውድብናን ከበታትን ካብ ዝኽእል መደራጉሕ ብዝበለፀ ቅልጣፈ ክንጉዓዝ ይግባእ።" ኢሎም ምንባሮም ይዝከር። እዚ ምጥቃስ ዘድለየሉ ምኽንያት 8ይ ዓመት ዕለተ መስዋእቶም ንምዝካር'ዩ። ከምኡ'ውን መስመራት ወያናይ ዴሞክራሲያዊ ስርዓትና ሕዚ'ውን መማረፂ'ዩ።

**ዓወት ን6ይ መረፃ ትግራይ 2012 !**


**ም/ዋና ኣሰናዳኢ- ስብሓት ገ/እግዚኣብሄር**

**ኣሰናዳእትን ኣረምቲ ፅሑፍን**
- ይርጋ ኣብርሃ
- መስፍን ገ/ትንሳኤ
- ኣሸናፊ ዘውዴ

**ኣሰናዳእቲ**
- ግርማይ ተ/ብርሃን
- ተስፋልደት ገ/ማርያም
- ብርሃን ገ/መድህን
- ተሻለ ገ/እግዚኣብሄር

**ዲዛይን፣ ለይኣውትን ግራፊክስን - ስንዳዮ ኣፅብሃ**
**- ፀሃይ ገብረ**

**ክትትልን ምክፍፋልን ውፅኢት ሕትመት - ዕፃይ ሓጎስ**
**ልምዓት ምልክታን ኣድቨርታይዝመንትን - ሃ/ሚካኤል ከበደ**
**ቑፅሪ ሞባይል 0932349104 - 0344-41-90-25**



**477 መቐለ**
**ፋክስ/Fax 40 74 62**


**03 44 40 26 26**
**03 44 40 93 44**


### ሓበሬታ

ክቡራት መንበብቲ፣ ኣብ ዓምድታት፣ ዜናታት፣ ፅሑፋት ወይ ፎቶ ግራፋትን ዘለኩም ርኢቶ ብኣድራሻና Webmail info@tig-gpr.org ወይ Gmail tiggpr1120gmail.com ንክትልእኹልና እናሓበርና ስለእቲ ተሳትፎኹም ኣቕዲምና ነመስግን።


**መቓልሕ ትግራይ**
ሓምለ 1985 ዓ.ም ተጣይሹ
መበል 27 ዓመት ፣ ቁፅሪ 637
15 ነሓሰ 2012 ዓ.ም


መረፃ 2012 ዋሕስ ህላወ ትግራይ እዩ !


ምልክት መረፃ ውናት

**እዚ ዓምዲ ውድብ ናፅነት ትግራይ /ናፅነት/ ጎስጓስ ምረፁኒ ዘካይደሉ ዓምዲ እዩ**

# ኣድላይነት ምስረታ ናፃን ሉእላዊትን ሃገረ ትግራይ

ከም ውድብ ናፅነት ትግራይ (ናፅነት) ቃልሲ ናፅነት ካብ ሓሳብ ናብ ተግባር ተሳጊሩ ምስረታ ሃገረ ትግራይ ጋህዲ ንምግባር ውድብ ቃልሲ ክንፍልም ዘበግሰና ኣውራ ምኽንያት፤ እቲ ተጋሩ ከም ህዝቢ ንኣማኢት ዓመታት እናተቓለስናሉ ዝመፃእናን ሐዚ እውን ዘሎን ውራይ ምርግጋፅ ውሕስና ህላወናን መንነትናን ንምርግጋፅ ጥራሕ ዘይኮነ፤ ብስሩ እውን ልዕሊ ምዕቃብ መንነትናን ምርግጋፅ ህላወናን ዘለዉ ባህግታትና ጋህዲ ንምግባር ኣብ እነሳልጦ መፃኢ ጉዕዞ፤ ኢትዮጵያ ክህልዋ ዝኽእል ግደ ኣሉታውን ዓንቃፍን እዩ ካብ ዝብል ተሪር መርገፂ ተላዒልና እዩ።


እዚ ተሪርን ንፁርን መርገፂናን ምብራህ ከዓ፤ ፈለማን ሕና ተጋሩ ከም ህዝቢ ዘለውና ኣውራኣውራ ባህግታት እንታይን እንታይን ምዃኖም ነፂርና ክነቐምጥ ይግብአና ኢልና ንኣምን፡፡ ሰለዚ ብሓፈሻ ብዛዕባ ባህጊ ሓደ ብሄር ብፍሉይ ድማ ባህጊ ህዝቢ ትግራይ ዝምልከት፤ ካብቲ ንሕና ንኣምነሉ ኩርናዕ ጠመተ ተበጊስና ሓሳብናን ሞጎትናን ከም ዝስዕብ ኣቐሚጥና ኣለና፡፡

ባህጊ ሓደ ህዝቢ ከከም ታሪኹን ብርኪ ሰልጣንኡን ክፈላለ ዝኽእል ባህርያዊ ኮይኑ፤ ካብ ግዘ ናብ ግዘ እውን እናተቐያየረ ክኸይድ ከም ዝኽእል ርዱእ እዩ።ህዝቢ ትግራይ እውን ከም ካልኦት ህዝብታት ባህግታቱ ብግዘ ክለዋወጡ ዝኽእሉ ምዃኖም ርዱእ እዩ። ኮይኑ ግና ብሰንኪ ንመዋእላት ዝኣተናዮ ዕንክሊል፤ ኣብ ዝባና ተዳዕኒኑና ዝፀንሐ ሓደጋ ህላወ፤ ንሕና ተጋሩ ባህግና ኣብ ምርጋጋፅ ህልውና ተሓፂሩ ኣብ ቃልሲ ምውሓስ ህልውና ጅሆ ተታሒዝና ፀኒሕና ኣለና። ሐዚ ውን መሊስና ናብ ቃልሲ ምርግጋፅ ህላወ ኣቲናኣለና፡፡ ሰለዝኾነሎሚ እውንእንተኾነ ቀፂልና ዘርዚርናዮም ዘለና ኣውራኣውራ ባህግታት ህዝቢ ትግራይ፤ምስቲ ቁልፊ ኣጀንዳኡ ማለት ውን ምርግጋፅ ህላወ ዝተተሓሓዙ ግን ድማ ክንዮ ምርግጋፅ ህላወ ዘልኣለማዊ ፍታሕ ዝህቡ እዮም ምባል ይከኣል።

እምበኣር ካብዚ ብምብጋስ ውድብ ናፅነት፤ ተጋሩ ደው ክንብሉሎምን ክንቃለሰሎምን ኣለና ኢሉ ዝኣምነሎም ኣውራኣውራ ባህግታትና እዞም ዝስዕቡ እዮም፡-

1. ኣብ ዓለም መንነትና ተዓቒቡን ውሑስ ህላወ ረኺቡን ከም ተጋሩ ብዘይ ናይ ዝኾነ ሓይሊ ሞግዚትነት ኣብ ዓለም ጎይቶት ነብሶም ኮይና ክነብር ከምኡ ውን ዓለም ብቐጥታ ንሕናነትና ተቐቢላ፤ መንነትና ስልጣነናን ብኣናን ብባዕልና ክት ፈልጦምን ክትፅውዖምን ንደሊ።

2. እዛ ካብ ወለድና ብኽባር ዋጋ ዝተረ ከብናያ ትግራይ ግዝኣታዊ ሓድነታ ንዘልኣለም ተኸቢሩ ክነብር ንደሊ።


ምልክት መረፃ ውናት

3. ናይ ባዕልና ሃገር ወኒንና ሙሉእን ኩሩዕን ኣባል ማሕበር ሃገራት ዓለም ኮይንና ክነጥፍን ኢሉ ውን ካብ እንገበሮ ሰናይ ተሳትፎ ዓለምና ክትርባሕ እጃምና ክንውፊ ንደሊ።

4. እዞም ልዕል ኢሎም ዝተጠቐሱ ባህግታትና ከይተጓደሉ ምስዝረጋገፁ፤ ኣብ ኢትዮጵያ ዝሰኣናዮም ግን ድማ ካብ ምርግጋፅ ናፃን ልኡላዊትን ሃገርና ትግ ራይና ብንረኽቦም ፀጋታት ኣቢልና፤ ከም ህዝቢ ቅል ጡፍ ብዝኾነ ኣገባብ ኣብ ሓፂር እዋን ካብ ድሕረትን ድኽነትን ክንናገፍን ኩለመዳያዊ ምዕባለ ክነረጋግፅን ንደሊ።

5. ፀጋታት ሃገርነት ትግራይና ተጠቒምና፤ እዚ ንነዊሕ መዋእል ርግኣትን ቅሳነትን ሓሪምዎ ኣደዳ ጎንፅን ህውከትን ኮይኑ ዝፀንሐ ዞባና ዞባ ቀርኒ ኣፍሪካ፤ ናትና ፃዕሪ ተሓዊስዎ ሰላም ክረክብን ብኡ ኣቢልና ድማ ነባሪ ራህዋን ቅሳነትን ክነተስተማቕር ንደሊ።

ብወገንና እቶም ልዕል ኢልና ዘቐመጥናዮ ኣውራኣውራ ባህግታት ህዝቢ ትግራይ፤ ኣብታ ሕዚ ዘለናላ ኢትዮጵያ ኮይንና ክንዓሞምን ጋህዲ ክንገብሮን ዶ ንኽእል ኢልና ሓቲትና ዝረኸብናዮ መልሲ - ኣይፋል ዝብል እዩ፡፡ ስለዝኾነ ባህግታት ህዝቢ ትግራይ ንክገሃዱ፤ ምስረታ ሃገረ ትግራይ እንኮ መማረፂ እዩ ኢልና ደምዲምና ኣለና፡፡ እዚ ንምግሃድ ከኣ እዩ ዝተወደበን ዕላምኡ ዝነፀረን ቃልሲ ክነሳልጥ ከምዘለና ኣሚንና፤ ድልየት ኣእላፍ ተጋሩ ዝኾነ ቃልሲ ናፅነት ናብ ተግባር ክልወጥ ቃልስና ኣበጊስናዮ ዘለና።

ሰለምንታይ እያ ኢትዮጵያ ባህግታትና ዘይት ሰከምን ዘይተርውን ንዝብል ሕቶ፤ መልሱ ኢትዮጵያ ካብ ኣፈጣጥርኣ ዝብገስ ተፈጠሮኣዊ ምዝባዕ ወይ ድማ ዘይፍታሕ መሰረታዊ ጸገም ሰለዘለዋ እዩ። ኢትዮጵያ ኣብ ኣፈጣጥርኣ ባዕሉ ኣዚዩ ገዚፍ ዝኾነ ምዝባዕ ዘለዋ ኢምፓየር/ግዝኣተ-ሃፀይ እያ።

ኣብዚ ርእሲ እዚ ብዙሕ ምባል ዝከኣል ዋላ እኳ እንተኾነ፤ እቶም ኣውራ ኣውራ ምዝባዓት እዛ ኢምፓየር ግና ካብ ክልተ ምኽንያታት ዝፍልፍሉ እዮም ኢሉ ይኣምን ውድብ ናፅነት። ንሳቶም ከዓ፤ ካብ ፍልልይን ጎነፅን ባህግን ዕላማን ናይቶም ኣብ ውሽጢ እዛ ግዝኣተ-ሃፀይ ዘለው ህዝቢታት ዝብገስ ምዝባዕ ሓደ ክኸውን ከሎ፤ ኣብ መዳይ ታሪኽን ተረኽን ዘሎ ፍልልይ ዝፈጠሮ ጎነፅ ድማ ብካልኣይ ደረጃ ዝጥቀስ ምዝባዕ እዩ።

ስለዚ እዚ ካብ ኣድማሳዊ ባህርያት ግዝኣተ-ሃፀይ/ኢምፓየር ዝብገስ ምዝባዕ ከዓ፤ ነታ ብናይ ታሪኽ ኣጋጣሚ ከም ሃገር ትፅብፀብ ግን ድማ ናይ ሃገርነት ባእታት ዘይተማልአ ኢትዮጵያ፤ ባህጎምን ዕላማታቶምን ናይ ዘይቃዶ ህዝብታት እኩብ ጥራሕ ኮይና - ብሄራዊ ዕላማን ራእን ዘይብላ፤ ንዘልኣለም ኣብ ዕንክሊል ክትነብር ዘገድዳ እዩ፡፡ ከምዚ ዝበለት ግዝኣተ-ሃፀይ ድማ ይትረፍ ንኸም ናትና ናይ ተጋሩ ዝበለ ህፁፅ ፃምእ ልምዓት፣ ሰላምን ዴሞክራስን ክተረጋግፅ፤ ከም ሃገር እትቕፅለሉ ተኽእሎ ውን የብላን ኢልና ንኣምን፡፡ ምናልባት ዝማህመነ ናይ ምቕፃል ዕድል ኣለዋ ኢልና ኣብ እንተታት እንተኣቲና ውን፤ ዕድላታትን ፀጋታትን ትግራይ ብቐፃልነት እናኸሰርና ንሓዋሩ ንኽፍሎ ዋጋ እናወሰኽና፤ ክሳብ ዕለተ ፍፁም ዕንወት እዛ ግዝኣተ-ሃፀይ ንምፅናሕ ዝውሰድ ሕርያ ሰነፉት ምዃኑ ኣየጠራጥርን።

ብግልባጡ ካብ ዕንክሊል ኢትዮጵያ ወጺና ተጫራቲ ዘይብላ ናጻን ሉእላዊት ነፃ ሃገረ ትግራይ እንተመስሪትና ግን፤ ኣብ ኢትዮጵያ ተኾሊፎም ዘለዉ ባህግታትና ክገሃዱ ዘኽእሉ ዕቑራት ጸጋታት ትግራይን ህዝባን ናብ ፍልፍል ራህዋና፣ ልምዓትናን ዴሞክራሲናን ክንልውጦም ዕድል ንረክብ። እዞም ዕቑራት ግን ድማ ኣብ ምስረታ ሃገርና ትግራይ ጥራሕ ናብ ዘልኣለማዊ ዕድልና ዝቕየሩ ጸጋታት ከኣ ብሓጺሩ ከምዝስዕብ ምቕማጥ ይከኣል፡-

1. ትግራይ ብታሪኽ ይኹን ብመፃኢ ተስፋኣ ናብ ሓድነት እትርዕም ብሄር ብምዃና፤ ፀጋ ብሄረ-ሃገረ መንግስትነት ማለት ውን ብሄራዊ ሓድነትናን ተጫራቲ ዘይብሉ ብሄራዊ ዕላማናን ንዕ ብየትናን ልምዓትናን ቀንዲ ሞቶር ኮይኑ ክለዓዕለና ዕድል ንረክብ።

2. ኣብ ዋንነት ሃገር ዘለና ዘይተፈትሐ ሕቶ ፀንቂቕና ፈቲሕና፤ ካብ ደገ ናብ ናይ ባዕልና ውራይ ተመሊስና፤ ካብቲ ኣብ ኢትዮጵያ ዘሎ ኲናትን ወረ ኹናትን ወፂና፤ ዘላቕነት ዘለዎ ብናይ ትግራይ ውሳነን ብቕዓትን ዝውሰን ሰላም፣ ልምዓትን ዴሞክራሰን ክትቋደስ ይገብራ።

3. ናፅነት እቲ ሕዚ ኣብ ትሕቲ ኢምፓየር ኢትዮጵያ ብምህላውና በሰሪ ስእነት ንፁርነት ብሄራዊ ዕላማ ኢሉ ውን ኢትዮጵያ ንዓና ንምፍራስ ብትገብሮ ተጻብኦ ዘጋጠመና ምልሕላሕ ውዳበን ማሕበራዊ ምትእምማን ናብ ቦትኡ ክምለስ የኽእለና።

4. ናትና ሃገር እንተወኒና፤ ናፃን ሉእላውያን ሃገራዊ ትካላት ኣጣይስና፤ ብዘይ ናይ ኢትዮጵያ ሞጎዚትነትን ደራዕን ኣብ ዓለምለኻዊ ዝምድናታት ብምስታፍ፤ ምስ ንዓና ዝጥዕሙናን ዘገዱሱናን ሃገራትን ትካላትን ርክባት ንግዲ፣ ወፌሪ/ኢንቨስት መንት፣ ሽግግር ቴክኖሎጂ፣ ፋይናንሳዊ ኣሰራርሓን ካልኦት ናይ ወጻኢ ጉዳይ ምሕዝነትን ክንፍፅም ዕደል ይህበና።

**ናፅነት ንብሄራዊ ክብረት!**
**ነብሪ ምረፁ!**
**ናፅነት ኣድምፁ!**

እዚ ዓምዲ ውድብ ሳልሳይ ወያነ ትግራይ / ሳወት/
ጎስጓስ ምረፁኒ ዘካይደሉ ዓምዲ እዩ

ምልክት መረፃ ሳወት

# ወያናይ ዴሞክራሲ፣ ልምዓታዊ መንግስቲ ኣብ ቅድሚት መሰል ዓርሰ ውሳነ ትግራይ ጠጠው ዝበሉ ዕንቅፋታት፥-

## 1. መሰል ዓርሰ-ውሳነን ወያናይ ዴሞክራሲን (Revolutionary democracy)

መሰል ዓርሰ-ውሳነ ማለት ብሄራት ናይ ባዕለን በሄራዊ መንግስቲ ከጣይሻ፣ ቋንቋ መንነትን ኣሰ ፋፍራ ህዝብን መሰረት ዝገበረ ግዝኣት ክዝርግሓ፣ ብቋንቋአን ክመሃራ፣ ክመሓደራን፣ ክዳነያን፣ ቋንቋአን፣ ባህለን፣ ክብርታተንን፣ ስነ-ጥበበንን ከማዕብላን ክዕቅባን፣ መንነታዊ ዘላቕነት ከውሕሳን፣ ከምኡ እውን ብሄራዊ ሓድነተን ከደንፍዓ ዝጎናፀፍኦ መሰል እዩ። ብኻሊእ ወገን እንትርአ፣ መሰል ዓረሰ-ውሳነ ማለት ናይ ህዝቢ ሉኣላዊ ስልጣን መግለፂ እዩ። ህዝቢ ሉኣላዊ ስልጣኑ ዝጥቀመሉ ድማ ብናፃ፣ ፍትሓዊ፣ ዴሞክራስን ተኣማንን መረፃ መመሓደርቱ ብምውካል ወይ ውዕሊ ብምእሳር እዩ።

ናፃ፣ ፍትሓዊ፣ ዴሞክራሲያውን ተኣማንን መረፃ ክሳለጥ እንተኾይኑ ድማ፣ ስርዓት ብዝሃ-ፓርቲ (Multi Party System) ክዝርጋሕን ክምዕብልን ግድን እዩ። ብተወሳኺ ድማ መማረፂ ሓሳብን ተነሓ ናሕቲ ፖለቲካዊ ውድባትን እንተልዮም እዩ ህዝቢ መምዩ ክመርፅን ከውክልን ዝኽእል። ስለዚ ናይ ተናሓናሕቲ ፖለቲካዊ ውድባት መማረፅቲ ሓሳባት ብዘይ ገደብን ብማዕርነተን ክበፅሖ ይግባእ።

ወያናይ ዴሞክራሲ ግና ህዝቢ ብመሰል ዓርሰ-ውሳነ ዝረኸቦ ሉኣላዊ ስልጣኑ ከይጥቀም ገደብ የቐምጠሉ። ወያናይ ዴሞክራሲ ካብ ርእዮታዊ መበቆሉ ዝብገስ ፖለቲካዊ ውድባት ብማዕርነት ዝነሓናሓሉ ፖለቲካዊ ሜዳ ምፍጣር ከይኮነ፣ ኣብ ሓደ ውድብ ዘፅልላሉ ሹደን መሪሕ ውድብ (Vanguard Party) ዝግውደሉ ኹነታት እዩ ዝኣምን። ስለዚ ካብ ወያናይ ዴሞክራሲ ብርእዮተ ዓለም ዝተፈለያን፣ ንወያናይ ዴሞክራሲ ዝነሓናሓን ፖሊቲካዊ ውድባት ብምጥፋእ ህዝቢ መመረፂ ሓሳብ ከይረክብ ይገብር።

መማረፂ ፖለቲካዊ ውድብ እንድሕር ዘየለ ድማ መንግስታዊ ስልጣን ዝዓተረ ፖለቲካዊ ውድብ ንህዝቢ ተሓታቲ ዝኾነሉ፣ ዘኽብረሉ፣ ዝምእዘዘሉ፣ ግልጋሎት ብፅፈት፣ ብቕልጡፍ ዘቕርበሉ ኩነታት ኣይፍጠርን። ብኻሊእ ወገን እንተሪኢናዮ ድማ፣ ወያናይ ዴሞክራሲ ኣማራፂ ሓሳብ ናብ ህዝቢ ከይበፅሕ ብምግዳብ ናይ ህዝቢ ስልጣን ይምንዝዕ ወይ ይእግድ ኣሎ ማለት እዩ።

ኣብ ዴሞክራሲያዊ ሃዋህው ህዝቢ ፍልፍል ስልጣን እዩ። ወያናይ ዴሞክራሲ ግና ህዝቢ መማ ረፂ ሓሳብ ሰሚዑ፣ መምዩ፣ ዘርብሐኒ ዝብሎ ብናፅነት ከይመርፅ ይዓግት ኣሎ። ብዛዕባ ወያናይ ዴሞክራሲ ኣብዙይ ጠጠው ኣቢልና ብታሪኻዊ መበቆሎምን ዕብየቶም ዘይመሳሰሊ ግና ህወሓት ምስ ወያናይ ዴሞክራሲ ኣላጊብዎ ናብ ዘሎ ልም ዓታዊ ዴሞክራሲ ክነምረሕ፡፡



ምልክት መረፃ ሳወት

## 2. ባህርያት ልምዓታዊ መንግስቲ (developmental state)

ልምዓታዊ መንግስቲ ቀንዲ ፀገሙ መጓነይን ንግዕዝና ዝተቓልዐ ናይ ስግግር ቁጠባዊ ስርዓት ምዃን እዩ። ልምዓታዊ መንግስቲ ንዜጋታት ማዕረ ዕድል ዘይህብን ከምኡውን ብማዕርነት ዘየተኣናግድን እዩ። ልምዓታዊ መንግስቲ ንሰብ ሃፍቲ ልምዓታውን ኪራይ ኣካብን ብምባል ኣብ ኽልተ ይመቕሎም።

ነዚ ስርርዕ ምስ ፖለቲካዊ ኣረኣእያ ብምፅግጋዕ እቲ ፖለቲካዊ ሓይሊ ዘሰጉሞም ፖለቲካዊ እምነታትን መንግስታዊ ፖሊሲታትን ዝድግፉ ናይ ስራሕ፣ ዕዳጋ፣ ዕድል ብምሃብ ምስ መንግስቲ ተፀጊዖም ክህፍትሙ ይገብር።

ናይ ፖለቲካዊ ውድብ ፖለቲካዊ እምነትን ፖሊሲታትን ዘይድግፉ ሰብ ሃፍትን ዜጋታትን ድማ ናይ ስራሕ ዕድል፣ ዕዳጋ ከይረኽቡ፣ ሃፍቲ ኣዋፊሮም ከየሰስኑ መንገዲ ይዓፅው።

ስለዚ መን ክህፍትም መን ክደኪ ከምዘለዎ ይውስን ማለት እዩ። ብዚ ምኽንያት ተጋሩ ፅዒሮም፣ ፍልጠቶም፣ ክእለቶምን፣ ሃፍቶምን ኣዋፊሮም ናብርኦም ከይመርሑን ሃፍቲ ከየጥርዩን ይገብር። እዙይ ንግዕዝይና ዝተቓልዐ ልምዓታዊ ዴሞክራሲ ቁጠባዊ ስርዓት፣ ብመንግስቲ ዘውነና ዝነበራ ትካላት እንተተሸየጣ እውን፣ ምስቲ ፖለቲካዊ ሓይሊ ተፀጊዖም ሃፍቲ ዘጥረዩ ልምዓታዊ ዝብሃሉ ፅግዕተኛታት ሰብ ሃፍቲ እዮም ዝዕድግዎም። ብዚ ምኽንያት እቲ ፖለቲካዊ (መንግስታዊ) ስልጣንን ሃፍትን ኣብ ውስናት ሰባት ኢድ ይኣቲ ወይ ከኣ ይብሕትዎ ማለት እዩ።

## 3. መሰል ዓርሰ-ውሳነን ማሕበራዊ ዴሞክራሲን (Social democracy)

ሶሻል (ማሕበራዊ) ዴሞክራሲ ንናይ ወያናይ ዴሞክራስን ልምዓታዊ መንግስትን ኣበራት ብኽልተ ገፅ እዩ ዝእርሞ። ብፖለቲካዊ መፍትሒኡ ናይ ምው ዳብ፣ ምፅሓፍ፣ ምንጋርን ምንቅስቓስን መሰል ብምስፋን ስልጡን ፖለቲካዊ መድረኽን ዴሞክራሲዊ ንሕንሕን ይፈጥር።

ንዜጋታት ድማ ብናፅነት ወኪሎም ዝመርፅሉ ናፃ፣ ዴሞክራሲያዊ፣ ፍትሓውን ተኣማንን ስርዓት መረፃ ብምዝርጋሕን፣ ህዝቢ ናይ ስልጣን ፍልፍል ምዃኑ ብምእማንን ኣብ መረዳእታ ዝተደረኸ ውሳነ ከዕርፍ ምእንታን ተነሓናሕቲ ወይ ኣማራፂ ሓሳባት ናብ ህዝቢ ክበፅሑ ይገብር። ብኡ ኣቢሉ እውን ህዝቢ ሉኣላዊ ስልጣኑ ክጥቀመሉ ዘኽእል ሃዋህው የደንፍዕ ማለት እዩ።


ብወገን ኢኮኖሚ (ቑጠባ) እንትንሪአ እውን ማሕበራዊ ዴሞክራሲ ናፃ ዕዳጋን ግልፂ ረቛሒ ዘለዎ፣ ግልፅነትን ተሓታትነት ዘስፍን ስርዓት ብምዝርጋሕ፣ ዜጋታት ማዕረ ዕድል ዝረኽብሉን ብማዕርነት ዝተ ኣናገድሉን ኣሰራርሓ ይፈጥር።

ዜጋታት ብፖለቲካዊ ኣረኣእይኦም፣ ኣብ ስል ጣን ፖሊሲ ብምድጋፍን ምን ቃፍን ዘይጓነይሉ ወይ ፍሉይ ዕድል ዘይረኽብሉ ስርዓት ይህነፅ። ብማ ሕበራዊ ዴሞክራሲ ዝኣምን መንግስቲ ቐዳምነት ኣብ ዝሃቦም ዘፈራትን ዓውደ ኢኮኖሚን ንዝዋፈሩ ሰብ ሃፍቱ ከተባብዕ ይኽእል። መንግስቲ ቐዳምነት ኣብ ዘይሃቦም ዘፈራት ወይ ዓውደ ኢኮኖምታት ንዝዋፈሩ ሰብ ሃፍቲ ግና መገዲ ኣይዓፅውን።

**ሓዱሽ ውዕሊ፣ ሓዱሽ ምዕራፍ!**

**ሳልሳይ ወያነ ትግራይ!**

## እዚ ዓምዲ ውድብ ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ /ህወሓት/ ጎስጓስ ምረፁኒ ዘካይደሉ ዓምዲ እዩ



ምልክት መረፃ ህወሓት

# መሰል ዓርሰ ውሳነን ዓርሰ ምሕደራን ትግራይ ዝረጋገፀ ብህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ (ህወሓት)እዩ!

**ዝኸበርካ ህዝቢ ትግራይ፣**

መበገሲ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይን ውድብና ህወሓትን ልዕሊ ኹሉን ቅድሚ ኩሉን ፃምእ ሓርነት፣ መሰል ዓርሰ ውሳነን ዓርሰ ምምሕዳርን፣ ፃምእ ወሳንነት ህዝቢን ፍትሕን እዩ ነይሩ፡፡ ህዝቢ ትግራይ ብሰንኪ ኣብ ልዕሊኡ ተፃዒኑዎ ዝነበረ ኣርዑት ብሄራዊ ዕብለላን ወፅዓን ካብ ዕቅን ንላዕሊ ተበሳቢሱ፣ ተናዒቑ ዝነበረ፣ ብዙሕ ናይ መከራ ዘመን ዘሕለፈ ህዝቢ እዩ፡፡ ብትግራዋይነቱ ከይኾርዕ፣ ብመንነቱ ተኣማሚኑ ከይነብር ኣብ ልዕሊኡ እናተፈፀመ ዝነበረ በደል ማእለያ ኣይነበሮን፡፡ ብቛንቛኡ ከይዛረብ፣ ከይመሃር ተኸልኪሉ ዝነበረ ህዝቢ እዩ፣ ባህሉ ከየማዕብል ብባህሉ ኮሪዑ ከይነብር ተኣጊዱ ንኽበርስ ተበይንሉ ዝነበረ ህዝቢ እዩ፡፡

**ዝኸበርካ ህዝቢ ትግራይ፣**

ህዝቢ ትግራይ ካብ መፈለምትኡ ብመሪሕ ውድቡ ህወሓት እናተመርሐ ቃልሲ እንትጀመር እንተሎ ነቲ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ተፃዒኑ ዝነበረ ፍፁም ፀረ ህዝቢ ስርዓትን ብሄራዊ ወፅዓን ንምውጋድ ኢሉ እዩ ተቓሊሱ። ህዝቢ ትግራይ ንመሰሉ፣ ንመንነቱን ንመሰል ዓርሰ ውሳንኡን ክኽበር ኢሉ እዩ ተቓሊሱ። ህዝቢ ትግራይ ብረት ኣልዒሉ ዝተቓለሰ ባህጊ ኩናት ሃልይዎ እንተይኮነስ ነዚ ቅኑዕ ዕላማ ኣብ ግብሪ ንምውዓል ካሊእ መማረፂ ስለዝተስኣነ እዩ።

ነቲ ዝተሓላለኸን ዓቐብ፣ ቁልቁል ዝበዝሖ ቃልሲ ኣብ ሃገርና ዝነበረ ዘይተመጣጠነ ቃልሲ መብረ ከይሓተተ ነቲ ከቢድ ሸኸም ሓላፍነት ወሲዱ ንምግማቱ ዘፅግም ከቢድ መስዋእቲ ከፊሉ እዩ። ንዝሓለፉ 27 ዓመታት ኣብ ሃገርና ብዝተፈጠረ ሓዱሽ ምዕራፍ ናይ ድኽነትን ጥምየትን ተምሳሌት ዝነበረት ሃገር ብዝሓዝናዮ ህዝባዊ ቅኑዕ መስመርን ብናይ ህዝብና ዘይተሓለለ ፃዕርን ቃልስን ካብ ናይ ምብትታንን ምንቁልቋልን ሓደጋ ወፂኣ ከም ሃገር ናብ ሓዱሽ ምዕራፍ ክትሰጋገርን ምስሊ ሃገርና ብመሰረቱ ክቕየር ክኢሉ እዩ።

ነቲ ዝጀመርናዮ ለውጥን ምዕባለን ህያው ብምግባር ሓያልነት ልምዓታውን ዲሞክራስያውን መስመርናን ኣብ ፅላል እዚ መስመር ዓሲሉ ተኣምር ዝሰርሐ ፅኑዕ ተቓላሳይ ህዝብናን ሒዝና ዳግም ዘሕብን ናይ ቃልሲ ምዕራፍ ንምስራሕ ኣብ መንገዲ ብሩህ ጉዕዞ ኮይና 27 ዓመታት ተጓዒዝና ኢና። ህዝቢ ትግራይ ንሂወቱ እንከይሰሰዐ መስዋእቲ ዓሰርተታት ኣሽሓት ብምኽፋል ነቲ ከቢድ ፃውራ ተሸኪምዎ ሓሊፉ። ብጥምየት፣ ብመከራ፣ ብግፍዒ ከይተሰኮነ ሰብ ክፃወሮ ይኽእል እዩ ተባሂሉ ካብ ዝግመት ሽግርን መከራን ንላዕሊ ተፃዊሩ ብፅንዓት ተቓሊሱ ናብ ዓወት በፂሑ እዩ። “እንኳዕ ብሌን ዓይነይ ዝኾነት ውድበይ ረኸብኩ፣ ብመንገዲ ቅንዕቲ ውድበይ እናተመራሕኹ ኩሎም ረብሓታተይ ከማልእ እየ” ኢሉ ምስ ውድቡ ኮይኑ ተቓሊሱ ተዓዊቱ፡፡

ህወሓት ውግንንኡ፣ ኣሰላልፈኡን እምነቱን ምስቲ ሓፋሽ ህዝቢ እዩ፡፡ ውድብና ምስ ሓፋሽ ህዝቢ እንትውግን፣ ወሰናይነት ሓፋሽ ብፅንዓት እንትቕበል ብኣጋጣሚ ዝመፀ፣ ወይከዓ ፖሊሲታቱን ዕላማታቱን ብኣጋጣሚ ነቲ ሓፋሽ ህዝቢ ዝጠቅም ስለዝኾነ ኣይኮነን፡፡ ውድብና ነዚ እንትገብር ካብ መፈለምትኡ ፈሊጡዎን ኣሚንሉን እዩ፡፡ ፖሊሲታቱ እንተውፅእ፣ ንፁር ዕላማ እንትቐርፅ ቅድሚ ኩሉ መበገሲኡን ሸኻሉን ዝገብሮ ህዝቢ እዩ፡፡ምርግጋፅ መሰል ዓርሰ ውሳነን ዓርሰ ምምሕዳርን ህዝብታት ክሳብ ምግንፃል መሰሎም ብዘይገደብ ክረጋገፀሎም ኣለዎ ዝብል ቁልፊ መለለይ ፖለቲካዊ እምነት ህወሓት እዩ፡፡ ሕቶ ብሄር፣ ሕቶ መሰል ዓርሰ ውሳነ ህዝብታት፣ ብሓፂሩ ወሳንነት ህዝቢ ውድብና ህወሓት ንዋጋ ዕዳጋ ኣሕሊፉ ዘይህብ፣ ዘይደረዳረሉን መሰረታዊ መለለዪ እምነቱ እዩ፡፡ ንመሰል ዓርሰ ውሳነ ህዝብታት ኢሉ ተቓሊሱ፣ ማእለያ ዘይብሉ መስዋእቲ ከፊሉ ዝተዓወተ ውድብ እዩ፡፡ ብተግባር ህዝብታት መሰል ዓርሰ ውሳነኦም ክሳብ ምንፃል መሰሎም ብዘይገደብ ክኽበረሎምን ውሕስና ክረኽቡን ዘረጋግፅ ዓንቀፅ 39 ውሑስ ዝገበረ ውድብ እዩ። ከምዚ ዝበለ ቅዋም ሒዙ ተቓሊሱ ኣብ ሕገ መንግስቲ ኣስፊሩ ዘተግበረ ሓይሊ ኣብ ዝኾነ ይኹን ኩርናዕ እዛ ዓለም የለን፡፡

ውድብና ህወሓት “ወሳኒ ህዝቢ እዩ፣ ታሪኽ ዝሰርሕ እውን ህዝቢ እዩ” ኢሉ ብፅንዓት ዝኣምን ‘ዩ። ናይ መጀመርታን መወዳእታን እምነት ውድብና ድማ ህዝቢ ትግራይ ‘ዩ። ካብዚ ወፃእ ንውድብና ኣያን ጎይታን ክኾኖ ዝኽእል ካሊእ ምድራዊ ሓይሊ የለን፡፡ ክነብር እውን ኣይኽእልን፡፡

ነዚ መሰረታዊ እምነትና ተፃሪሮም ደው ዝበሉ ህዝብታት የለውን፡፡ ክነብሩ እውን ኣይኽእሉን፡፡ ብኣንፃሩ እምነት ፀላእትና ድማ መሰል ዓርሰ ውሳነን ዓርሰ ምሕደራን ህዝብታት ተፃሪሮም ደው ይብሉ፣ ብመሰረቱ ድሌት ህዝቢታትን ድሌት ፀላእትን ክዕረቕ እውን ኣይኽእልን፡፡ ብተግባር ንሪኦ ዘለና ሓቂ እውን ንሱ እዩ፡፡ ስለዚ ንሕናን ካሎኦት ሓይልታትን ዝፈልየና መሰረታዊ ነገር ኣብ ህዝቢ ዘለና ውግንናን እምነትናን እዩ፡፡

**ዝኸበርካ ህዝቢ ትግራይ፣**

መሰል ዓርሰ ውሳነኻን ዓርሰ ምምሕዳርካን ብቃልስኻ ናይ ምርግጋፅ ሕቶ ኣብ ህልውናኻ ክሳብ ክንደይናይ ወሳኒ ምዃኑ ህዝቢ ትግራይ ባዕልኻ ብተግባር እትቃለሰሉ ዘለኻ ኽቡር ዕላማ እዩ፡፡ ነዚ ከምዚ ዝበለ ክቡር ዕላማኻ ተሓንጊጡ ዝመርሕ ዘሎን ክመርሕ ዝኽእልን ውድብካ ህወሓት ምዃኑ እውን ልዕሌኻ ዝፈልጥ የለን፡፡ ቅድሚ ሐዚ ንምርግጋፅ መሰልካን ረብሓኻን ዘካየድካዮ ፍትሓዊ ቃልስን ዝኸፈልካዮ ዋጋን ትፈልጦ እውን ባዕልኻ ኢኻ፡፡

ህዝቢ ትግራይ ዓርሱ ብዓርሱ ክመሓደር፣ ኣብ ማዕርነታዊ ሓድነት ዝተመስረተ ስርዓት ክሃንፅ እዚ ኣብ ዘይኾነሉ እዋን ድማ ክሳብ ናይ ባዕሉ ዕድል ባዕሉ ክውስን ብፅንዓት ዝተቓለሰን ዝቃለስን ዘሎ ህዝቢ ‘ዩ። እዚ ዝለዓለ ጫፍ ናይቲ መሰል ዓርሰ ውሳነ ኣብ ሕገ-መንግስቲ ሰፊሩ ናይ ባዕልና ክልል መስሪትና ናይ ባዕልና ክልላዊ መረፃ ነካይድ ኣለና፡፡ እዚ ባዕሉ ውፅኢት ቃልሲ ህዝቢ ትግራይን ውድቡ ህወሓትን እዩ፡፡ሐዚ እውን መሰልና እነረጋግፅ ብመሪሕ ውድብና እዩ፡፡ ንመሰል ዓርሰ ውሳነ ህዝቢ ትግራይ ካብ ህወሓት ንላዕሊ ኮይኑ ክጣበቕ ወይከዓ ክዛረብ ዝኽእል ሓይሊ ፈፂሙ የለን፡፡ ንቕድሚት እውን ኣይህሉን።

**ዝኸበርካ ህዝቢ ትግራይ፣**

ቀንዲ ልኡኽ እዚ ንኡስ መድረኽ ካብ ዝኾነ ኩርናዕ ዝመፅእ ተፃብኦ ብዘተኣማምን ደረጃ ንምምካትን መሰል ዓርሰ ውሳነን ዓርሰ ምሕደራና ትግራይ ናብ ዘተኣማምን ደረጃ ክበፅሕ ምግባር እዩ፡፡ ሓይልታት ኣሃዳውያንን ውልቀ መለኽትን ህዝቢ ትግራይ መራሒ ስኢኑ ክብተን፣ ንኣሃዳውያን ሰጥ ለበጥ ኢሉ ክግዛእ፣ ብሳላ ቃልሱን መስዋእቱን ዝረኸቦ ዓወትን ረብሓን ናብ ጭቃ ክለውሱ ለይትን ቀትርን ይሰርሑ ኣለው፡፡ ነዚ ከምዚ ዝበለ ግብረ እከይ ተግባር ከፍፅሙሎም ዝኽእሉ ዕሱባትን ባንዳታትን መልሚሎም ሁውከትን ዕግርግርን ክፈጥሩ ይፅዕሩ ኣለዉ፡፡ ኣብዚ ከምዚ ዝበለ መድረኽ ኮይና እነካይዶ ዘለና መረፃ ናይ ህልውና መረፃ እዩ። ንፀገማት ምፍታሕ፣ ምስጋርን ብፀገማት ሓድሽ ጥንካረ ሒዙ ናይ ምውፃእ ፅንዓትን ተመኩሮን ዘለዎ ውድብናን ህዝብናን ሒዝና ዘይንሰግሮ ሩባ የለን፤ ፍፁም ኣይንብርከኽን ኢልና ንዳግም ዓወት፣ ንዳግም ታሪኽ፣ ንምውሓስን ምብራኽን መሰል ዓርሰ ውሳነ ህዝቢ ትግራይ “ውፈር ተበገስ”!! ኢልና ንላዓል። እዚ ምግባር ዝካኣል ድማ ብመንገዲ ህወሓት ጥራሕ ምኳኑ ተረዲእኻ ንህወሓት ምረፅ/ምረፂ። ናይ መጀመርታን መወዳእታን ተልእኾና ሕድሪ ሰማእታት ምፍፃም እዩ፡፡ ዓወት ንህዝቢ ትግራይ፣ ዓወት ንህወሓት፣ ዓወት ንክልላዊ መረፃና፡፡

መስመርና ኣፅኒዕና ንመኸተ!

ንሓርነት ኢና ተሰዊእና፡ ብሓርነትና ኣይንዋገን!
ሕድሪ ስውኣትና ኣይነዕብርን!
ህወሓት ይምረፁ/ፃ

ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ (ህወሓት)
ነሓሰ 2012 ዓ/ም



ምልክት መረፃ ህወሓት

# እዚ ዓምዲ ውድብ ብሄራዊ ባይቶ ዓባይ ትግራይ /ባይቶና/ ጎስጓስ ምረፁኒ ዘካይደሉ ዓምዲ እዩ


ምልክት መረፃ ባይቶና

# ሓፈሻዊ ቅዋማትን እምነታትን ባይቶና!


ምልክት መረፃ ባይቶና

ሓደ ማሕበረሰብ፥ ካብቶም ዝዓበዩ መግለፂ መንነት ደቂሰባት ሓደ ብዝኾነ “ብሄራዊ መንነት” ተወዲቡ፣ መሰል ዓርሰ ውሳነን ምሕደራን ኣረ ጋጊፁ፣ ኣብ ዓርሰ ምርኮሳ መሰረት ዝገበረ ማሕበረ-ኢኮኖምያዊ ንጥፈታት እናካየደን፣ ግደ መንግስቲ ንማሕበረሰባዊ ለውጢ ግልፂ ብዝኾነ ሕጋዊ መስርሕ ሓንፂፁን ኣቐሚጡን እንትጓዓዝ፤ ኩለ መዳያዊ ዘላቒን ሰጓማይን ለውጢ ናይ ምፍጣር ተኽእሎኡ ክብ ዝበለ ከምዝኾነ ኣብ ታሪኽ ደቂ ሰባት ዝተመዝገቡ ነጥቢ መቐይሮ ስልጣነታትን ምዕባለታትን ህያው ኮይኖም ይምስክሩ።

ደቂሰባት፥ “ርትዓዊ ረብሓ መዝመዝቲ ፍጡራት እዮም” ካብ ዝብል ጠመተ ጀሚሩ ክሳብ ቁስ ኣካላዊ ረብሓ ዝናድዩ ፍጡራት እዮም ዝብል፤ ደቂ-ሰባት ውልቃዊ ፍጡራት እዮም ካብ ዝብል ጠመተ ጀሚሩ ክሳብ ማሕበራዊ ፍጡራት እዮም ዝብልን ተፎጥራዊ ባህሪ ደቂ-ሰባት መሰረት ዝገበረ ንድፈ-ሓሳባዊ መነፅር ኣብ ዘመናዊ መዋእል ዓለምና ገዛእቲ ኣተሓሳስባታት ኮይኖምንኣስታት 300 ዓመታት ፀኒሖም እዮም።

እዞም ክልተ ፅንፊ ዝሓዙ ቀኖናዊ ኣተሓሳስ ባታት ናብ ፖለቲካዊን ኢኮኖምያዊን ፍልስፍናታት ዓብዮም በቢሸነኾም ሰጓማይ ሕብረተሰባዊ ለውጢ ኣምፂኦም እዮም። ኮይኑ ግና፥ ንተፈጥሮኣዊ ባህሪ ደቂሰባት ብውልቀ ይኹን ከም ማሕበረሰብ ብም ልኣት ዝገልፁ ኣተሓሳስባታት እዮም ኢልካ ምውሳድ ኣይከኣልን። ስለዝኾነ ድማ፥ በዞም ፍልስፍናታት ዝተሃነፁ ስርዓታት በቢገፆም ዝፈጠርዎ ለውጢን ምስኡ ተተሓሒዙ ዝተፈጠሩ ሓደሽቲ ምዕባለታት ሕብረተሰብን ኣብ ግምት ብምእታው፣ ኣብ መንጎ እዞም ፅንፊ ዝሓዙ ኣተሓሳስባታት ዕርቂ ንምፍጣርን ዝጎድሎም ንምምላእን ዝኣመቱ ኣተሓሳስባታት እናማዕበሉ መፂኦም እዮም።

ኮይኑግና፥ ጉድለት ንምምላእን የማንን ፀጋምን ንዝረገፁ ኣተሓሳስባታት ንምትዕራቕን ዝተ ፈተኑ ንድፈሓሳባዊ ፈተነታት መሰረታዊ ለውጢ ኣምፂኦም እዮም ንምባል ኣፀጋሚ እዩ። ዕዉት ዘይኮንሉ ቀንዲ ምኽንያት ድማ፥ ውልቃዊነት፣ ማሕበራዊነት፣ ቁሳዊነት ኮነ ረብሓ መዝማዛይነት ባህልን ክብርታትን ሓደ ሕብረተሰብ ዝፈጠርዎምን ዝቓንይዎምን ተፎጥራዊ ባህሪ ደቂ-ሰባት ብም ኺኖም እዩ።

ደቂ-ሰባት ነዞም ባህሪታት ዝወርስዎምን ዝላበስዎምን ተፎጥራዊ ባህሪ ጥራሕ ስለዝኾኑ ዘይኮነስ፥ ዝቦቐልሉ ማሕበረሰብ ዘፅ ነሓሎምን ዘሕድረሎምን ኩለንተናዊ ፅልዋ፣ ንግ ብራዊ ባህሪ ደቂ-ሰባት ካብ ዘለዎ ናይ ምቕራፅን ምቁፅፃርን ልዑል ተኽእሎን እውን እዩ።

ደቂሰባት፥ ብውልቀን ከም ማሕበረሰብን ቀንዲ መግለፂኦም ዝኸውን ባህሊ ፈጢሮምን ክብርታት ሃኒፆምን መንነት ዝቐርፁ ፍጡራት እዮም። ባህልን ክብርን ሕመረት መግለፂ መንነት ደቂ ሰባት እዮም። ስለዝኾነ ድማ ዕዉት፣ ስሉጥ፣ መሰረታዊን፣ ገስጋሳይን ለውጢ ማሕበረሰብ ንም ፍጣር ኣብቶም ቀንዲ መግለፂ መንነት ደቂ-ሰብ ዝኾኑ ባህሊን ክብርን ሰረት ዝገበረ ፖለቲካዊ፣ ኢኮኖሚያዊን ማሕበራዊን ስራሕቲ ምትግባር የድሊ። ኣብ ባህልን ክብርን ሓደ ማሕበረሰብ ውሽጢ ዝነበሩን ዘለዉን ብሉፃት መቦቀላዊ ስነሓሳባት (Progressive Indigenous Thoughts) ብምምዝማዝን ብምድን ፋዕን፣ ከምኡ እውን፣ ዘለዉ ጎተትቲ ናይ ድሕረት ስነ-ሓሳባት ንምእራም ዝተዋደደ ቃልሲ ብምክያድ ሓደ ማህበረሰብ ካብ ዘለዎ ብርኪ ናብ ዝሓሸ ምዕቡል ብርኪ ክብ ንክብል ይኽእል።

ሕብረተሰባት ኣብ ባህሎምን ክብርታቶምን መሰረት ጌሮም ገስጋሳይን ስሉጥን ማሕበረሰባዊ ለውጢ ንምቅፅፃል መንነቶም ማእኸል ጌሮም እን ትውደቡ ዝበለፀ ዓወት የመዝግቡ። እቲ ዝዓበየ ንኹሎም መንነታት ዝጠምር ሓቑፋይ መንነት ድማ ብሄር (Nation) እዩ።

ደቂሰባት ቅድም ኢሎም ናይ ባዕሎም መለለዪ ባህሊን ክብርታትን ብዘለዎም ብሄራት ዝተኣኻኸቡ እንተነበረኳ፣ ክሳብ መበል 17 ክ/ዘበን ብሄራዊ ውዳበ ናብ ፖለቲካዊ ውዳበ ኣይዓበየን ኔሩ። ይኹን እምበር፥ ድሕሪ ምዕባለታት ኢንዱስትርያዊ ወያነ ኤውሮጳን ውዕሊ ዌስትፋልያን ብሄራዊ ፖለቲካዊ ውዳበታት ምስ ምፍጣሮም ተተሓሒዙ ኣብ ዓለምና ስሉጥን ጭቡጡን ማሕበረሰባዊ ስግግር ተርእዩ።

ብሄራትን ዘመናት ዘኻዕበትዎ ባህሊን ክብሪታትን መሰረት ጌሮምን፥ ነዚ ንምምዕባል፣ ንምዕቃብን፣ ንም ስፍሕፋሕን ካብ ዘለዎም ድሌትን ባህግን ብዝብገስ ዝተፈጠረኒ ሕንፍናንን ሰኒቖምን ደቂሰባት ረብሓ ዝው ዕሉ ሓደሽቲ ምህዞታትን ክፍጠሩ ዘኽእል ስርዓታት ሃኒፆም። ዝፈጠርዎም ምህዞታት ድማ፣ ባህሎምን ኽብሮምን ንከማዕበሉን ኣብ ዘየቋርፅ ሰጓማይ ማሕበረሰባዊ ለውጢ ንክኣቱ ሓጊዞምዎም።

ኣብቲ በፂሕናዮ ዘለና መዋእል፥ ዓለም ናብ ወሳናይ መልክዑ ብሄራዊ መንነት መሰረት ጌራ ዝተወደበት እያ። ኣብ ድሉዱል ብሄራዊ ባህሊን ክብሪን ሰረት ዝገበራ ሃገራት ድማ፣ ፖለቲካዊ መስርሕ ዓለምና (International Political Order) ብፀብለልታ እናመረሐኦ ይርከባ። ዳርጋ ኩለን ጎብለላት ዓለማና፣ ባህለንን ክብርታተንን ኣብ ምስፍሕፋሕ ዓሊመን ይንቀሳቐሳ። ብኣንፃሩ፥ መብዛሕትኦን ብህብረ-ብሄ ራዊ ውዳበ ዝተመስረታ ሃገራት፣ ጉዕዞ ስልጣነ ዓቕብ ኮይኑወን ይርከብ።

እዚ ዘርእየና ብሄራት መሰሎምን ዕድሎምን ባዕሎምን ባዕሎምን ክውሰኑን፣ ንነብሶም ክውንኑን ክሳብ ዝኸኣሉ፣ ንቐድሚት ካብ ምሱጓም ዝዓግቶም ሓይሊ ከምዘየለ እዩ።

ህዝብታት ወነንቲ ነብሶም ኮይኖም ኣብ ዓርሰ- ሙርኮሳ ዝተመስርተ ማሕበረ-ኢኮኖምያዊ ንጥፈትታት እንትውፍሩ ብዝበለፀ ውሑስ ዝኾነ ኢኮኖምያዊ ልምዓት ብምርግጋፅ ህልውነኦም የረ ጋግፁ። ብዓርሰ ሙርከሳዊ ንጥፈት ዘጥረይዎ ሃፍቲ ተባፃሕይን ፍትሓዊ ብዝኾነ መንገዲ ክከፋፈልዎ ብምግባርን ተረባሕነቶም ምርግጋፅ ማሕበረሰባዊ ቅሳነት ንምፍጣር ወሳናይ ግደ ኣለዎ።

ኩሎም ብሄራት ማዕረ እዮም። ልዑሉን ትሑትን ብሄር ክህሉ ኣይክእልን። ኩሎም ብወልቀሰባትን ብማሕበረሰብን ዝግለፁ መንነታት ማዕረ እዮም። ኣብ ኩሎም ብሄራት መንነት ዝቐረፀሎም ክብርታት ኣለዉ። ክብርታት ድማ ልዕልን ትሑትን የብሎምን። ኣብ ሓደ ማሕበረሰብ ዝረኣዩ ዘይምዕሩይ ልምድታት ግን ማሕበረሰባዊ ንቕሓት እናዓበየ እንትኸድ እቲ ማሕበረሰብ ባዕሉ ነቒሱ እናውፅኦ ኣብ ከይዲ ዘማዓራርዮም ህፀፃት እዮም።

ኩሎም ንዓቕመ ሕጊ ዝበቕዑ ኣባላት ሓደ ማሕበረሰብ ኣብ ቅድሚ ሕጊ ማዕረ እዮም። ኩሎም ንዓቕመ ሕጊ ዝበቕዑ ኣባላት ሓደ ማሕበረሰብ ኣብ ቅድሚ ሕጊ ማዕረ እዮም። ፍትሒን ማዕርነትን ዝሰ ፈነሉ ሓደ ማሕበረሰብ፥ ውሽጣዊ ሓድነቱ ብም ድልዳል ንልምዓትን ማሕበረሰባዊ ለውጢን ወሳናይ ዝኾነ ውሽጣዊ ሰላምን ርግኣትን ምርግጋፅ ይኽእል። ሰላምን ርግኣቱን ዘረጋገፀ ማሕበረሰብ ውህሉል ፍልጠትን ጥበብን ዘቤታዊን ዓለምለኻዊን ዓቕ ምታት መዝሚዙ ንቕድሚት ይስጉም።

ፍትሕን ማዕርነትን ንክረጋገፅ መሰል ዓርሰ ምሕደራ ማሕበረሰባት ሙሉእ ብሙሉእ ክረጋገፅ ኣለዎ። ማሕበረሰባት ክሳብ እቲ ቁቡልነት ዘለዎ ዝተሓተ ማሕበረሰባዊ ውዳበ ብዝወርድ መስርሕ ባዕሎም ንባዕሎም ናይ ምምሕዳር መሰሎም ክሕ ለወሎም ይግባእ። ብዝተሓተ ከባብያዊ ባይቶ ኣቢሉ ዝጣየሽ ምሕደራን መንግስቲን ኩሉ ኣካል እቲ ማሕበረሰብ ኣብ ትልሚ፣ ውሳነ ወሃባይነት፣ ምሕንፃፅ ፖሊሲን ምፍፃም ዕማማትን ብንጥፈት ንክሳተፍ ስለዘኽእሎ ቁቡልነት ማሕበርስባዊ ፕሮግራማት የዕቢ። መሰል ዓርሰ ምሕደራ ዘረጋገፀ ማሕበረሰብ ንዝሳለጡ ማሕበረሰባዊ ግልጋሎታት ደጋፋይን ሃናፃይን ግደ ይፃወት።

ማሕበረሰባዊ ቁቡልነትን ምርድዳእን ዘለዎም ማሕበረ-ኢኮኖምያዊ ፖሊስታት፣ ኩሉ ወናኒ መፃኢ ዕድሉ ንኽከዉን ስለዘኽእል ብምልኣትን ብዝለዓለ ኣፈፃፅማን ንኽትግበሩ ይገብር። ብተወሳኺ ውን፣ ማሕበረሰባዊ ቁቡልነትን ምርድዳእን ዘለዎም ንጥፈታት ኣብ መንጎ መንግስቲን ዜጋታትን ርት ዓዊን ምኽንያታዊን መስርሕ ስለዝፈጥሩ ኣብ መን ጎኦም ቀፃላይ ዝኾነ ውጥጥ ንከይፍጠር ይሕግዝ።

ምልኣተ ህዝቢ ዘሳትፍን ሓቛፋይን ባይቶኣዊ ምሕደራ ልኡላዊነት ህዝቢ ብምርግጋፅ እቲ ማሕ በረሰብ ወሳኒን ባዓል ቤትን ፖለቲካዊ ስልጣን ይገብር። ብተወሳኺ ውን፥ ፖለቲካዊ ስልጣን ትርጉም ብዘለዎ ተሳትፎን ሕርያ (ድሌት) ማሕ በረሰብን መሰረት ጌሩ ንክረጋገፅ የኽእል። ነፃነትን መሰልን ዜጋታት ብሕጊ ንክውሰንን ልዕልነት ሕጊ ንኽረጋገፅን ይሕግዝ። ንኹሉ ውልቀ ሰብ እቲ ማሕበረሰብ ዝገዝእን ብሞንጎኝነት ዝርኢን ሕጊን ክሕንፀፅ ዘኽእል መስርሕ ስለዝፈጥር ነፃነትን መሰልን ዜጋታት ብሽውሃት ውልቀሰባት ክውሰነሉ ዝኽእል ዕድላት ይዓፁ።

ውድብ ብሄራዊ ባይቶ ዓባይ ትግራይ (ባይቶና) ኣብ ልሙዕ ቅያን ታሪኽን ህዝቢ ትግራይ ዝበቖለ ውድብ እዩ፡፡ ቃልስና ብዋናነት ባህሊ፣ ክብሪን ማሕበረ ፖለቲካዊ ለውጢን መሰረት ዝገበረ (Cultural, Political and Economic Struggle) እዩ፡፡ ታሪኽና፣ ባህልና፣ መንነትና፣ ክብርታትናን ሉኣላውነትናን ኣብ ምፅናዕን ምውሓስን የድህብ፡፡ ፖለቲካዊ ንጥፈታትና ካብ ፀለመን ደም ምፍሳስን ዝራሓቐ፣ ተሓታትነት ዘለዎ፣ ግልፅነት ዝሰፍኖን ነዊሕ ርእይ ዝወነነ ንክኸውን ኣድላይ ዘበለ መስ ዋእቲ ክንከፍለሉ ኢና፡፡

# እዚ ዓምዲ ውድብ ዓሲምባ ዴሞክራሲያዊ ፓርቲ /ዓዴፓ/ ጎስጓስ ምረፁኒ ዘካይደሉ ዓምዲ እዩ



ምልክት መረፃ ዓዴፓ

# ዓዴፓ ዝተመስረተሉም ዕላማታት፡-

**መእተዊ**፡- ዓሲምባ ዴሞክራሲያዊ ፓርቲ ክልላዊ ፓርቲ ኾይኑ ካብ ዝተመስረተሉም ዕላማታት እቶም ቀንዲ ንምጥቃስ ህዝቢ ትግራይ ብገዛእቲ ደርብታት ዝበፅሖ ዝነበረ ዓፈና መሪርዎ ናይ 17 ዓመት ብረታዊ ቓልሲ ኣካይዱ ፍረቓልሲ ንምርኣይ ዝተሰርሑ ፅቡቓት ስራሕቲ ዋላ እንተሃለዉ እቲ ዝመፀ ለውጢ ክንዲቲ ዝድለ ዘይምኳን፣ ናይ ህዝቢ ድምፂ ዘይምስማዕ፣ ፍትሓዊን ኣሳታፊን ዴሞክራሲያዊ ለውጢ ዘይምኳኑ እቲ ቀንዲ መበገሲ ሰለማዊ ቃልሲ ኾይኑ፡-

ህዝቢ ዘልዕሎም ናይ ሰናይ ይምምሕዳር፣ ፍትሒ፣ መሰረተልምዓት፣ ዲሞክራሲን መሰል ዓርሰ ምሕደራን ሕቶታት ፍትሓዊን እዋናዊን ካብ ኣድልዎ ነፃ ብዝኾነ እኹል ምላሽ ዘይምርካብ ሎሚ ፅባሕ ክፍታሕ እዩ ዝብል ዝነበረ ተስፋ ካብ እዋን ናብ እዋን እናገደደ ብምምፃኡ እቲ ቀንዲ ፀገም ህዝብ ትግራይ ኾይኑ ፀኒሑ ኢዩ።

ንኣብነት፡- ብ1990 ዓ/ም ሻዕብያ ከምዝወረረና ይፍለጥ። እቲ ወራር ኣቐዲምካ እኹል ምድላው ዝተገብረሉ ብዘይምንባሩ ኣብ ህዝቢ ትግራይ ከቢድ መስዋእትነት ናይ ንብረት ዕንወት ናይ ስነ-ልቦና በሰላን ዘስዓበ ኾይኑ ብፍላይ ህዝቢ ኢሮብ ከም ህዝቢ ናይ ምቕፃል መሰል ኣብ ሕቶ ምልኽት ዘእተወ ከም ክልልን ሃገርን ዓብይ ክሳራ ዘስዓበ ወራር ነይሩ።

ካብቶም በሰላታት ኵናት ኢትዮ-ኤርትራ ገሊኦም ንምጥቃስ፡- ኣብቲ ኹናት ብርክት ዝበሉ መናእሰይ ሃገርና መስዋእቲ ከፊሎም እናለዉ ን20 ዓመት ሰላም ዘይምህላው፤ካብ ወረዳ ኢሮብ 97 ሰባት፣ ካብ ወረዳ ጉለ መካዳ 25፣ካብ ሽራሮን ከባቢኣን 150 ካብ ክልል ዓፋር 10 ሰባት ብድምር 282 ሰባት ብሻዕብያ ተዓፊኖም ተወሲዶም ን20 ዓመት ሃለዋቶም ኣበይ ከምዘለዉ ኣይፍለጥን። ሃለዋት ዜጋታት ዝሓትት መንግስቲ ከምዘየለ እኹል መርኣያ እዩ። ኣይኵናት ኣይሰላም ከባቢ ኢሮብ፣ ዛላምበሳ፣ እገላ፣ ባድመን ካልኦት ከባቢታትን ትግራይ ናይ ስግኣት ቀጠና ብምኳኑ ን20 ዓመት ብወታደር ተሓልዩ። በዚ ምኽንያት፡- ኣብ ልዕሊ ደቂኣንስትዮ ናይ ኣካልን ስነ-ልቦናን ፀገማት በፂሑም። ዝዓነወ ንብረትን ዝበረሰ ኣግራብን ክሳብ ሀዚ ኣይተተከአን። መናእሰይስ ስራሕ ስእኖም ፎቆዶ ስደት ከርተት እናበሉ ይርከቡ። ፅሬት ትምህርቲን ተመሃሮ ዝምዝግቡዎ ውፅኢት ኣዝዩ ትሑት ኾይኑ፤ እዚ ኩሉ መስዋእትነት ዝተከፈሎ መሬት ኢሮብ፣ ባድመን ዛላንበሳን ንኤርትራ ንኽወሃብ ብኢህኣደግ ንህወሓት ንናይ ኣልጀርስ ውሳነ ሙሉእ ብሙሉእ ተቐቢልናዮ ኣለና ብምባል ተወሲኑ።

ናይ ኣልጀርስ ውሳነ መስዋእትነት ዝኸፈልናሉ መሬት ናብ ኤርትራ ዝኸለለ ብምኳኑ ኣይንቅበሎን ብምባል ህዝቢ ትግራይ ብተደጋጋሚ ብሰላማዊ ሰልፍ ተቓዉሞኡ ገሊፁ እዩ። እቲ ውሳነ ብፍላይ ንህዝብ ኢሮብ ኣብ ኽልተ ዝመቅል ውሳነ ብምኳኑ ህዝቢ ኢሮብ ኣብ ውሽጢ ዓዲ ዘሎ ይኹን ኣብ ወፃኢ ዓዲ ዘሎ ብሓደ ድምፂ ኣብ ዝተፈላለዩ እዋናት ተቓውሞኡ ብሰለማዊ ሰልፊ ገሊፁ እዩ። እዚ ከምዚ እናሃለወ ኣብ ወርሒ ማያዚያ 2011 ዓ/ም ቱሪዝም ካርታ ብዝብል ምኽንያት ዝተዳለወት ብቢሮ ባህልን ቱርዝምን ብቢሮ ርክብ ህዝቢን መንግስትን ክልል ትግራይ ኣፍልጦ ረኺባ ዝተመረቐት ካርታ ብውሳነ ኣልጀርስ መሰረት ካብ መሬት ኢሮብ ናብ ኤርትራ ዝተኸለሉ ቦታታት ቆሪፃ ዝወፀት ካርታ ብምንባራ ህዝብ ኢሮብ ካብ ምቁጣዕ ሓልፉ ኣብ ህወሓት ዝነበሮ እምነት ተሚጥጡ ኢዩ።



ምልክት መረፃ ዓዴፓ

ብመሰረተ ልምዓት እንተሪእና ከም ሓደ ኣብ ትግራይ ዝነብር ብሄረሰብ ፍሉይ ትኩረት ክወሃብ እናተገበአ ክሳብ ሀዚ ኣብ ትግራይ ናይ ኣስፋልቲ መንገዲ ካብ ዘይተሰርሐለን ብኣፃብዕቲ ዝቑፀራ ወረዳታት ሓንቲ እያ ወረዳ ኢሮብ።

እዚ ፀገም ብዘላቕነት ንምፍታሕ እንታይ ንግበር? ዝብል ሓሳብ ኣልዕልና ምስ ዓበይቲ ዓዲን ምስ ምሁራትን ዘተ ኣካይድና ሃለዋትና ባዕልና ነረጋግፅ ናብ ዝብል ምርድዳእ ስለ ዝበፃሕና ናብ ሰለማዊ ቃልሲ ንእቶ እልና ምስ ዓበይቲ ዓድን ምሁራትን ተረዳዲእና ዓዴፓ መስሪትና።

ኣብ ህወሓት እምነት የብልናን ማለት ግን ምስ ህወሓት ተፃሊእና ኢና ብሓባር ኣይንሰርሕን ማለት ከምዘይኾነ ግን ክፍለጥ ኣለዎ።

***ፖለቲካዊ ፕሮግራም ዓዴፓ***

1. ዕላማኡ ናይ ሃገርናን ናይ ክልልናን ህዝብ ናይ ስልጣን በዓል ዋና ንምኳኑ ዝረጋገፀሉ፣ ናይ ሕጊ ልዕልና ዝረጋገፀሉ፣ ናይ ዜጋታት ናይ ውልቀ ሰብን ጉጅለን መብቲ ዝኽበረሉ ዘላቂነት ዘለዎ ዴሞክራሲያዊ ሰርዓት ምምስራት።

2.ብኹሎም ፖለቲካዊ ሓይሊታት፣ ስቪክ ማሕበራት፣ ባዓል ሞያታት ሕጊ ዝሳተፋሉን ህዝቢ በብብርኩ ተሳትፍሉ ዘፅደቖ ሕገ መንግስቲ ናይ ሃገርና ዝለዓለ ሕጊ ይኸውን፣

3. ኣወቓቕራ መንግስቲ ፌድራላዊ ዴሞክራሲያዊ ቅርፂ ዘለዎ ኾይኑ ዓርሰ ምሕደራ ክልላትን ማእኸላይ መንግስቲን ዝሓቖፈ ይኸውን። ኹሎም ናይ ስልጣን ወሰናት ተፈልዮም ዝወሃቡ ኾይኖም ኹሎም ክልላት እቲ ማእኸላይ መንግስቲ ንዘውፅኦም ሕጊታትን መምርሒታትን ተገዛእቲ ይኾኑ።

4.ሰለስቲኦም መሰረታዊ መንግስታዊ ኣካላት ሕጊ መውፅኢ፣ ሕጊ ቶርጓሚን ሕጊ ፈፃሚን ብዝወሃቦም ሓላፊነት መሰረት ነናይ ባዕሎም ሰራሕ ጥራሕ ይሰርሑ። ሕጊ ቶርጓሚ ቤት ፍርዲ ካብ ናይ ፖለቲካ ኢድ ኣታዊነት ነፃ ኾይኑ ይሰርሕ።

5. ብዙሓት ፓርቲታት ዝሐቖፈ ፓርላመንታዊ ሰርዓት ዝህነፅ ኾይኑ ክልተ ፓርላማ ይህሉ። እቲ ሓደ ተወከልቲ ህዝቢ ፓርላማ እንትኸውን እቲ ካልኣይ ድማ ፌዴረሽን ምክርቤት ኾይኑ ናይ ኢትዮጵያ ህዝቢ ብማዕረ ዝውከሉ ይኾኑ። ናፃን ፍትሓዊን መረፃ ብምክያድ ህዝቢ ብቕጥታ ዝመርፆም ይኾኑ።

6. መሰረታዊ መሰላት ወዲሰብ ናይ ምዝራብ፣ ናይ ምእካብን ሓሳብካ ብነፃ ናይ ምግላፅ መሰላት ብዘይ ገደብ ይወሃቡ ብዘይኣድልዎ ንኹሉ ብማዕረ ዘገልግል ኣሳታፊ ዝኾነ መራኸብቲ ሓፋሽ ምህናፅ ሕጊ ተኸቲልካ ሰለማዊ ሰልፊን ናይ ምግባርን ናይ ምውዳብ መሰላትን ተግባራዊ ይኾኑ

7. ሰባት ብሞያኦም ይኹን ብስቪልን ልምዓት ማሕበራት ካብ ፓርቲታትን መንግስቲን ተፅዕኖ ነፃ ብዝኾነ ኣገባብ ናይ ምውዳብ መሰሎም ሕልው ይኸውን።

8. ብሄር ብሄረ ሰባት ባዕለን ንባዕለን ናይ ምምሕዳር ባህልን ታሪኽን ናይ ምዕቃብ ቋንቋኦም ናይ ምምዕባል መሰል ይህልዎም። ብሄር ብሄረ ሰባት ሃገርናን ክልልናን ካብ ዘፈላልይዎም ዘተኣሳስርወን ታሪካዊ፣ ባህላዊ፣ ኢኮኖሚያዊ ምትእስሳራት ሰለ ዝበልፁ ኣብ ዴሞክራሲያዊ ሰርዓት ህዝብታት ተፈላልዮም ከይኾነስ ብሓባር ዝረኽቡዎ ረብሓ ስለ ዝሕይል፤ ኣብ ከምዚ ዛኣመሰሉን ካልኦት ጉዳያትን ዝተመስረተ ሓድነት ይህሉ። ሃይማኖትን መንግስትን ዝተፈላለዩ ምኳኖም፤ ኣብ ሃይማኖት ናይ መንግስቲ ኢድ ኣታዊነት ኣይህሉን። ሃይማኖት እውን ብተመሳሳሊ ኣብ ናይ ምንግስቲ ጉዳይ ጣልቃ ኣይኣቱን።

ኣብ ሞንጎ ኢትዮ-ኤርትራን ኣብ መንጎ ክልል ላት ትግራይን ኣምሓራን ዘጋጥሙ ዘለዉ ድንበር ዝምልከቱ ሕቶታት ምስቲ ነባሪ ህዝቢ እቲ ከባቢ ተረዳድእካ ብሽምግልና ዝፍተሓሉ ኣሰራርሓ ተግባራዊ ይግበር።

ንኩሎም ዜጋታት ትምህርቲ፤ ጥዕናን መሰረተ ልምዓትን ፍትሓዊነት ብዝለዎ መልክዑ ንክባፃሕ ምግባር፤ ኩሎ ምዜጋታት ብማዕረ ብዘይምንም ኣድልዎ ዝዳንይሉ ሰርዓት ዳይንነትን ትካላት ፍትሒ ንምህናፅ፤ ህዝቢ ብንቅሓት ዝሕልዉ ፍትሓዊ ህዝባዊ ፖሊስን ናይ ፀጥታ ኣካላትን ክህልዉን ምግባር፤ ሙያዊ ጉቡኡ ብዝግባእ ዝዋፃእ፤ ዝተምሃረን እግሪ ጫማ ሕ/ሰቡ ኮይኑ ዘገልግል ስቭል ሰርቫንት ሰራሕተኛ ንክህሉ ንምግባር፤ ኣመራርሓ መንግስቲ ኩለመዳይ ብቅዓት ዘለዎምን ኣብ ዝመርሕዎ ቤት ዕዮ ህዝቢ ተቀባለነት ዘለዎም ንኽኾኑን ምግባር፤ ሕድሕድ መራሒ ስድራ ኣብ ዝነብረሉ ከባቢ ብነፃ ወይ ብተመጣጣኒ ዋጋ ናይ ባዕሉ ገዛ ዝረኽበሉ ሰርዓት ንምትካል፤ ንኩሎም ዜጋታት መሰረተ ልምዓት ብፍትሓዊነት ዝረኽቡሉ ባይታ ምምችቻው ወ.ዘ.ተ ኢዩም።

# ብምኽንያት ዝኽሪ 8ይ ዓመት ... ካብ ገፅ 12 ዝዞረ

ብመራሕቲ ዓለምን ፣ተሓለቕቲ ሓምለዋይ ስትራተጅን ተቐባልነት ስለዝረኸበ ተግባራዊ ኮይኑ እዩ።

ብዘይካ እዙይ፣መራሒና ተጋዳላይ መለስ ዜናዊ ፣ ናፅነት ፖሊሲ እዛ ሃገር ከይገሃስ፣ እኒ ኣይ.ኤም. ኤፍን ባንኪ ዓለምን ብሓፈሻ ኣብ ኣህጉርና ኣፍሪካ ብፍላይ ኣብ ሃገርና እናኣተዉ ከይፍትፍቱን ኣብ ዝማእመኦም እናመፁ ኢዶም ጦብሎቕ ከየብሉን ብፅንዓት ተቓሊሱ ሉኣላውነት ሃገርና ኣኽቢሩ እዩ። እንተኾነ ግና እቲ ሕዚ ኣብ ኮርቻ ስልጣን ተወጢሖ ዘሎ ፅግዕተኛን ባንዳ ውልቀ መላኺን፣ ናፅነት ፖሊሲ ጥራሕ ዘይኮነስ፣ ማዕዶ እዛ ሃገር ክሳብ ዓንቀሩ ጋሕጊሑ ባዕዳውያን ሓይልታት ከም ድላዮም ክዕንድሩ ስለዘፍቀደሎም ዓዲ ከም መቑሎ ረሲና፣ ዜጋታት ንኣደዳ ሞት፣ ስደትን ህልቀትን ተቓሊያም ኣለዉ። እቲ ፅግዕተኛ ውልቀ መላኺ ሓይሊ ባዕሉ ዝጠጀኦ ፀገም ከም ጋሻ ኮይኑ ብምስማዕ፣ "ጭጉራፍስያ ባዕላ ወቒዓ፣ ባዕላ ተእዊ" ከምዝበሃል፣ዝፈፀሞም ገበናት ንምሽፋን ገጎሮርኡ ክሳብ ዝነቅዕ፣ብሳልሳይ ወገን እናሳበበ ንህዝቢ ከደናግር ዘይፈንቀሎ ከውሕን ዘኳካዓቶ ጉድጓድን የለን።

እንተ ህዝቢ ኢትዮጵያ ግና ነቲ ተዋስኦ ብዝግባእ ስለ ዝተረደኦ እቲ መደናገርን መምሰልን ውልቀ መላኺ ጉጅለ ብተግባሩ እናተቓለዐ ካብ ጊዜ ናብ ጊዜ ጥራይ ዝባኑ ተሪፉ ካብ ህዝቢ ይንፀል ኣሎ። መራሒና ተጋደላይ መለስ ዜናዊ ግና "ቡኻርያ ፃድቕ ክትመስል ዝዋውዕ ትኣስር" ንዝበሃል ሽርሒታት ዘሰጉሙ ሰባት ከም ዝመፁ ኣቐዲሙ ኣሚቱን መቃለሲ ኣንፈት ኣነፂሩን እዩ።

ተጋዳላይ መለስ ዜናዊ ነዊሕ ኣሚቱ ይዛረቦም ዝነበሩ ዘረባታት፣ ኣብ ሳይንሳዊ መፅናዕቲ ተመስሪቱ እምበር ካብ ባዶ ሃዋህው ተበጊሱ ከምቶም ሕዚ ዓጀውጀው ብምባል ዓርሱ ንዓርሱ ዝጣረስ ዘረባ ዝድርጉሕ ኣይነበረን። ነዙይ መረጋገፂ ክኾኑ ዝኽእሉ፣ መርትዖታት ብርክት ዝበሉ እዮም። ነቶም ኣብ ሕሉፍ እዋናት ዝተዛረቦም ዘረባታቱ ምልስ ኢልካ እንትትምርምሮምን ምስ ህልዊ ኩነ ታት እንትተመሳኽሮምን ብጭቡጥ ኣብ ባይታ ኮይኖም እንትርከቡ ድማ ሓቅነቶም የዕዝዞም። "እምበርከ እቶም ዘረባታት ሰብ ድዩ ተዛሪቡዎም?! " ኢልካ ክትግረም ይገብር።

ካብ መንጎ እቶም ብኣንደበቱ ዝበሎም ሓደ፣ንምፍራስ ሕብረ ብሄራዊ ስርዓት ፌደራሊዝም ጠንቂ ክኸውን ዝኽእል ተፀራሒ እዩ። ከም ዝፍለጥ ስርዓት ፌደራሊዝም ሃገርና ብክንደይ ፃዕርን መስዋእትን ከምዝተሃነፀ ብምሕባር፣ እቲ ዝህነፅ ዝነበረ ስርዓት ንድሕሪት ከይምለስ ብዕቱብ ይሰርሕ ነይሩ። ይኹን ምበር ጉዳይ ፌዴራላዊ ዴሞክራያዊ ስርዓት ኢትዮጵያ ብዝምልከት ክምትምት ይብሎ ዝነበረ ካብ ምዝራብ ዓዲ ኣይወዓለን።

ብምኳኑ ድማ ሓደ እዋን ናይ ወፃኢ ጋዜጠኛ ኣብ ሃገርና ይህነፅ ዝነበረ ስርዓት ፌደራሊዝም ኣመልኪቱ እንታይ ከም ዘሰክፎ ንዝሓተቶ ሕቶ፣ "ንዓይ ልዕሊ ኩሉ ዘፍረሖን ድቃስ ዝኸልኣንን ብናይ ኣሻሓት ደምን ኣዕፅምትን መስዋእትነት ኣብዛ ሃገር ዝህነፅ ዘሎ ፌደራላዊ ዴሞክራስያዊ ስርዓት ብሓደ ፅዩቕ ሰብ እከይ ተግባር ከይፈርስን ሃገርና ኢትዮጵያ ከይትበታተንን እዩ ዘስገኣኒ" ዝብል ምላሽ ሂብዎ ነይሩ። ነዚ ዝበለሉ ምኽንያት ድማ እቲ ስርዓት ኣብ ኢድ ሓደ ውልቀ መላኺ እንተ ወዲቑ ከቢድ ክሳራ ከም ዘስዕብ ብምርዳእ እዩ።

መራሒና ተጋዳላይ መለስ ዜናዊ ይብሎ ከምዝነበረ ድማ፣ ከይወዓለ ከይሓደረ፣ ከምቲ ሓኸሊ ኦም ኮይና ባፂሓ፣ ተመሊሳ ንኦም እትቖርፅ፣ ንሕብረ-ብሄራዊ ፌደራል ስርዓት ዘሰጉም መሲሉ ብውዲትን ምድንጋርን ናብ ሰልጣን ዝተሓንከበ ውልቀ መላኺ ኣራት ኪሎ፣ ነቲ ብድሕሪት ዝነበረ ሕቡእ ኣጀንዳ ጎይተቱ፣ ሓይልታት ትምክሕቲ ጋህዲ ንምግባር ነቲ ብባዕዲ ዝተውሃቦ ተልእኾ ዘዐውት፣ ሸያጢ ዓዲ ዝኾነ ውልቀ መላኺ ገጢሙና ኣሎ። ነዛ ሃገር ቁልቁል ኣፋ ደፊኡ፣ ብማዕበል ንየው ነዘ እናተጋፍዐት ከምእትጓዓዝ ጀልባ ድማ ገይሩዋ ኣሎ።

ብምኳኑ ነቲ ዓሰርተታት ኣሽሓት መስዋእቲ ዝኸፈልሉን ኣካሎም ዝጎደሉሉን ሎሚ እውን መስርዕ ከይዛረየ ሚልዮናት ዘዕሰለን ሕብረ¬-ብሄራዊ ስርዓት ፌደራሊዝም ኣብ ሓፂር ጊዜ ክበሃል ኣብ ዝከኣል ከም ኳና ዕንጉለ፣ዶኺዕኺ ብምባል ሃገር ናብ ጦርጦስ ክትውርድ ይገብራ ኣሎ። እንተ እቲ ነዊሕ ዝእምት መራሒና ተጋዳላይ መለስ ዜናዊ ግና ኣቐዲሙ ኩሉ ነገር ወዲኡዎን ሓደራን ይብል ነይሩ እዩ።

ስለዚ ኣብዚ ክበሃል ዝኽእል ጉዳይ እንተሃለወ መራሒና ተጋደላይ መለስ ዜናዊ ክምትምት እናበለካ ትዛረቦምን ዘጨንቑኻን ዝነበሩ መሰከፍቲ ጉዳያት ኣብ ዘለናሉ እዋን ሓቂ ኮይኖም ምኽሳቶም ንምርኣይ ሎሚ ዋላ ንሓንቲ ደቒቓ ጥራሕ ዕድል ምረኸብካስ እንታይ ኮን ምበልካ ዝብል ሕቶ ክለዓል ይኽእል እዩ። እንተኾነ ሕዚ እውን ሕብረ¬ ብሄራዊ ስርዓት ፌደራሊዝም ካብ ሓደጋ ክናገፍ ዝከኣል ምስ ደለይቲ ሕብረ-ብሄራዊ ስርዓት ፌደራሊዝም ብምኳን ቃልሲ ምክያድ ከምዘድሊ፣ሓደን ክልተ ዘድልዮ ኣይኮነን። ስለዙይ ከምቲ ተጋዳላይ መለስ ዜናዊ ዝብሎ ዝነበረ ዓወት ዝረጋገፅ ኣብ መስመር ቃልሲ ውፁዓት ብምዕሳል ስለዝኾነ፣ቃል መለስ ንፃት እውን ንዋጋ ዕዳጋ ክቐርብ ዘለዎ ኣይኮነን። ልዕሊ ኩሉን ቅድሚ ኩሉን ድማ ነቲ ብቐላሳይነት መራሒና ተጋዳላይ መለስ ዜናዊ መሪሕነት ዝተሃነፀ ስርዓት ፌደራል ክቅፅልን ንድሕንነትን ሃለዋትን ህዝቢ ትግራይ ካብ ሓደጋ ብምንጋፍ ትግራይ ናብ ዝለዓለ ብራኸ ክትጓዓዝ ምግባር ቃል መራሒና ተጋዳላይ መለስ ናብ ዝብላዕ እንጀራ ምልዋጥ እዩ።

ነዚ እውን ኣብ ትግራይናን ኣብ ኣርባዕቲኡ ኩርናዓት ዓለምናን ዘሎ ኩሉ ወዲ ትግራይ፣ ብፍላይ መንእሰይ ትግራይና ልዕሊ 60 ሽሕ መላምል ናይ ሂወት መስዋእትነት ልዕሊ 100 ሽሕ ደቁን ፣ኣሓቱን ኣሕዋቱን ኣካሎም ዝጎደልሉ ፌደራላዊ ዴሞክራስያዊ ስርዓት ከይኸበስ፣ ሰላም፣ ድሕንነትን ሃላዋትን ትግራይና ከይድፈር ብሓፈሻ ኣብ ዝሓለፉ ሓሙሽተ ዓመታት ብፍላይ ኣብ ሕሉፍ ክልተን ፈረቓን ዓመታት ከም እምኒ ዓረ ገሪሩን ቆጃሕ ኮይኑን፣ ኣብ ኣራት ኪሎ ዓሪዱ ዘሎ ውልቀ መላኺ ጉጅለን ዝፈሓሶም ዝተፈላለዩ ሽርሒታት ኣፍሺሉ እናበጣጠሶም ዘሎ።

ህዝቢ ትግራይ "ካብ ጉይይ ምዓል ክሳድ ምሓዝ" ከምዝበሃል፤ ብሓፈሻ መራሒና ተጋደላይ መለስ ዜናዊ ዝሓንፀዖን ህዝብና ዝተዋደቐሉን ዝዋደቐሉ ዘሎን ልምዓታዊውን ዴሞክራስያውን ህዝባዊ መስመርና ኣብ ዳርቻኡ ንምብፃሕ፣ እዞም ዝስዕቡ መግለፂ 13 ዓበይቲ ክብርታትን ሌጋስን መራሒና ተገደላይ መለስ ዜናዊ ኩሎም ስውኣትናን ከይተሸራረፉ ኣፅኒ ዕኻ ሒዝካ ምርብራብ ንፅባሕ ዘይበሃሎ ጉዳይ እዩ።

ብሓፂሩ ምእንተ እቲ ኣሻሓት ዝተሰውእሉ ክቡር ዕላማ ክብል ኣብ መትከል ፀኒዑ፣ ቅድሚ ሸሞንተ ዓመት ብክብሪ ተበጂዩ ብኣካል ተፈልዩና። እንተኾነ እቲ ዝሓንፀዖን ናብ ተግባር ዝተለወጠን ልምዓታውን ዴሞክራስያውን ህዝባዊ መስመርናን መግለፂ 13 ዓበይቲ ክብርታቱን ሌጋሲኡን ተቐባላይ ሕድሪ ዝኾነ መንእሰይ ወለዶና ወሪሱን ኣፅኒዑን ስለ ዝሓዘ ከይተሸራረፈ ኣብ ቦትኡ ኣሎ። ስለዙይ ነቲ ሕዚ ኣጋጢሙ ዘሎ ለበዳ ኮሮና ቫይረስ ብምምካት፣ ሎሚዘበን ክረምቲ ዝትከል 80 ሚልዮን ፈልሲ፣ ብፍላይ 14 ነሓሰ 2012 ዓ/ም ዝትከል 6 ሚልዮን ፈልሲ ተረባሪብና ብምትካል፣ ከምኡ እውን ብብርኪ ክልልና ዝካየድ 6ይ ዙርያ መረፃ 2012 ዓ.ም ምዕዋት ሰላማዊ፣ነፃ፣ ግልፂ፣ ዴሞክራስያዊ፣ ፍትሓውን ተኣማንን ኮይኑ ንኽዛዘም ቃል ፣መሃንዲስ ፖለቲካ ተምሳሌት ፅንዓትን - ሃርበኛ ልምዓትን ዝኾነ መራሒና ተጋደላይ መለስ ዜናዊን ኩሎም ስዉኣትናን ኣፅኒዕናን ከም ኣርቃይ ኣብ ሓደ ረቢብናን፣ ካብ ዝኾነ ኩርናዕ ዝበገሱ ተፃብኦታት ንምምካት፣ ካብ ዝኾነ ይኹን ግዜ ንላዕሊ ከም ዓረ ጠንኪርና፣ ፀላእትና መልሓሶም ክሓይኩ ገይርና ዳግም ስዕረት ከም ንጉምጉሞም ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ትግራይ ንፃት እውን እንተኾነ ኣይጠራጠርን።

ክብርን ሞገስን ንኹሎም ስዉኣትና!!
ቃል ተጋዳላይ መለስ ዜናዊ ህያው
እዩ!!መለስ ኣብ ገነት ንበር!!

ሕዚ እውን መስመርና ኣፅኒዕና ንመኸተ !!

## ብምኽንያት ቫይረስ ኮሮና ... ካብ ገፅ 1 ዝዞረ

ኣርባዕተ ደቂ ኣንስትዮ ዝርከብኦም 136 ዝኣኸሉ ተሃነፅቲ ነቲ ረቛሒ ይቕሬታ ኣማሊኦም ብዘይምርካቦም ክፍትሖ ኣይከኣሉን ዝበሉ እቶም ሓላፊ ፣ እቲ ዕድል ክረኽቡ ዘይከኣልሉ ምኽንያት ድማ ምስ ቅትለት፣ ኣገዲድካ ምድፋርን ዘይሕጋዊ ዝውውር ሰባትን ካልኦት ተመሳሳሊ ገበንን ዘለ ዎምን ከምዝኾኑ ኣረዲኦም፡፡

ኣብዝሓለፈ ወርሒ መጋቢትን ሚያዝያን ኮማንድ ፖስት መኸተ ኮሮና ቫይረስ ክልል ትግራይ ንብርኩት ዝበሉ ተሃነፅቲ ሕጊ ብይቕሬታ ክፍትሖ ገይሩ እዩ ዝበሉ ኣይተ ተኪኡ፣ ካብ ናታቶም ተመኩሮ ብምውሳድ እቶም ብሳልሳይ ዙር ብይቕሬታ ዝፍትሑ ዘለዉ ተሃነፅቲ እውን ካብ ዝፈፀምዎ ጌጋ ተኣሪሞምን ተሃኒፆምን ንዝበደልዎ ማሕበረ ሰብ ብኩለመዳያዊ ልምዓታዊ ስራሕ ብምኽሓስ ምስ ሕብረተሰቦም ተፀምቢሮም ንኽነብሩ ምሕረት ከም ዝተወሃቦም ኣብሪሆም፡፡

ኣብ መወዳእታ ምሕረት ዝተገበረሎም ተሃነፅቲ ሕጊ ነቲ ዘለናሉ እዋን መኸተ ተረዲኦም ኣብ ዝነብርሉ ከባቢ ከይዶም ካብ ካልእ እዋን ብዝበለፀ ንዘላቒ ሰላም ትግራይን ህዝቢ ትግራይን ብፅሒቶም ከወፍዩን ክቃለሱን ኣለዎም ብምባል ንተሃነፅትን ስድራ ተሃነፅትን እንኳዕ ደስ በለኩም ክብሉ መልእኽቶም ኣመሓላሊፎም፡፡

## ኣሸንዳ 2012 ኣብ ገዝኦን... ካብ ገፅ 1 ዝዞረ

ንእስቲ ኣዜብ ሙሉን ፀጉ ተክላሃይማኖትን እዛ ቁጠባውን ማሕበራውን ረብሓኣ ዕዙዝን መግለፂ ነፃነትናን መንነትናን ዝኾነት ባዓል ኣሸንዳ ኣብ «ዩኒስኮ» ንምምዝጋብ ኣብ ከይዲ ምንባራ እንተገንዝባ ምስቲ ሕማም ብዘይፃባእ መንገዲ «ኣሸንዳ ኣብ ገዛና» ብዝብል መሪሕ ቃል ምስ ስድራና ክንዝክራ ኢና ክብላ ኣረዲኣን፡፡

ክልቲኣን ደቂ ኣሸንዳ ብሓባር፣ ባህልና ክህሉ ንሕና ክንህሉ ኣለና፤ ንሕና ክንህሉ ድማ ርሕቕትና ሓሊናን ሕማም ኮረና ቫይረስ እናተኸላኸልናን ክንንቀሳቐስ ኣለና፣ ስለዚ ተኣኪብና ኣብ ደገ ምፅዋት ኣትሪፍና፣ ኣብ እንዳ ፀጉሪ ጥንቃቐ ጌርና፣ ቃልሲ ፀረ ትምክሕቲ እናመከትናን ማዓልቲ መስዋእቲ ዓብዪ መራሒና መለስ ዜናዊ እናዘከርናን ባዓልና ንዓለም ብዝላለየሉ መልክዕ ኣብ ገዛና ብድምቀት ክነኽብራ ኢና ኢለን፡፡

እዛ ተኸዲነን፣ ረጊፀን፣ ተቖኒነንን ተኳሒለንን ዝረኣያ፣ ንሓያሎ ዘበናት እናተኸበረት ዝመፀትን ብሃንቀውታ ተፀብየን ዘኽብራኣን ባዓል ምኳና ዘረዳኣ ሓላፊት ቢሮ ባህልን ቱሪዝምን ክልል ትግራይ ወይዘሮ ብርኽቲ ገብረመድህን፣ ሎሚ ዓመት ብተናፀል እንተ ኽቢረናኣ ብድምቀትን ዕምቆትን ዘብዕላኣ ማዓልቲ ርሑቕ ስለ ዘይኸውን ሕማም ኮረና ቫይረስ ምስተስዓረ ሓቢርና ከም ነብዕላ ኣይንጠራጠርን ክብላ ትስፉው መፃኢአን ኣሚተን፡፡

## ክብርታትን ሌጋሲታትን ካብ ገፅ 1 ዝዞረ

ሓላፊ ቢሮ ፕሮጀክት ምፅሓፍ ታሪክ ህዝቢ ትግራይ ተጋዳላይ ፍስሃ ኣፈወርቂ ንዝኽሪ ተጋዳላይ መለስ ዜናዊ ኣመልኪቱ ምስ ጋዜጣ መቓልሕ ትግራይ ኣብ ዝገበሮ ቃለ መሕትት ከም ዝበሎ፤ እምነታት፣ ኣረኣእያታትን ዘመን ተሻገርቲ ስራሕትን መራሒና ተጋዳላይ መለስ ዜናዊ ንከይ ሃሱ ህዝብና ዓቂቡ ኣብ ሓምለዋይ ልምዓትን ኣብ ካልኦትን ዝገብሮም ምንቅስቓስ ዝለዓለ ተቐባልነት ብምህላዎም ክሳብ ሕዚ ዝቐፀልሉ ኩነታት ምህላዉ ገሊፁ፡፡

መግለፂ መራሒና ተጋዳላይ መለስ ዜናዊ ብዙሓት እኺ እንተኾኑ ብድምር እንትርኣ ድማ ሰብን ተፈጥሮን ተሳንዮም ክነብሩ ዝፀዓረ ተጋዳላይ እዩ ኢልካ ምግላፅ ከምዝከኣል ተጋዳላይ ፍስሃ ኣብሪሁ፡፡

መራሒና ተጋዳላይ መለስ ዜናዊ ተጋዲሉ ዘጋደለን ንህወሓት መሪሑ ኩለ መዳያዊ ዓወት ክምዝገብ ዝለዓለ ተራ ተፃዊቱ እዩ፡፡ ከምኡ'ውን ኣብ ዓበይቲ መስመራት እቲ ውድብ ምስ ካልኦት መራሕቲ ብምኳን ዓበይቲ ስራሕቲ ወጊኑ፡፡ ኣብቶም ብውድብ ዝተዳለዉ ስትራቴጂ ዝለዓለ ኣበርክቶ ነይርዎ፡፡ ወታደራዊ መስመር ሳይንሳዊ ብዝኾነ መንገዲ ንክቐረፅን ኣብቲ ውድብ ኣብ ብቕዓት ወታደራዊ ኣመራርሓን ኢኮኖሚያዊ ልምዓትን ዝለዓለ ንክኸውንን ግድኡ ዝለዓለ ምንባሩ ተጋዳላይ ፍስሃ ገሊፁ፡፡

ብውድብ ዝወፁ ዝተፈላለዩ መደባት ዕዉታት ንክኾኑ ብሱል ሓሳብ ኣብ ምቕራብ ዝለዓለ ብፅሒት ከም ዝነበሮን ዝተውሃቦ መደባት ብዝሓሸ መልክዑን ብዝፀፈፈ መንገድን ኣብ ምፍፃም ውፅኢታዊ ምንባሩ ተጋዳላይ ፍስሃ ተዛሪቡ፡፡

13 ዓበይቲ መግለፂ ክብርታት ሌጋሲታትን እምነታትን መራሒና ተጋዳላይ መለስ ዜናዊን ኩሎም ስውኣትናን መናእሰይ ወለዶ ጨቢጡ ንቕድሚት ክምርሽ ከም ዘለዎ ኣብ ዝተፈላለዩ እዋናት ምግላፁ ይዝከር፡፡

...ካብ ገፅ 13 ዝዞረ

3. ቦታ ኣብ ከተማ ዓ/ጉደም ኣብቲ ዝጫረት ገዛ ኣብ ባዕሉ
4. እቲ ጨረታ ብግልፂ ይካየድ
5.ናይቲ ጨረታ ውፅኢት ወድያውኑ ይንገር ::

6.ነቲ ጨረታ ዘሸነፈ ሰብ ናይቲ መበገሲ ዋጋ 25% ኣብቲ ጨረታ መዓልቲ ወድያው ከትሕዝ ኣለዎ ::

7. ጨረታ ዘሸነፈ ሰብ ኣብ 15ተ መዓልቲ ውሽጢ ነቲ ገንዘብ ጠቕሊሉ ይኸፍል ::

8.እቲ ጨረታ ዘሸነፈ ሰብ ኣብ 15 መዓልቲ ውሽጢ ነቲ ጠቕላላ ገንዘብ እንተዘይደኣ ኸፊሉ እቲ ኣቐዲሙ ዘትሓዞ 25% ገንዘብ ናብ መንግስቲ ኣታዊ ተገይሩ እቲ ጨረታ ይስረዝ፡፡ ነዞም ረቛሒታት ዘማልእ ሰብ ኣብቲ ኣብ ላዕሊ ዝተገለፀ ዕለትን ሰዓትን ቦታን ቐሪቡ ንክጫረት ይኽእል ::

9. ጨረታ ዘሸነፈ ሰብ እቲ ገዛን ቦታን ብናይ ሊዝ ደንቢ ናብ ሽሙ ዝዞር ይኸውን ::

**ወረዳ ሕ/ወጀራት ቤት ፍርዲ**
**ምድብ መጋባእያ ዓ/ጉደም**

## ጨረታ

ኣፈ/ከሳሲ ኣይተ ንጉሰ ኣብርሃ ወኪል ካልኣዩ ኣብርሃ፣ ኣፈ/ተኸሳሲት ወ/ሮ ኢየርሳሌም ተኸላይ ወኪል መ/ር ተኸላይ በርሀ ኣፈፃፀም ተኸሳሲ ኣብ ቤት ፍርዲና ብዘለዎም ዕዳ ንምፍፃም ኣብ ከተማ መቐለ ክ/ከተማ ሓድነት ቀጠና ዲያስፖራ ዝርከብ ብሽም ኣይተ ንጉሰ ኣብርሃ ዝፍለጥ ገዛን ቦታን ብጨረታ ምሻጥ ኣድላይ ኾይኑ ስለ ዝተረኸበ ዝኾነ ሰብ ንክጫረት ንገልፅ ::

**ዓይነት ንብረት**

ኣብ ከተማ መቐለ ቐጠና ዲያስፖራ ዝርከብ ገዛ መዋሰኒኡ ፡- ብምብራቕ SR 2023 ፣ ብምዕራብ SR 2019፣ ብሰሜን መንገዲ ፣ ብደቡብ SR 2020 ዘዋስኖ ገዛን ቦታን ዝሓዘ ኾይኑ

**መበገሲ ዋጋ**

1. 638,081.74 / ሽድሽተ ሚኢትን ሰላሳን ሽሞንተን ሽሕን ሳማንያን ሓደን ምስ 74/100

**ረቛሒታት ጨረታ**

2. ጨረታ ዝካየደሉ ዕለት 12/1/2013 ዓ/ም ካብ ሰዓት 3፡30 – 6፡30 ንጎሆ
3. ቦታ ኣብ ከተማ መቐለ ኣብቲ ዝጫረት ገዛ ኣብ ባዕሉ
4.እቲ ጨረታ ብግልፂ ይካየድ
5.ናይቲ ጨረታ ውፅኢት ወድያውኑ ይንገር፡፡
6.ነቲ ጨረታ ዘሸነፈ ሰብ ናይቲ መበገሲ ዋጋ 25% ኣብቲ ጨረታ መዓልቲ ወድያው ከትሕዝ ኣለዎ ::

7.ጨረታ ዘሸነፈ ሰብ ኣብ 15ተ መዓልቲ ውሽጢ ነቲ ገንዘብ ጠቕሊሉ ይኸፍል ::

8.እቲ ጨረታ ዘሸነፈ ሰብ ኣብ 15 መዓልቲ ውሽጢ ነቲ ጠቕላላ ገንዘብ እንተዘይደኣ ኸፊሉ እቲ ኣቐዲሙ ዘትሓዞ 25% ገንዘብ ናብ መንግስቲ ኣታዊ ተገይሩ እቲ ጨረታ ይስረዝ፡፡ ነዞም ረቛሒታት ዘማልእ ሰብ ኣብቲ ኣብ ላዕሊ ዝተገለፀ ዕለትን ሰዓትን ቦታን ቐሪቡ ንክጫረት ይኽእል ::

9.ጨረታ ዘሸነፈ ሰብ እቲ ገዛን ቦታን ብናይ ሊዝ ደንቢ ናብ ሽሙ ዝዞር ይኸውን፡፡

ውፅእት ጨረታ ዕለት 14/1/2013 ሰዓት 3፡30

**ወረዳ ሕ/ወጀራት ቤት ፍርዲ**
**ምድብ መጋባእያ ዓ/ጉደም**

## ዞባ ምብራቕ

ኸሳሲ፡- ዞባ ምብራቕ ዓ/ሕጊ፣ ተኸሳሲ ኣይተ መብራህቱ ኪ/ማርያም ሓጎስ ኣድራሻ ወረዳ ሳዕሲዕ ፃዕዳ እምባ ጣብያ ማይ መገልታ መንጎ ዘሎ ናይ ኣገዲድኻ ምድፋር ገበን ክትዕ ንስኹም ተኸሳሲ ኣብ ዞባ ምብራቕ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ዓዲግራት ቆፀሮ ስለዘለኩም ንዕለት 28/12/2012 ዓ/ም ሰዓት 4፡00 ቅረቡ ኣብ ዝተብሃለ ዕለት ቆፀሮኹም እንተ ዘይቀሪብኹም ግና ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምኳኑ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ።

**ዓድግራት ማእኸላይ ቤት ፍርዲ**

መመልከቲ፡-ኮ/ል መስፍን ኣግዘው ተሰማ

ተፀዋዒት ወ/ሮ ኣስናቀች ኣለሙ ገዳ ሞንጎ ኣብ ዘሎ ናይ ምጥፋእ ውሳነ ወ/ሮ ኣስናቀች ኣለሙ ገዳ ንዕለት 22/12/2012 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ናብ ከተማ ዓድግራት ወረዳ ቤት ፍርዲ ፍ/ሄር መጋባእያ ቀሪብክን ኣብ ምጥፋእ ውሳነ ምልክታ ሓሳብ ንክትህባሉን ዘይትቐርባ እንተኾይንኽን ግና ናይ ምጥፋእ ውሳነ ዝወሃብ ምኳኑ ወረዳ ቤት ፍርዲ ከተማ ዓድግራት ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ወረዳ ቤት ፍርዲ ከተማ ዓድግራት**

## ጨረታ

ኣፈ/ኸሳሲት፡- ወ/ሮ ግደይ ብርሃነ ረዳ ኣ/ሻ ወረዳ ሓውዜን ቀበሌ 02 ፣ ኣፈ/ተኸሳሲ፡- ኣይተ ሙኡዝ ሃ/ማርያም ወ/ሪፋኤል ኣ/ሻ ከ/ሓውዜን ቀበሌ 02 ኣብ መንጎኦም ብዘሎ ናይ ኣፈፃፀም ሓዳር ክትዕ ናይ ኣፈ/ተኸሳሲ መንበሪ ገዝኦም መዋሰኒኡ ብምብራቕ ሃይሉ ገ/ስላሴ ብምዕራብ መድህን ኣረጋዊ ብሰሜን ቀሺ ኪዳኑ ገ/ገርግስ ገዛ ብደቡብ ፅርጊያ ስፍሓቱ 175 ሜ.ካሬ ኣብ ወረዳ ሓውዜን ከተማ ሓውዜን ቀበሌ 02 ዝርከብ መንበሪ ገዝኦም ናይ ኣፈ/ክሲ ቤት ፍርዲ ወረዳ ሓውዜን ብመበገሲ ግምት ብር 1,105540.31 /ሓደ ሚልዮን ሓደ ሚኢትን ሓሙሽተን ሽሕን ሓሙሽተ ሚኢትን ኣርባዓን ሳላሳን ሓደን ሳንትምን/ ብሓራጅ ኣጫሪቱ ክሸየጥ ስለ ዝኣዘዘ ቀሪብኩም ክትጫረቱ እትደልዩ ንዕለት 05/13/2012 ዓ/ም ካብ ሰዓት 2፡00 ንጉሆ ክሳብ 6፡30 ንክጫረት ሰዓራይ መኽበሪ ጨረታ ካብቲ ጠቅላላ ዋጋ 25% ወድያውን ከትሕዝ ዝኽእል እቲ ዝተረፈ ኣብ ውሽጢ 15 ናይ ስራሕ መዓልቲ ኣታዊ ዝገብር ውልቀ ሰብ ኣብቲ ቦታ ብኣካል ቐሪብኩም ክትጫረቱ ቤት ፍርዲ ወረዳ ሓውዜን ምድብ መጋባእያ ክልተ በለሳ ኣዚዙ ::

**ቤት ፍርዲ ወረዳ ሓውዜን ምድብ**
**መጋባእያ ክልተ በለሳ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ፣ ተኸሳሲ ኣይተ ኣማንኤል ገ/መድህን ተካ ወ/ወረዳ ጋ/ኣፍሹም ጣ/ብኮትቁ/ማ/ ኣብዓ መንጎ ዘሎ ኣገዲድካ ምድፋር ገበን ክርክር ንስኹም ተኸሳሲ ኣብ ዞባ ምብራቕ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ምድብ መጋባእያ ዓዲግራት ቆፀሮ ስለዘለኩም ንዕለት 28/12/2012 ዓ/ም ሰዓት 4፡30 ቅረቡ ኣብ ዕለት ቆፀሮኹም እንተዘይቀሪብኹም ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምኳኑ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ።

**ዞባ ምብራቕ ማእኸላይ**
**ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ፣ ተኸሰስቲ 1ይ ኣይተ ኣድሓኖም ሃይላይ ፣ 2ይ ኣይተ ኣባዲ ገ/ገርግስ መንጎ ዘሎ ፈተነ ታራ ቅትለት ገበን ክርክር ንስኹም ተኸሰስቲ ኣብ ዞባ ምብራቕ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ምድብ መጋባእያ ዓዲግራት ቆፀሮ ስለዘለኩም ንዕለት 25/12/2012 ዓ/ም ሰዓት 4፡00 ቅረቡ ኣብ ዕለት ቆፀሮኹም እንተ ዘይቀሪብኹም ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝው ሰን ምኳኑ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ።

**ዞባ ምብራቕ ማእኸላይ**
**ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ፣ ተኸሳሲ ኮነሬል ለገሰ ተስፋይ ደስታ ሞንጎ ብዘሎ ናይ ገበን ክርክር ተኸሳሲ ብክልተ ገበን ስርቕን ብክልተ ገበን ምትላልን ተኸሲስኩም ስለ ዘለኹም ኣብ ቆፀሮ ዕለት 25/12/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ናይ ንጉሆ ናብ ቤት ፍርዲ ወረዳ ሓውዜን ምድብ መጋባእያ 2ተ በለሳ ቐሪብኩም እምነት ክሕደት ቃልኩም ንክትህቡ እንተዘይቀሪብኹምም ግን እዚ መዝገብ ብመሰረት ገ/መ/ስ/ስ/ሕ/ቁ/161 ብዘየለኹምሉ ዝቐፅል ምኳኑ ፈሊጥኩም ቀሪብኩም እምነት ክሕደት ቃልኩም ንክትህቡ ቤት ፍርዲ ወረዳ ሓውዜን ምድብ መጋ ባእያ 2ተ በለሳ ኣዚዙ ::

**ቤት ፍርዲ ወረዳ ሓውዜን ምድብ**
**መጋባእያ 2ተ በለሳ**

ኣብ ከተማ መጋብ ዝርከቡ ካብዚ ንታሕቲ ኣሸማቶም ዝተዘርዘሩ 25 ሰብ ነባር ትሕዝቶ ብመፅፈፍቲ ኮሚቴ ስለ ዝፀፈፈሎም ዋንነቶም ክረጋገፀሎም ስለ ዝደለና ነዚ ነባር ትሕዝቶ ይግበኣኒ እዩ ዝብል ተቃዋሚ እንተሃልዩ ኣብ መቓልሕ ጋዜጣ ተቓሊሑ ካብ ዝወፀሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 ናይ ስራሕ መዓልቲ ናብ ቤት መዘጋጃ ከተማ መጋብ ንክትቀርቡ ኣብቲ ዝተጠቀሰ ዕለት ተቃዋሚ ወይ ይግበኣኒ በሃሊ እንተዘይቀሪቡ ግና በቶም ካብዚ ንታሕቲ ዝተጠቀሱ 25 ሰብ ነባር ትሕዝትኦም ብሽሞም ነረጋግፀሎም ምካና ነፍልጥ፡

| ታ/ቁ | ሽም በዓል ነባር ትሕዝቶ | ዝተትሓዘሉ ኣገባብ | ኣብ ኢድ መን ከም ዘሎ | ቀበሌ | ሒዝዎ ዘሎ ጠቕላላ ስፍሓት | መዋሰኒኡ | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| | | | | | | ብምብራቕ | ብምዕራብ | ብሰሜን | ብደቡብ |
| 1 | ሃ/ግደይ ተክሉ | ዕድሎት | ሃ/ግደይ ተክሉ | | 287.01 | ገ/ችኣል ካሕሳይ | ኣመተ ንጉሰ | ገ/ማርያም ገ/ስላሴ | ፅርግያ |
| 2 | ስላስ ሃ/ማርያም | ዕድሎት | ስላስ ሃ/ማርያም | | 242 | ቀሺ ሃይሉ | ፅርግያ | ስላስ ሓዱሽ | ፅርግያ |
| 3 | ሞ/ዳኒኤል ገ/ሚካኤል | ዕድሎት | ሞ/ዳኒኤል ገ/ሚካኤል | | 135.58 | ፃድቃን ኪዳኑ | ፅርግያ | ወዘፍ ታደለ | ፅርግያ |
| 4 | ዘርኣይ ገ/መድህን | ዕድሎት | ዘርኣይ ገ/መድህን | | 87.50 | ፅርግያ | ህሪት ሓጎስ | መ/ር ገ/ጨርቆስ ኪዳኑ | ንግስቲ ታደለ |
| 5 | ፍስሃ መብራህቱ | ዕድሎት | ፍስሃ መብራህቱ | | 250 | ገ/ሚካኤል ገ/መድህን | ፀጋ ገ/መድህን | ሙኡዝ ኣማረ | ፅርግያ |
| 6 | ሃይላይ ወ/ንስአ | ዕድሎት | ሃይላይ ወ/ንስአ | | 187 | ፅርግያ | ቀ/ገ/ኪዳን | ሕ/ስ/ማሕበር | ፅርግያ |
| 7 | ቀ/ሃይላይ ኣብርሃ | ዕድሎት | ቀ/ሃይላይ ኣብርሃ | | 162 | ፅርግያ | መብራህተን ኣፅብሃ | ገ/ሂወት ሃዲስ | ሃይለ ሳህለ |
| 8 | ኪሮስ መብራህቱ | ዕድሎት | ኪሮስ መብራህቱ | | 270 | ፅርግያ | መዝገበ እንታሁ | ዮውሃንስ ግደይ | መ/ር ተወልድ ሂወት |
| 9 | ወልደገብርኤል ነጋሽ | ዕድሎት | ወልደገብርኤል ነጋሽ | | 220.920 | ቀሺ ወ/ማርያም ረዳ | ፅርግያ | ፅርግያ | ሃረገወይኒ ገ/ወት |
| 10 | ኣታክልቲ ሃይለ | ዕድሎት | ኣታክልቲ ሃይለ | | 243.70 | ፅርግያ | የማነ ካሕሳይ | ቀሺ ገ/ችኣል ገ/ኪዳን | ተስፋይ ኪሮስ |
| 11 | ጥዑም ገ/መድህን | ዕድሎት | ጥዑም ገ/መድህን | | 216.30 | ኣለም ፅሃይ ገ/ፃዲቅ | ዘመዳ ገ/ፋኤል | ፅጋዳ | ታ/መሬት |
| 12 | ኣፀደ ተ/ሃይማኖት | ዕድሎት | ኣፀደ ተ/ሃይማኖት | | 136.42 | ገ/ስላሴ ወ/ኤል | መድህን ካሳ | ፅርግያ | በርሀ ወ/መኣንታ |
| 13 | ገ/ስላሴ ገብሩ ሓድጉ | ዕድሎት | ገ/ስላሴ ገብሩ ሓድጉ | | 256.25 | ፅርግያ | ኣስኳል ፀጋይ | የማነ ኣፅብሃ | ፅርግያ |
| 14 | ኣርኣያ ነጋ | ዕድሎት | ኣርኣያ ነጋ | | 272.70 | ሃ/ዘርኣይ ሰይፉ | ለታይ ገብሩ | ፅርግያ | ፅርግያ |
| 15 | መ/ር ተወልደ ሂወት | ዕድሎት | መ/ር ተወልደ ሂወት | | 265 | ፅርግያ | ሽቃ በላይ | ኪሮስ መብራህቱ | ግራማች ታትዮስ |
| 16 | ለታይ ገብሩ | ዕድሎት | ለታይ ገብሩ | | 157.18 | ኣርኣያ ነጋ | መ/ር ሮማን | ፅርግያ | ፅርግያ |
| 17 | ኪሮስ ተስፉኡ | ዕድሎት | ኪሮስ ተስፉኡ | | 250 | ፃድቃን ተስፋይ | ገ/ጌር ተስፍኡ | ማይ ገንኢ | ፅርግያ |
| 18 | ኪዳን ሙኡዝ | ዕድሎት | ኪዳን ሙኡዝ | | 192.156 | ገ/ፃዲቅ ወላይ | ኪዱ ተካ | ሃይለማርያ | ፅርግያ |
| 19 | ሻ/ል ሃይላይ ደስታ | ዕድሎት | ሻ/ል ሃይላይ ደስታ | | 260.82 | ሃይሉ ግደይ | ፅርግያ | ንግስቲ ሃይላይ | ፅርግያ |
| 20 | ክንፈ ተ/ሃይማኖት | ዕድሎት | ክንፈ ተ/ሃይማኖት | | 180.90 | ሃ/ቃ ሃ/ማርያም | ርእሶም ኪ/ማርያም | ኪዱ ባእዝ | ፅርግያ |
| 21 | ሚኪኤለ ዘነበ | ዕድሎት | ሚኪኤለ ዘነበ | | 250 | ኪሮስ ውርቅልል | ሓጎስ ገ/ኪሮስ | ወዘፍ ታደለ | ፅርግያ |
| 22 | ገ/ጀወርግስ ወ/ኤል | ዕድሎት | ገ/ጀወርግስ ወ/ኤል | | 246.96 | ፅርግያ | ኣለም ኣባይ | - | ወላይ ተ/ማርያም |
| 23 | ሞ/ቃ ኣረጋዊ ሓዱሽ | ዕድሎት | ሞ/ቃ ኣረጋዊ ሓዱሽ | | 316.25 | ኣብርሃ ሃይሉ | ፅርግያ | መዝገበ ኣባይ | ኪዳይ ተካ |
| 24 | ቐ/ሓጎስ ገ/ማርያም | ዕድሎት | ቐ/ሓጎስ ገ/ማርያም | | 161.70 | ፅርግያ | ሃፍታይ ኪ/ማርያም | ፅርግያ | ሃ/ገ/ኪሮስ ግደይ |
| 25 | ገ/ጨርቆስ ሃይላይ | ዕድሎት | ገ/ጨርቆስ ሃይላይ | | 125 | ገ/ስላሴ ወ/ኤል | ኣፀደ ተ/ሃይማኖት | ፅርግያ | ሃይላይ መዝገበ |

**ከይዲ ስራሕ ምልማዕ መሬት ማናጅመንትን ቤት መዘጋጃ ከተማ መጋብ**

ናብ ገፅ 10 ይዘውር

... ካብ ገፅ 9 ዝዞረ

## ዞባ ደቡብ

ኸሳሲ ወረዳ ራያ ኣላማጣ ዓ/ሕጊ፣ ተኸሰሲ ኣይተ ብርሃኑ ካህሳይ ኣየነ ኣድራሻ - ወ/ራ/ኣላማጣ ጣብያ ሰላም ብቃልሲ ሃ ቁሸት - ኣዲስ ኣለም መንጎ ብዘሎ ውንብድና/ክትራን/ ገበን ክትዕ ተኸሳሲ ክሲ ተመስሪትኩም ኾይኑ ግና ኣብ ኣድራሻኹም ክትርከቡ ስለ ዘይኸኣልኩም በዚ መሰረት እውን ንዕለት 25/12/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡30 ንጉሆ ናብ ወረዳ ቤት ፍርዲ ራያ ኣላማጣ ንክትቐርቡ ኣብቲ ዝተጠቐሰ ዕለትን ሰዓትን እንተዘይቐሪብኩም ግና ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምዃኑ ነፍልጥ ክብል ቤት ፍርዲ ወረዳ ራያ ኣላማጣ ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ወረዳ ራያ ኣላማጣ**
**ቤት ፍርዲ**

ከሳሲ ዓ/ሕጊ ወ/እ/ኣላጀ፣ ተኸሳሲ፡- ኣይተ ደጀን ካሳየ ደስታ ብዝተኸሰስኩምሉ ገበን ከቢድ ኣካል ምጉዳል መሰረት ተኸሳሲ ኣብ ኣድራሽኡ ትኣልሹ ስለዝተሰኣነ ንዕለት 19/12/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ናብ ወ/እ/ኣላጀ ቤት ፍርዲ ንክትቐርቡ እንተዘይቐሪብኩም ድማ ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ዝርአ ምኻኑ ወ/እ/ኣላጀ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ፡፡

**ወረዳ እ/ኣላጀ ቤት ፍርዲ ምድብ**
**መጋባእያ ዓዲ ሽሁ**

ኸሳሲ ናይ ኢትዮጵያ ኣገልግሎት ሓይሊ መብራህቲ መቐለ ዲስትሪክት፣ ተኸሳሲ ኣይተ ዘመንፈስ ደበሱ ተስፋይ ኣብ ሞንጎ ዘሎ ናይ ጉድኣት ካሕሳ ክትዕ ም/መጋባእያ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ኣላማጣ ብዕለት 02/11/2012 ዓ/ም ኣብ ዝወዓሎ መጋባእያ ዝሃቦ ትእዛዝ መፀዋዕታ ተላእኽልኩም ክትርከቡ ስለዘይኻኣልኩም ቆፀሮኹም ንዕለት 14/01/2013 ዓ/ም ሰዓት 4፡00 ስለዝኾነ በቲ ዕለት ቀሪብኹም ክትዕኹም ንክተካይዱ በቲ ዕለት እንተዘይቐሪብኩም መዝገቡ ብዘየለኹምሉ ተረእዩ ብይን ዝወሃብ ምዃኑ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ምድብ መጋባእያ ማእኸላይ**
**ቤት ፍርዲ ኣላማጣ**

መመልከቲት ወ/ሮ ስዒዲ ኣደም ሑሴን ተፀዋዒ በዓል ገዛይ ኣይተ ዓሊ ኣደም ዓብድቃድር ጠፍኡኒ ድሃዩ ስለዝሰኣንኩዎ እለን ኣመልኪተን ኣለዋ እንተ ሃልዮም ብኣካል ክቐርቡ ወይ ድማ ተቓዋሚ እንተሃልዩ ንዕለት 08/01/2013 ዓ/ም ሰዓት 4፡00 ኣብ ከተማ ማይጨው ወረዳ ቤት ፍርዲ ንክቐርቡ እንተዘይቐሪቦም ናይ ምጥፋእ ውሳነ ዝወሃብ ምዃኑ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ከተማ ማይጨው ወረዳ**
**ቤት ፍርዲ**

ኣይተ ደሳለኝን በርሀን ሕ/ሽ/ማሕበር ናይ ኣታዊ ቅብሊት ደረሰኝ ጠፍኡኒ እሎም መረዳእታ ኣተሓሒዞም ኣመልኪቶምና ስለዘለዉ መፍለጢ ዝጠፍአ ቅብሊት ናይ ኣታዊ ዝተሰርሐሉ ካብ 0001 ክሳብ 0049 ዘይተሰርሐሉ ድማ ክሳብ 0050 ቅብሊት ዝጠፍአ ምዃኑ ንሕብር፡፡

**ቤት ፅሕፈት ልምዓት እቶት**
**ወረዳ እንዳሞኾኒ**

## ዞባ ማእኸል

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ፣ ተኸሳሲ ጌታቸው ወ/ኪሮስ በዛበህ ኣ/ሻ ከተማ ዓ/ዓዲ ቀበሌ 01 ቀጠና ሓምለ ኣብ ሞንጎ ብዘሎ ናይ ስርቂ ገበን ጉዳይ ተመልኪቱ ተኸሳሲ ኣብ ኣድራሽኦም ታኣልሾም ክርከቡ ስለዘይካኣሉ ንዕለት 21/12/2012 ዓ/ም ሰዓት 4፡00 ናብ ከተማ ዓ/ዓዲ ወረዳ ቤት ፍርዲ ንክቀርቡ እንተዘይቀሪቦም ድማ ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ተረእዩ ዝውሰን ምዃኑ ፈለጥኹም ንክትቐርቡ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ከተማ ዓ/ዓዲ**
**ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ፣ ተኸሳሲ፡- ህፃን ሰለሙን ኣልጋነህ ሃይሉ ኣ/ሻ ከተማ ዓ/ዓዲ ቀበሌ 03 ቀጠና ሃፍቶም ኣብ ሞንጎ ብዘሎ ናይ ከ/ስርቂ ገበን ጉዳይ ተመልኪቱ ኸሳሲ ኣብ ኣድራሽኦም ታኣልሾም ክርከቡ ስለዘይካኣሉ ንዕለት 20/12/2012 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ናብ ከተማ ዓ/ዓዲ ወረዳ ቤት ፍርዲ ንክቀርቡ እንተዘይቀሪቦም ድማ ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ተረእዩ ዝውሰን ምዃኑ ፈለጥኹም ንክትቐርቡ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ከተማ ዓ/ዓዲ**
**ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ፣ ተኸሳሲ ኣይተ ገ/ማርያም ገ/መድህን ወ/ማርያም ኣድራሻ ወ/ታ/ማይጨው ጣብያ ዓዲ ጓራ ብዝተኸሰስኩምሉ ገበን ከቢድ ኣካል ጉድኣት ዝብል ተደጋጋሚ ትእዛዝ ቤት ፍርዲ ወፅእ ሎም ኣብ ኣድራሽኦም ክርከቡ ስለዘይኻኣሉ ንዕለት 20/12/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ናብ ወ/እ/ማርያም ቤት ፍርዲ ክትቐርቡ ተኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ወረዳ እንዳማርያም**
**ምድብ መጋባእያ ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ፡- ዓ/ሕጊ፣ ተኸሳሲ፡- 1 ክብሮም ተከስተ ተስፋይ ኣደራሻ ወረዳ ኣሕፈሮም እንትጮ ጣብያ ቀበሌ 01 ቁሸት 4 መንጎ ብዘሎ ናይ ከቢድ ስርቂ ክሲ ተኸሳሲ ተደሊኹም ከትርከቡ ስለዘይኸኣልኩም ኣብ ዕለት ቆፀሮኹም ክትቐርቡ ስለ ዘይኸኣልኩም ንዕለት 25/12/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ናይ ክሲ መዝገብኹም ናብ ዝርከበሉ ቤት ፍርዲ ወረዳ እንትጮ ንኽትቐርቡ ክትቐርቡ እንተዘይኽኢልኩም ግና ኣብ ልዕሌኹም ዝቐረበ ክሲ ብዘየለኹምሉ ዝረአ ምዃኑ ነፍልጥ ክብል ቤት ፍርዲ ወረዳ እንትጮ ኣዚዙ ኣሎ።

**ወረዳ ኣሕፈሮም ምድብ**
**መጋባእያ እንትጮ**

መመልከቲት፡- ወ/ሮ ለተንስኤ ገ/ስላሴ ተፀዋዒ በዓል ገዛይ ኣይተ ገ/መድህን ተስፋይ ኣድራሻ ወረዳ ኣሕፈሮም ጣብያ ታ/ም/ፁምረ ቁሸት ልሐም ካብ ዕለት 17/9/21997 ዓ/ም ጀሚሩ ስለዝጠፊኣኒ ናይ ምጥፋእ ዉሳኔ ይዋሃበኒ ስለዝበላ ዝቃወም እንተሃልዩ ንዕለት 18/12/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ናብ ወረዳ እንትጮ ቤት ፍርዲ ንክቐርብ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ወረዳ ኣሕፎሮም ምድብ**
**መጋባእያ እንትጮ**

ኸሳሲት ወ/ሮ ስላስ ፍፁም ተፀዋዒ በዓል ገዛይ ኣይተ ሽሻይ ኣበበ ኣድራሻ ወረዳ ዓድዋ ጣብያ ደ/ገነት ቁሸት ደብረ ፀሃይ ነባሪ ዝኾኑ ስለዝጠፍኣኒ ናይ ምጥፋእ ዉሳኔ ይዋሃበኒ ስለዝበላ እንተሃልኹም ንዕለት 21/12/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ናይ ንጉሆ ናብ ወረዳ ዓድዋ ቤት ፍርዲ ንክትቐርቡ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ቤት ፍርዲ ወረዳ ዓድዋ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ ወ/ወ/ለኸ፣ ተኸሳሲ ኣይተ ጉዕሽ ሃደራ ደስታ ኣድራሻ ወረዳ ወ/ለኸ ጣብያ እንዳ ጭዋ ቁሸት ላ/እንዳጭዋ ኣብ ሞንጎኦም ብዘሎ ናይ ከቢድ ስርቂ ገበን ክሲ ተኸሳሲ ኣብ ዕለት ቆፀሮኹም ንክትቐርቡ ተኣዚዝኩም ብኣድራሻኹም ስለዝተሳኣንኩም ንዕለት 02/13/2012 ዓም ሰዓት 3፡30 ናይ ቀትሪ ናብ ምድብ መጋባእያ ወረዳ እንዳባፃሕማ ቤት ፍርዲ ቀሪብኩም እምነት ክሕደት ቃልኩም ንክተስምዑ ኣብ ዕለት ቆፀሮኹም እንተዘይቐሪብኩም ግና ጉዳይኩም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ውሳነ ዝዋሃብ ምዃኑ ወረዳ እንዳባፃሕማ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ምድብ መጋባእያ ወረዳ**
**እንዳባፃሕማ ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ፣ ተኸሳሲ ኣይተ ተወልደ ኪደ ገ/ሂወት ኣብ መንጎኹም ብዘሎ ከ/ስርቂ ገበን ክሲ ተኸሳሲ ኣብ ዕለት ቆፀሮ ተኣዚዝኩም ንክትቐርቡ ብኣድራሻኹም ስለ ዝተሰኣንኩም ንዕለት 18/12/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ቀሪብኩም እምነት ክሕደት ቃል ንክትህቡ ኣብ ዕለት ቆፀሮኹም እንተዘይቀሪብኹም ግና ብዘየለኹምሉ ጉዳይኹም ተራእዩ ውሳነ ዝወሃብ ምዃኑ ከተማ ኣክሱም ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ፡፡

**ከተማ ኣክሱም**
**ቤት ፍርዲ**

መመልከቲት መ/ር ዛይድ ተኽላይ ዝተብሃላ በዓል ሓዳረይ ኣይተ ኣታኽልቲ ዘርኣይ ገ/ሚካኤል ዝተብሃሉ ብዕለት 21/01/2010 ዓ/ም ንስራሕ ኢሉ ምስ ወፀ ስለ ዘይተመለሰ ናይ ምጥፋእ ውሳኔ ይወሃበኒ ኢለን ስለ ዘመልከታ እንተሃሊኹም ንዕለት 20/12/12 ዓ/ም ሰዓት 2፡30 ናብ ወረዳ ዓ/4ተ ቤ/ፍርዲ ንክትቐርቡ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ፡፡

**ወረዳ ዓዲ ኣርባዕተ**
**ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ፣ ተኸሳሲ ኣይተ ክብሮም ፅገ ፍስሃ ኣድራሻ ወረዳ ዓደዋ ጣብያ ቤተዮሃንስ ቁሸት ቤተዮሃንስ ንዝተኸሰስኩምሉ ከቢድ ኣካል ጉድኣት ገበን ንዕለት 22/12/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 እምነት ክሕደት ቃል ንምስማዕ ዝተቆፀርኩም ምኻንኩም ፈሊጥኩም ኣብ ቆፀሮኹም ንክትቐርቡ እንተዘይቐሪብኩም ግና ጉዳይኹም በዘየለኹምሉ ተራ እዩ ዝውሰን ምኻኑ ፈሊጥኩም ንክትቐርቡ ቤት ፍርዲ ከተማ ዓድዋ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ከተማ ዓድዋ**
**ወረዳ ቤት ፍርዲ**

ኣፈ/ኸሳሲ፡-መ/ር ወ/ገብርኤል በርሀ ገ/ማርያም ጠበቃ ተኽለ ገ/ሄር፣ ኣፈ/ተኸሳሲት፡/ወ/ሮ ሰንበቱ ገ/ስላሰ ገብርየ ሞንጎ ብዘሎ ናይ ኣፈፃፀም ክትዕ ጉዳይ ኣብ ከተማ ድብድቦ ቀጠና 3 ዝርከብ መዋሰኒኡ ብምብራቕ ዶ/ር በርሀ ተስፋይ ብምዕራብ ኣይተ መዓዛ ኣብርሃ ብሰሜን ኣይተ ፀጋይ ደስታ ብደቡብ መንገዲ/ ፅርግያ ስፍሓት ቦትኡ 200 ሜ/ካሬ ዝኾነ ብሽም መ/ር ወ/ገብርኤል በርሀ ዝፍለጥ ብመበገሲ ዋጋ ብር 144,448.50 /ሓደ ሚኢትን ኣርብዓን ኣርባዕተን ሽሕን ኣርባዕተ ሚኢትን ኣርብዓን ሾሞንተን ቖርሽን ሓምሳ ሳንትምን/ ክሸየጥ ስለዝተደለየ ክጫረት ዝደሊ ሰብ እንተሃልዩ ንዕለት 25/1/2013 ዓ/ም ካብ ሰዓት 3፡00 ክሳብ 6፡00 ኣብ ዘሎ ግዜ ኣብቲ ዝተጠቐሰ ቦታ ቀሪቡ ክጫረት ምዃኑ ጨረታ ሰዓራይ ኮይኑ ዝተረኸበ 50% ከትሕዝ ከምዘለዎ እንትጮ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ወረዳ ኣሕፈሮም ምድብ**
**መጋባእያ እንትጮ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ፣ ተኸሳሲ፡-ኣይተ ሃይለማርያም ገ/ሄር ገ/ማርያም ኣ/ሻ ወ/ማ/ቅነጣል ጣብያ ዘበነገ ነባሪ ዝኾኑ ኣብ ሞንጎኦም ብዘሎ ከቢድ ስርቂ ገበን ክሲ ኣብ ቆፀሮ ዕለት 03/13/12 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ናብ ወረዳ ቤት ፍርዲ ማይቅነጣል ንክትቐርቡ እንተዘይቐሪብኩም ግና ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ዝረአ ምዃኑ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ወረዳ ማይቅነጣል**
**ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ፣ ተኸሳሲ ኣይተ ሃይላይ ሓጎስ መኮነን ኣ/ሻ ወ/ማ/ቅነጣል ጣብያ ምጭልቃኒ ነባሪ ዝኾኑ ኣብ ሞንጎኦም ብዘሎ ከቢድ ኣካል ምጉዳል ገበን ክሲ ኣብ ቆፀሮ ዕለት 03/13/12 ዓ/ም ሰዓት 3፡30 ናብ ወረዳ ቤት ፍርዲ ማይቅነጣል ንክትቐርቡ እንተዘይቐሪብኩም ግና ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ዝረአ ምዃኑ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ወረዳ ማይቅነጣል**
**ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ፣ ተኸሳሲ ኣይተ ገ/መስቀል ብርሃነ ለገሰ ወረዳ እገላ ጣብያ ዕ/ጀጋኑ ቁሸት ዕ/ ረቡዕ መንጎ ዘሎ ናይ ኸቢድ ኣካል ምጉዳል ገበን ክሲ ተኸሳሲ ክትቐርቡ ስለ ዘይኸኣልኩም ንዕለት 14/01/2013 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ናብ ወረዳ እገላ ቤት ፍርዲ ከምትቐርቡ እንተዘይቀሪብኹም ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምዃኑ ነፍልጥ ክብል ቤት ፍርዲ ወረዳ እገላ ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ቤት ፍርዲ ወረዳ እገላ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ፣ ተኸሳሲ ኣይተ ዜናዊ ደስበለ ሃይለ ወረዳ እገላ ጣብያ ገ/ስርናይ ቀጠና 01 መንጎ ዘሎ ናይ ኸቢድ ኣካል ምጉዳል ገበን ክሲ ተኸሳሲ ክትቐርቡ ስለ ዘይኸኣልኩም ንዕለት 13/01/2013 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ናብ ወረዳ እገላ ቤት ፍርዲ ከምትቐርቡ እንተዘይቀሪብኹም ጉዳይኹም ብዘየ ለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምዃኑ ነፍልጥ ክብል ቤት ፍርዲ ወረዳ እገላ ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ቤት ፍርዲ ወረዳ እገላ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ፣ ተኸሰስቲ 1.ኣይተ መርሃዊ በሪሁ ካሕሳይ ወረዳ እገላ ጣብያ ሆያ መደብ ቁሸት ዓ/ኣፅናዓኒ ፣ 2. ኣይተ መሓሪ መብራህቶም ተስፋይ ወረዳ እገላ ጣብያ ሆያ መደብ ቁሸት ዓ/ኣፅናዓኒ ፣ 3.ኣይተ ኮከብ ነጋሲ ፍትዊ ወረዳ እገላ ጣብያ ሆያ መደብ ቁሸት ዓ/ኣፅናዓኒ መንጎ ዘሎ ናይ ኸቢድ ኣካል ምጉዳል ገበን ክሲ ተኸሰስቲ ክትቐርቡ ስለ ዘይኸኣልኩም ንዕለት 12/01/2013 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ናብ ወረዳ እገላ ቤት ፍርዲ ከምትቐርቡ እንተ ዘይቀሪብኹም ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምዃኑ ነፍልጥ ክብል ቤት ፍርዲ ወረዳ እገላ ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ቤት ፍርዲ ወረዳ እገላ**

## ጨረታ

ኣፈ/ኸሳሲት ፡- ወ/ሮ ንግስቲ ገ/ተንሳይ ወኪል ኣይተ ኣዋሽ ፍስሃ ፣ ኣፈ/ተኸሳሲት ፡- ወ/ሮ ታሪክ ገ/ተንሳይ ወኪል ኣይተ ኪ/ማርያም ገ/ተንሳይ

ኣብ መንጎ ዘሎ ናይ ኣፈፃፀም ክትዕ ነዚ ኣፈ/መበገሲ ዝኾነ ኸሳሲት ኣብ ልዕሊ ኣፈፃፀም ተኸሳሲት ዘቕረብኦ ናይ ኣፈ/ክሲ መንጎ ብዘሎ ናይ ኣፈፃፀም ፍ/ሄር ናይ ውርሲ ሃፍቲ ክትዕ ኣብ ከተማ ዓድዋ ቀበሌ 07 ብሽም ኣፈ/ተኻታዕቲ ወገናት ዝፍለጥ ገዛን ቦታን ስፍሓቱ 250 ሜትር ካሬ መዋሰኒኡ ብምብራቅ መንገዲ ፣ ብምዕራብ ሮማን ፣ ብሰሜን ግደይ ገ/መስቀል ፣ ብደቡብ መንገዲ ዘዋስኖ ኣብ ውሽጡ 8ተ ክፍሊ ገዛውቲ ምስ ሻወርን ሽንትቤትን ተኻታዕቲ ወገናት ብስምምዕ ክካፈሉ ስለ ዘይኸኣሉ ቤት ፍርዲ ኣጫሪቱ ንተኻታዕቲ ወገናት ከማቕሎም ስለ ዝደለየ ብመበገሲ ዋጋ ብር 745051.3 /ሸውዓተ ሚኢትን ኣርብዓን ሓሙሽተን ሽሕን ሓምሳን ሓደን ብር ምስ 30/100 ሳንቲም ክጫረት ዝደሊ ሰብ እንተሃልዩ ንዕለት 27/01/2013 ዓ/ም ካብ ሰዓት 3፡00 ክሳብ ሰዓት 6፡00 ናይ ቀትሪ ብግልፂ ጨረታ ስለ ዝካየድ ኣብቲ ዝተጠቐሰ ሰዓትን ገዛን ተረኺብኩም ንክትጫረቱ ከተማ ዓድዋ ወረዳ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ከተማ ዓድዋ**
**ወረዳ ቤት ፍርዲ**

ናብ ገፅ 11 ይዘውር ...

... ካብ ገፅ 10 ዝዞረ

መመልከቲ ኣይተ ሃፍቱ በርሀ በዓልቲ ሓዳረይ ወ/ሮ ፍፁም ፍቅረ ግደይ ኣብ ከተማ ዓድዋ ቀበሌ ደብርቺ እትትነብር ብዕለት 07/09/2005 ዓ/ም ናብ ኣዲስ ኣበባ ቤተሰብ ሪኤ ክመፅእ ኢላ ምስከደት ስለዘይተመለሰትን ኣብቲ ዝኸደቶ ቦታ ይኹን ኣብ ካሊእ ደልየ ኣልሽ ክረክባ ስለዘይኻኣልኩ ናይ ምጥፋእ ውሳነ ይዋሃበኒ ኢሎም ናብ ቤት ፍርዲ ስለዘመልከቱ ቤት ፍርዲ ኣብ ልዕሊ ወ/ሮ ፍፁም ግደይ ቅድሚ ናይ ምጥፋእ ውሳነ ምሃቡ ኣብ ዘለ ዎኦ ዝፈልጥን ናይ ምጥፋእ ውሳነ ከዋሃብ የብሉን ዝብል ኣካል እንተሃልዩ ብኣካል ቀሪቡ ተቓውምኡ ንዕለት 25/12/2012 ዓ/ም ሰዓት 4፡00 ንክቐርብ ቤት ፍርዲ ከተማ ዓድዋ ኣዞ ኣሎ፡፡

**ከተማ ዓድዋ ወረዳ**
**ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ፣ ተኸሳሲ ተስፋይ ሓጎስ ኣበራ ኣ/ሻ ከተማ ዓ/ዓዲ ቀበሌ 01 ቀጠና ማይሎሚን ኣብ ሞንጎ ብዘሎ ናይ ከ/ስርቂ ገበን ጉዳይ ተመልኪቱ ተኸሳሲ ኣብ ኣድራሽኦም ታኣልሾም ክርከቡ ስለዘ ይካኣሉ ንዕለት 03/13/2012 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ናብ ከተማ ዓ/ዓዲ ወረዳ ቤት ፍርዲ ንክቀርቡ እንተ ዘይቀሪቦም ድማ ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ተረእዩ ዝውሰን ምኧኑ ፈለጥኹም ንክትቐርቡ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ከተማ ዓ/ዓዲ ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ፣ ተኸሳሲ ታደሰ መኮነን ዳርቻ ኣ/ሻ ናዕዴር ዓዴት ጣብያ ሸናቆ ቁሸት ፃዕዳ ምሸላ ኣብ ሞንጎ ብዘሎ ናይ ከ/ስርቂ ገበን ጉዳይ ተመልኪቱ ተኸሳሲ ኣብ ኣድራሽኦም ታኣልሾም ክርከቡ ስለዘይካኣሉ ንዕለት 01/13/2012 ዓ/ም ሰዓት 4፡00 ናብ ከተማ ዓ/ዓዲ ወረዳ ቤት ፍርዲ ንክቀርቡ እንተዘይቀሪቦም ድማ ጉዳይኹም ብዘየ ለኹምሉ ተረእዩ ዝውሰን ምኧኑ ፈለጥኹም ንክትቐርቡ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ከተማ ዓ/ዓዲ ቤት ፍርዲ**

ኣፈ/ኸሰስቲ ፡-1 ህፃን ካቲም በየነ ጣብያ ከ/መ/ሰናይ ቀጠና 04፣ 2 ህፃን ካፒታል በየነ ጣብያ ከ/መ/ሰናይ ቀጠና 04 ሞግዚት፡- ወ/ሮ ኣበባ ዘርኣይ ጣብያ ከ/መ/ሰናይ ቀጠና 04፣ 3 ወ/ሪት ሙሉ በየነ ጣብያ ከ/መ/ሰናይ ቀጠና 04 ወኪል፡- ወ/ሮ ኣበባ ዘርኣይ ጣብያ ከ/መ/ሰናይ ቀጠና 04፣ ኣፈ/ተኸሳሲት፡- ወ/ሮ ዋሂድ ገ/ስላሴ ጣብያ ከ/መ/ሰናይ ቀጠና 04 ኣብ ሞንጎ ብዘሎ ናይ ኣፈ/ገዛ ከተማ ክርክር ጉዳይ ኣመልኪቱ ኣብ ወረዳ መ/ለኸ ጣብያ ከ/መ/ሰናይ ቀጠና 04 ዝርከብ ገዛን ቦታን መዋሰኒኡ፡ ብምብራቕ ኣበባ ዘርኣይ ብምዕራብ መድህን ገ/መድህን ብሰሜን ፅርግያ ብደቡብ ሻምበል መሓመድ ዓብዱ ስፍሓቱ 100 ካ/ሜትር ዝዓረፎ ሓደ ገዛ ዝተሰርሐ መነሻ ግምት ዋጋ 57808.92 /ሓምሳን ሸውዓተን ሽሕን ሸሞንተ ሚኢትንሾሞንተን ቕርሽን ቴስዓን ክልተን ሳንቲምን/ዝግመት ነዚ ገዛ ይጫረት ስለዘሎ ዝጫረት ኣካል እንተሃልዩ 30/1/2013 ዓ/ም ሰዓት 4፡00 ናብወ/ኣሕስኣ ቤት ፍርዲ ቀሪቡ ንክጫረት ወረዳ ኣሕስኣ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ወረዳ ኣሕስኣ ቤት ፍርዲ**

ኣብ ከተማ ጉያ ዝርከቡ ነባር ትሕዝቶ ናይ ባዕልና እዩ ስለዝበሉ ግን ድማ መረጋገፂ ሰነድ ስለዘይብሎም ናብ ርስተ መዝገብ ይኣቱ ስለዘሎ ተቓዋሚ እንተሃልዩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ናብ ከይዲ ስራሕ ምልማዕ መሬትን ማናጅመንትን ከተማ ጉያ ተቓውመኩም ንክተቕርቡ እንተዘይኮይኑ ግና በቲ ኣብ ታሕቲ ሸሞም ዝተጠቐሱ ኣካል ርስተ መዝገብ ከምዝስረሐሎም ነፍልጥ፡፡

| ተ/ቁ | ስም ዝርዝር | ከተማ | መዋሰኒኡ | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|
| | | | ብምብራቅ | ብምዕራብ | ሰሜን | ደቡብ | ስፍሓት ሜ/ካሬ |
| 1 | ገ/ሊባኖስ ደመቀ | ጉያ | ገ/ኣረጋይ ገ/ዋህድ | ሙላው ተሰማ | ፅርግያ | ኣብርሃ ንጉሰ | 10*14 |
| 2 | ገ/ሊባኖስ ከበደው ካሳ | ጉያ | ገ/ሃንስ ገ/የሱስ | ገ/ሄር ወ/ስላሴ | ካሳ ገ/ሄር | ፅርግያ | 12.5*20 |

**ቤት ፅሕፈት ልምዓት ከተማ ንግድን ኢንዳስትርን ጨንፈር ጉያ ከይዲ ስራሕ ምልማዕ መሬትን ማንጅመንትን**

## ዞባ ሰ/ምዕራብ

ኸሳሲ ወ/ማ/ሓንሰ ዓ/ሕጊ፣ ተኸሰስቲ፡ -1ይ ኣይተ ደሳለይ ገ/የሱስ ኣባይ ኣ/ሻ ወ/መ/ለከ ጣብያ ጭላ ቁሸት ከተማ ፣ 2ይ ኣይተ ሂወታ ኪሮስ በርሀ ኣ/ሻ ወ/ታ/ማጨው ጣብያ ደብረ ሽዊት ቁሸት ዓዲ ሃፍቱ ሞንጎ ብዘሎ ናይ ከቢድ ስርቂ ገበን ክሲ ተኸሰስቲ ኣብ ዝነብረሉ ኣድራሻ ከምዝተሰኣኑን ኣብ ቤት ፍርዲ ክሲ ከምዘለዎም ቆፀሮኦም ፈሊጦም ንዕለት 02/13/2012 ዓ/ም 3፡00 ንጉሆ ንክቀርቡ እንተዘይቐሪቦም ግና ጉዳዮም ብዘየለውሉ ከምዝረአ ወ/ማ/ሓንሰ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ወ/ማ/ሓንሰ**
**ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ ወ/ታ/ኣድያቦ ፣ ተኸሳሲ ኣይተ ተስፋይ ተኽሉ ግደይ ኣድራሻ ወረዳ ቃፍታ ሑመራ ጣብያ ማይ ቀይሕ ቁሸት ተከዘ ኣብ ሞንጎ ዘሎ ናይ ከቢድ ኣካል ምጉዳል ክሲ ተኸሳሲ ኣብ ቤት ፍርዲ ንዘለኩም ክሲ ኣብ ኣድራሻኹም ተኣልሸኩም ስለ ዝተሰኣንኩም ንዕለት 18/12/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ናብ ቤት ፍርዲ ወ/ታ/ኣድያቦ ቀሪብኩም ጉዳይኹም ንኽትከታተሉ እንተዘይቀሪብኹም ግና ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምኧኑ ቤት ፍርዲ ወ/ታ/ኣድያቦ ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ቤት ፍርዲ**
**ወ/ታ/ኣድያቦ**

## ጨረታ

ኣፈ/ከሳሲት - ተሓጓስ ኪዳነ ጠበቃ ም/ኮ/ር ኣደራጀው ተፈሪ፣ ኣፈ/ተኸሳሲ - ግርማይ ተኽለ ጠበቃ ሰመረ ጥላሁን ሞንጎ ዘሎ ናይ ኣፈፃፀም ክርክር ኣብ ወ/ላ/ኣ/ከተማ ዓዲ ዳዕሮ ዝርከብ ገዛን ቦታን መዋሰኒኡ ፡- ብምብራቅ - ፅርግያ ፣ ብምዕራብ - ፅርግያ ፣ ብሰሜን - ደ/ር ዘርኣብሩክ ፣ ብደቡብ - ፅርግያ ስፍሓቱ 250 ሜትር ካሬ ግምቱ 223,571.54 ክልተ ሚኢትን ዒስራን ሰለስተን ሽሕን ሓሙሽተ ሚኢትን ሰብዓን ሓደን ነጥቢ 54 ሳንቲም / ዝኾነ ብሽም ኣፈ/ተኸሳሲ ዝፍለጥ ክጫረት ስለ ዝተደለየ ክጫረት ዝደሊ ኣካል እንተሃልዩ ንዕለት 23/12/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ኣብዚ ዝተጠቐሰ ገዛን ቦታን ተረኺብኩም ንክትጫረቱ ቤት ፍርዲ ዓ/ዳዕሮ ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ዓዲ ዳዕሮ ወረዳ ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ ዞበ ሰ/ምዕ/ዓ/ሕጊ፣ ተኸሳሲ1.ኣይተ ይብራህ ገ/ቸኣል ኣብርሃ ኣብ ሞንጎ ብዘሎ ናይ ቅትለት ፈተነ ክሲ መሰረት ተኸሳሲ ጉዳይኹም ቀሪብኹም ክትከታተሉ ስለ ዘይኸኣልኩም ነዚ ምልክታ ሪኢኹም ኣብ ቆፀሮ ዕለት 21/12/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ንክትቐርቡ እንተ ዘይ ኾይኑ ግን መዝገብኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምኧኑ ዞባ ሰ/ምዕ/ማእ/ቤት ፍርዲ ሽረ ኣዚዙ ኣሎ።

**ዞባ ሰ/ምዕራብ ማእኸላይ ቤት**
**ፍርዲ ምድብ መጋባእያ ከተማ ሽረ**

ኸሳሲ ዞበ ሰ/ምዕ/ዓ/ሕጊ፣ ተኸሳሲ 1.ኣብርሃም ነጋሽ ገ/ስላሰ ኣብ ሞንጎ ብዘሎ ናይ ፈተነ ኣ/ምድፋር ክሲ መሰረት ተኸሳሲ ጉዳይኹም ቀሪብኹም ክትከታተሉ ስለ ዘይኸኣልኩም ነዚ ምልክታ ሪኢኹም ኣብ ቆፀሮ ዕለት 05/01/2013 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ንክትቐርቡ እንተዘይ ኾይኑ ግን መዝገብኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምኧኑ ዞባ ሰ/ምዕ/ማእ/ቤት ፍርዲ ሽረ ኣዚዙ ኣሎ።

**ዞባ ሰ/ምዕራብ ማእኸላይ ቤት**
**ፍርዲ ምድብ መጋባእያ ከተማ ሽረ**

ኸሳሲ ዞበ ሰ/ምዕ/ዓ/ሕጊ ፣ ተኸሳሲ 1.ኣይተ ፍፁም ኣብርሃለይ ገ/ሃንስ ኣብ ሞንጎ ብዘሎ ናይ ከቢድ ኣካል ጉድኣት ክሲ መሰረት ተኸሳሲ ጉዳይኹም ቀሪብኹም ክትከታተሉ ስለ ዘይኸኣልኩም ነዚ ምልክታ ሪኢኹም ኣብ ቆፀሮ ዕለት 26/12/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ንክትቐርቡ እንተዘይ ኾይኑ ግን መዝገብኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምኧኑ ዞባ ሰ/ምዕ/ማእ/ቤት ፍርዲ ሽረ ኣዚዙ ኣሎ።

**ዞባ ሰ/ምዕራብ ማእኸላይ ቤት**
**ፍርዲ ምድብ መጋባእያ ከተማ ሽረ**

ኸሳሲ ዞበ ሰ/ምዕ/ዓ/ሕጊ፣ ተኸሳሲ 1.ግራማች ተስፋይ ገ/መድህን ኣብ ሞንጎ ብዘሎ ናይ እምባጓሮ ክሲ መሰረት ተኸሳሲ ጉዳይኹም ቀሪብኹም ክትከታተሉ ስለ ዘይኸኣልኩም ነዚ ምልክታ ሪኢኹም ኣብ ቆፀሮ ዕለት 22/12/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ንክትቐርቡ እንተ ዘይ ኾይኑ ግን መዝገብኹም ብዘየለኹምሉ ተራ እዩ ዝውሰን ምኧኑ ዞባ ሰ/ምዕ/ማእ/ቤት ፍርዲ ሽረ ኣዚዙ ኣሎ።

**ዞባ ሰ/ምዕራብ ማእኸላይ ቤት**
**ፍርዲ ምድብ መጋባእያ ከተማ ሽረ**

ኸሳሲ ዞበ ሰ/ምዕ/ዓ/ሕጊ፣ ተኸሳሲ 1.ኣይተ ብርሃነ ሃይሉ ገዘሃኝ ኣብ ሞንጎ ብዘሎ ናይ ንትሕቲ ዕድመ ምዕማፅ ክሲ መሰረት ተኸሳሲ ጉዳይኹም ቀሪብኹም ክትከታተሉ ስለ ዘይኸኣልኩም ነዚ ምልክታ ሪኢኹም ኣብ ቆፀሮ ዕለት 25/12/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ንክትቐርቡ እንተዘይ ኾይኑ ግን መዝገብኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምኧኑ ዞባ ሰ/ምዕ/ማእ/ቤት ፍርዲ ሽረ ኣዚዙ ኣሎ።

**ዞባ ሰ/ምዕራብ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ**
**ምድብ መጋባእያ ከተማ ሽረ**

ኸሳሲ ዞበ ሰ/ምዕ/ዓ/ሕጊ፣ ተኸሳሲ 1.መለስ ልኡል ያይነይ ኣብ ሞንጎ ብዘሎ ናይ ግፍዓዊ ቅትለት ፈተነ ክሲ መሰረት ተኸሳሲ ጉዳይኹም ቀሪብኹም ክትከታተሉ ስለ ዘይኸኣልኩም ነዚ ምልክታ ሪኢኹም ኣብ ቆፀሮ ዕለት 26/12/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ንክትቐርቡ እንተዘይ ኾይኑ ግን መዝገብኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምኧኑ ዞባ ሰ/ምዕ/ማእ/ቤት ፍርዲ ሽረ ኣዚዙ ኣሎ።

**ዞባ ሰ/ምዕራብ ማእኸላይ ቤት**
**ፍርዲ ምድብ መጋባእያ ከተማ ሽረ**

ኸሳሲ ዞበ ሰ/ምዕ/ዓ/ሕጊ፣ ተኸሰስቲ 1.ኣይተ ጉዕሽ ፀጋይ ሃፍተ ፣ 2.ኣይተ ተስፋይ ብርሃነ ሃይለ ኣብ ሞንጎ ብዘሎ ናይ ዘይሕጋዊ ሰባት ዝውውር ክሲ መሰረት ተኸሳሲ ጉዳይኹም ቀሪብኹም ክትከታተሉ ስለ ዘይኸኣልኩም ነዚ ምልክታ ሪኢኹም ኣብ ቆፀሮ ዕለት 25/12/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ንክትቐርቡ እንተዘይ ኾይኑ ግን መዝገብኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምኧኑ ዞባ ሰ/ምዕ/ማእ/ቤት ፍርዲ ሽረ ኣዚዙ ኣሎ።

**ዞባ ሰ/ምዕራብ ማእኸላይ ቤት**
**ፍርዲ ምድብ መጋባእያ ከተማ ሽረ**

ኸሳሲ ዞበ ሰ/ምዕ/ዓ/ሕጊ፣ ተኸሰስቲ 1.ኣይተ ቅጭን ሃይሉ ተስፋይ ሃይማኖት ፣ 2.ኣይተ ግደይ ፀጋይ እምባይ ኣብ ሞንጎ ብዘሎ ናይ ቅትለት ክሲ መሰረት ተኸሳሲ ጉዳይኹም ቀሪብኹም ክትከታተሉ ስለ ዘይኸኣልኩም ነዚ ምልክታ ሪኢኹም ኣብ ቆፀሮ ዕለት 21/12/12 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ንክትቐርቡ እንተዘይ ኾይኑ ግን መዝገብኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምኧኑ ዞባ ሰ/ምዕ/ማእ/ቤት ፍርዲ ሽረ ኣዚዙ ኣሎ።

**ዞባ ሰ/ምዕራብ ማእኸላይ ቤት**
**ፍርዲ ምድብ መጋባእያ ከተማ ሽረ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ፣ ተኸሳሲ 1.ኣይተ ዳዊት ፍስሃ መድሃንየ ኣድራሻ ወረዳ ኣስገደ ፅምብላ ጣብያ ሕፃፅ ኣብ መንጎ ዘሎ ናይ ዘይሕጋዊ ሰባት ዘውውር ገበን ክሲ መሰረት ተኸሰስቲ ጉዳይኹም ቀሪብኹም ክትከታተሉ ስለ ዘይኸኣልኩም ነዚ ምልክታ ሪኢኹም ኣብ ቆፀሮኹም ዕለት 26/12/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ንክትቐርቡ እንተዘይ ቐሪብኹም ግን መዝገብኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምኧኑ ዞባ ሰ/ምዕ/ማእ/ቤት ፍርዲ ምድብ መጋባእያ ሽራሮ ኣዚዙ ኣሎ።

**ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ዞባ ሰ/ምዕራብ ከተማ**
**ሽራሮን ታ/ኣድያቦን ምድብ መጋባእያ**

ይግ/ባሃሊ ዓ/ሕጊ፣ ይግ/መ/ወሃብቲ፡ 1.ሚኪኤለ ተሸመ ተክለ ኣድ/ወ/ታ/ኣድያቦ ፣ 2.ብርሃነ ኣፅባሃ ኪዱ ኣድ/ወ/ታ/ኣድያቦ መንጎ ኣብ ዘሎ ናይ ደኒ ውፅኢት ሒዝካ ምርካብ ገበን ይግ ባይ ክርክር መሰረት ይግ/መ/ዋሃቢ ጉዳይኹም ቀሪብኹም ክትከታተሉ ስለ ዘይኸኣልኩም ነዚ ምልክታ ሪኢኹም ንቃል ክትዕ ተዳሊኹም ኣብ ቆፀሮ ዕለት 26/12/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ቅረቡ እንተዘይቐሪብኩም ግን ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምኧኑ ዞባ ሰ/ምዕ/ማእ/ቤት ፍርዲ ሽራሮ ኣዚዙ ኣሎ።

**ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ዞባ ሰ/ምዕራብ ከተማ**
**ሽራሮን ታ/ኣድያቦን ምድብ**

ናብ ገፅ 14 ይዘውር ...

# ዝኽሪ መለስ

## ብምኽንያት ዝኽሪ 8ይ ዓመት መራሒና ተጋደላይ መለስ ዜናዊ ብቢሮ ርክብ ህዝብን መንግስትን ክልል ትግራይ ዝተዳለወ መልእኽቲ

ቃል ፣ ማሃንዲስ ፖለቲካ-ተምሳሌት ፅንዓትን ሃርበኛ ልምዓትን መለስ ዜናዊ !!

ደቂ ሰባትን ተፈጥሮን ተሳንዮም ክነብሩ ፣ ካብ ዕድመ ንእስነቱ ጀሚሩ፣ ንፃት እውን ከይዓረፈ፣ ን37 ዓመታት ቀትርን ለይትን ተጋዲሉን መሪሑን ታሪኽ ንዘለኣለም ዘዝንተዎ፣ ብብርኪ ዓለም፣ ሃገርን ክልልናን መስተንክራዊ ዓወታት ክምዝገብ ዘይተሓለለ ግደ መሪሕነት ዝተፃወተን ብጭቡጥ ተግቢሩ ዝተዋደቐሉ ዕላማ ኣብ ሽትኡ ክወቕዕ ዝገበረ መራሒና ተጋዳላይ መለስ ዜናዊ ካብ ዝስዋእ ዛጊድ ሸሞንተ ዓመት ገይሩ ኣሎ። ብምኽኒኑ መበል 8ይ ዓመቱ ወፍሪ መለስ ንሓምለዋይ ንልምዓት" ብዝብል መሪሕ ሓሳብ ክዝከር እዩ፤

ከም ዝዝከር መራሒና ተጋደላይ መለስ ዜናዊ ቅድሚ 8 ዓመታት ማለት 14 ነሓሰ 2004 ዓ/ም፣ ምሸት ሰዓት 5፡10፣ ብኣካል ኣብ ዝተፈለየና እዋን ብዘይካ ሓይልታት ትምክሕትን ኣያታት እቲ ሎሚ ኣብ ኣራት ኪሎ ቤተ-መንግስቲ ዓሪዱ ዘሎ ውልቀመላኺ ጉጅለ ፣ ኣብቲ እዋን ቁፅሩ ልዕሊ 80 ሚልዮን ዝነበረ ህዝቢ፣ ኩሎም ብሄር፣ብሄር ሰባትን ኢትዮጵያ ሓዘኖም ገሊፆም እዮም።መስዋእቲ መራሒና ተጋደላይ መለስ ዜናዊ ንኢትዮጵያ ጥራሕ ኣይኮነን ኣደንጊፁን ኣሕዚኑን።ብዘይ ምግናን ኣብ ኣርባዕቲኡ ኩርናዓት ዓለም ዝነበረ ውፁዕ ህዝቢ ፣ መራሕቲ ሃገራት፣ ዓለም ለኻዊ ትካላት፣ ሊቃውንትን ተመራመርትን ዓለምናን ውሩያት ፖለቲከኛታትን ወዘተ ዝተሰመዖም ሓዘን መሪር ምኳኑ ኣብ ፅባሕ መስዋእቱን ስነ-ስርዓት መሰነይታን ከም ዝስዕብ ገሊፆም እዮም።

" መራሒና ተጋዳላይ መለስ ዜናዊ ፣ናይ ህዝቡን ሃገሩን ረብሓ ሓላዊ ሉኣላውነት ህዝብን ነፃነት ፖሊሲን ኣፅኒዑ ሒዙ ክብሪ ኢትዮጵያ ክብ ክብልን ኣብ ዓለም ግቡእ ቦታ ክሕዝ ዝገበረ፣ መሰል ዓርሰ ውሳነ ብሄር፣ብሄረሰባትን ህዝብታትን ኢትዮጵያ ብተግባር ዘረጋገፀ ፣ ንናይ ዓለም ውፁዓት ህዝብታት ረብሓ ብፅንዓት ዝተቓለሰ፣ ንኹሉ ህዝቢ ዝፎቱን ዘኽብርን፣ ህዝቢ ካብ ድኽነት ሓራ ክወፅእ ሰልችይኒ ከይበለን ቀትርን ለይትን ዝሰርሐ፣ ፈታዊ ሰላም፣ ኃረባብቲ ሃገራት ሓቢሮም ክምዕብሉ ዝተዋደቐ፣ ብዝኾነ ፀገም ዘይምብርከኽን ንዝፍጠር ሽግር ቅልጡፍ መፍትሒ ዘናድን ዘምፅእን ፣ ሓደሽቲ ሓሳባት ዘፈልፍል፣ በዓል ራእይ፣ሃወርያ ሎሚ፣ መሃንዲ ህዳሴ፣ ትራንስፎርሜሽናል መራሒ ፣ ፍሉጥን ብሱልን ፖለቲካኛ፣ ፈላስፋ፣ ጥበበኛ ወታደራዊ መራሒ፣ ዓለም ለኻዊ ስብእና ዝተላበሰ በሊሕን መስተውዓላይን መራሒ፣ ሰብን ተፈጥሮን ተሳንዮም ክነብሩ ዘኽእል ሓሳብ ዘፈልፍል ሻምፕዮና ሓምለዋይ ስትራቴጂ፣ ወሃቢ ቃል ኣፍሪካ፣ኣተሓሳስባን ተግባርን ክራይ ኣካብነት ጥራሕ ዝባኑ ክወፅእ ዝገበረ፣ ብሓፂሩ ብዙሕ ክሰርሕ እናኻኣለ ኣብዘይ ዕድሚኡ ዓለም ብኣካል ዝሰኣነቶ ኩለመደያዊ መራሒ መበል 21 ክፍለ ዘመን ወዘተ ክብሉ ገሊፆምዎ እዮም፡፡"

መራሒና ተጋደላይ መለስ ዜናዊ " think globally, act localy " ዝብል ኣባህላ ሒዙን ብዝተ ፈላለዩ ሰለስተ መፀውዕታት ማለት እውን ወያናይ ዴሞክራሲ፣ ወይ ልምዓታውን ዴሞክራስያውን መስመር ወይ ድማ ህዝባዊ መስመር ህዳሴ እናተ ብሃለ ዝግለፅ ብምርምር ፅንዓትን ሳይንሳዊ ኣገባብ ተንቲኑ ሃገርናን ትግራይናን ናብ ዝለዓለ ብራኽ ዘብፅሕ ናይ መፃኢ ፣ጉዕዞ 40 - 45 ዓመታት ብርክታት ህዳሴ ኣብ ሰለስተ ዓበይቲ ምዕራፋት ተኸፊሎም ዝሰርሑ ጉዳያት ነፂሩን ኣንፈታት ኣቐ ሚጡን ተንቀሳቒሱን ግቡእ መሪሕነት ኣዕሪፉን እዩ። ብምኳኑ ትግራይና ናብ ዝለዓለ ብራኸ ክትጓዓዝ ከም ዝከኣል ድማ ብጭቡጥ ተራእዩ ኣሎ። መራሒና ተጋዳላይ መለስ ዜናዊ ዝሓንፀፆ ልምዓታውን ዴሞክራስያውን መስመር ንልዕሊ ርብዒ ዓመት ሰላም ከነግስ ገይሩ። ሰላም ብምንጋስ ድማ ኩሉ በቢደረጅኡ ዝጥቀመሉን ሰፊሕ መሰረት ዘለዎን ስሉጥን ቀፃልን ኩለመዳያዊ ልምዓት ከምዝረጋገፅ እውን ብጭቡጥ ኣብ ባይታ ተመስኪሩ።

ብፍላይ መራሒና ተጋዳላይ መለስ ዜናዊ ኣብ ዓለም ኣምሪሩ ዝፀልኦን ልዕሊ ኩሉ ዝሰርዖን ፀላኢ እንተነበረ ድኽነት እዩ። ድኽት ከም መደራጉሕ ከይፀቅጠና፣ ቀትርን ለይትን ኢልና ብምሽቃል ቀልጢፍና ክነምልጥ ከምዘለና ፅኑዕ እምነት ነይሩዎ እዩ መራሒና ተጋዳላይ መለስ ዜናዊ። ስለ ዝኾነ ኣብ 1984 ዓ/ም፣ 68 ሚእታዊ ዝነበረ መጠን ድክነት ትግራይና ፣ ኣብ 2008 ዓ/ም ናብ 29 ሚእታዊ ክወርድ ዝኸኣለ እውን ሳላ እቲ ብመራሒና ተጋደላይ መለስ ዜነዊ ተሓንፂፁ ለውጢ ዘርኣየ ቅኑዕ ህዝባዊ መስመር እዩ።

መራሒና ተጋዳላይ መለስ ዜናዊ ዝሓንፀፆም ልምዓታውን ዴሞክራስያውን ህዝባዊ መስመር ንትግራይና ጥራሕ ከይኮነስ ንሃገርና ኢትዮጵያ እውን ካብ ምብትታን ኣድሒንዋ እዩ። ሃገርና ስርዓት ፌደራላዊ ዴሞክራሲ እናሃነፀት ሰለዝተጉዓዘት ኣብ ርብዒ ክፍለዘመን በቢዓመቱ /8/ሸሞንተ ማእኸላይ ዕቤት፣ብፍላይ ድሕሪ 1993 ዓ/ም ተሃድሶ ክሳብ 2008 ዓ/ም ኣብ ዝነበሩ 15 ዓመታት በዓል ክልተ ኣሃዝ ዕቤት እናመዝገበት ስለ ዝተጉዓዘት ብብርኪ ሃገር ኣብ 1998 ዓ/ም 48 ሚኢታዊ ዝነበረ ትሕቲ ፀፍሒ መጠን ድኽነት ኣብ 2008 ዓ/ም ናብ 23 ነጥቢ 7 ሚኢታዊ ክወርድ ክኢሉ እዩ።


ሕድሕድ ዜጋታት ብሂወት ናይ ምንባር ማእኸላይ ዕድመ ድማ ካብ 45 ዓመት ናብ 65 ዓመት ዓብዩ እዩ። ነብሲ ወከፍ እቶት ድማ ልዕሊ ሸሞንተ ሚኢቲ ዩኤስ ኣሜሪካ ዶላር በፂሑ ነይሩ እዩ። ብድማር ሃገርና ኢትዮጵያ ኣብ 1983 ዓ/ም ኣብ ዓለም ብድኽነት ዝጥቀሳ ዓሰርተ ሃገራት ሓንቲ ዝነበረት፣ ኣብ 2008 ዓ/ም ኣብ ዓለም ስሉጥ ምዕባለ የመዝግባ ካብ ዝነበራ ዓሰርተ ሃገራት ብቐዳምነት ተረቋሒት ኮይና ነይራ እያ፡፡

መራሒና ተጋደላይ መለስ ዜናዊ ፣ ካብ ሃገሩ ሓሊፉ፣ኣቐባሊ ቃል ኣህጉር ኣፍሪካ ብምኳን እውን ኣብ ኣፍሪካ ዘጋጥሙ ፀገማት ሽምጡ ገቲሩ ተኻቲዑ እዩ። ብሓፈሻ ንህዝቢ ዓለም፣ ብፍላይ ድማ ንህዝቢ ኣፍሪካ ከቢድ ፈተና ኮይኑዎም ዘሎን ዓቕሎም እናፅበበሎም ዝርከብን ዋዒ ዓለም፣መፍትሒ ንምንዳይ ላዕልን ታሕትን ኢሉ ንምሁራት ዓለም ብሱልን ሳይንሳውን ስነ-ሞገት ዝሓዘለ ፅሑፋት ኣቕሪቡ፣ጥራሕ ዘይኮነስ፣ ልምዓታውን ዴሞክራስያውን ኣተሓሳስባ፣ ብሓፈሻ ኣብ ኣፍሪካ ዘሎ ድኽነት ንምውጋድ፣ ብፍላይ ሃገርና ናብ ዝለዓለ ብራኽ ንምብፃሕ እንኮ መማረፂ ምኳኑ ተንቲኑ ብምቕራብ ንኣተሓሳስባ ኒዮሊበራሊዝም ዝወቕዕ ኣድማዒ ሓሳብ ኣቕሪቡ። ብፍላይ "ኣይማያ ኣይሰማያ" ዝኾነት ኣህጉር ኣፍሪካ ነቲ ወደቓ ዋዒ ዓለም ዘስዓበላ በሰላ፣ ተሓታቲ ኒዮሊበራል ኣተሓሳስባ ዘሰጉምን ዝማዕበሉ ሃገራት ዝስዕብዎ ስርዓትን ካብኣተን ዝፍነው መርዛም ጋዝን እዩ ኢሉ፣ ብዕሊ ነቶም ፈጠርቲ ፀገምን ኃባልል እዛ ዓለም ኢና ኢሎም ንዓርሶም ዝሓስቡን ፊት ንፊት ገጢምዎም እዩ።

ብድማር መራሒና ተጋዳላይ መለስ ዜናዊ ንሃገርና ኢትዮድያ ሓዊሱ ኣህጉርና ኣፍሪካ ኣብ ከቢድ ዓዘቕቲ ከም እትጥሕል ኣቐዲሙ ኣሚቱ ፣ ኣብ መድረኻት ዓለም ተቓሊሱ እዩ። መራሒና ተጋደላይ መለስ ዜናዊ ካብ ምእማት ዝብገስ፣ ነቲ ኣዝዩ ርሱን ዋዒ ዓለም ንፅልዋ መርዛም ጋዛትን መፍትሒ ንክርከቦ ብምሕሳብ፣ እቶም ነቲ ፀገም ዘፈልፍሉ መራሕቲ ዝማዕበሉ ሃገራት ጥራሕ ዘይኮነስ፣ምሁራንን ሊሂቃንን ንዘስመዩ፣ ብሱል ሓሳብ ብምቕራብ ጥራሕ ዝባኖም ኣውፂኡ ረቲዑዎም።

እቲ ፀገም ዘበገሶ ልዑል ረስኒ ዓለም ቀንዲ መፍትሒኡ ድማ፣ ኣብ ሓምለዋይ ስትራተጂ ነግፈረግ ዘይብል መትከል ብምሓዝ ተግባራዊ ክኸውን ብዕቱብ ስለ ዝተንቀሳቐሰን ግቡእ ኣመ ራርሓ ስለ ዝሃበን ትግራይና ሓመድን ማይን ብምዕቃብ ድርቂ ዝፀውር ሓምለዋይ ኢኮኖሚ ኣብ ምህናፅ ንዓለምና ተምሳሌት ብምኳን ወርቂ ተሸሊማ እያ።እንተኾነ ኣብ ዘይወዓለትሉ ግዳይ መርዛም ጋዛት ዝኾነት ኣህጉርና ኣፍሪካ ድማ ንዝበፅሓ ፀገም ክትከሓስ ከምዝግባእ ፣መራሒና ተጋዳላይ መለስ ዜናዊ ዘቕረቦ መፍትሒ ሓሳብ

ናብ ገፅ 8 ይዘውር ...






ኣፈ/ኸሳሲት ወ/ሮ ትሕሽ ኪሮስ፣ ኣፈ/ተኸሳሲ ኣይተ ሕሉፍ ተስፋይ ሞንን ብዘሎ ናይ ኣፈፃፀም ክትዕ ጉዳይ ኮድ 2-2291 ት.ግ ዝኾነት ሞተር ሳይክል ብመበገሲ ዋጋ ብር 22,658.66 /ዒስራን ኽልተን ሽሕን ሽድሽተ ሚኢትን ሓምሳን ሸሞንተን ብርን ሱሳን ሽድሽተን ሳንትምን/ ከጫረት ስለ ዝተደለየ ዝጫረት ኣካል እንተሃልዩ ኣብቲ ሞተር ዘላቶ ቦታ ክ/ከ ዓይደር ምምሕዳር ቀሪቦም ንዕለት 30/12/2012 ዓ/ም ካብ ሰዓት 3፡30 ክሳብ 5፡00 ሰዓት ቀሪቦም ንክጫረቱ ክ/ከ ዓይደር ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ክፍለ ከተማ ዓይደር ቤት ፍርዲ ምድብ መጋባእያ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ፣ ተኸሳሲ ኣይተ ሓበን ኪሮስ ኣዳሃና ኣብ መንጎ ብዘሎ ናይ ከ/ስርቂ ገበን ክትዕ ጉዳይ ተኸሳሲ ብኣደራሽኦም ዘየለዉ ምኻኖም ስለዝተረጋገፀ ተኸሳሲ ኣብ ቆፀሮ ዕለት 18/12/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡30 ኣብ ዓ/ሓቂ ወረዳ ቤት ፍርዲ ተረኺብኩም ንክትከራኸሩ እንተዘይቀሪብኹም ግና ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ዝርአ ም኿ኑ ምድብ መጋባእያ ወረዳ ዓ/ሓቂ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ፡፡

**ቤት ፍርዲ ወረዳ ዓዲ ሓቂ ምድብ መጋባእያ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ ኣድራሻ ክ/ከ/ዓ/ሓቂ፡ ተኸሳሲ ኣይተ ኣሸናፍ ገ/ሄር ኣማረ ኣድራሻ ዞባ ማእኸል ወረዳ ጣንቋ ኣበርገለ ጣብያ ሸኺ ተክሊ ቀጠና 2 ኣብ መንጎ ብዘሎ ናይ ከቢድ ስርቂ ገበን ጉዳይ ንምዕራይ ብተደጋጋሚ ትእዛዝ ተፃሒፍልኩም ክትርከቡ ስለዘይኸኣልኩም እዚ መቓልሕ ጋዜጣ ካብ ዝወፀሉ ዕለት ጀሚሩ ክሳብ ዕለት 18/12/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡30 ናብ ዓ/ሓቂ ወረዳ ቤት ፍርዲ እን ተዘይቀሪብኹም ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ዝርአ ም኿ኑ ክብል ወረዳ ዓ/ሓቂ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ፡፡

**ቤት ፍርዲ ወረዳ ዓዲ ሓቂ ምድብ መጋባእያ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ፣ ተኸሳሲ፡- 1 ኣይተ ሳዓረ ገብሩ ኣድራሻ ዞባ ምብራቕ ከተማ ዓድግራት ጣብያ 04 ቀጠና 1

2 ኣይተ ኣለነ ሓጎስ ኣድራሻ ዞባ ምብራቕ ከተማ ዓድግራት ጣብያ 04 ቀጠና 2

ኣብ መንጎ ብዘሎ ናይ ክትራን ገበን ጉዳይ ንምዕራይ ብተደጋጋሚ ትእዛዝ ተፃሒፍልኩም ክትርከቡ ስለዘይኸኣልኩም እዚ መቓልሕ ጋዜጣ ካብ ዝወፀሉ ዕለት ጀሚሩ ክሳብ ዕለት 21/12/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ናብ ዓ/ሓቂ ወረዳ ቤት ፍርዲ እን ተዘይቀሪብኹም ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ዝርአ ም኿ኑ ክብል ወረዳ ዓ/ሓቂ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ፡፡

**ቤት ፍርዲ ወረዳ ዓዲ ሓቂ ምድብ መጋባእያ**
**ኸሳሲ፡- ዓ/ሕጊ ከተማ መቐለ**

ተኸሳሲ 1. ኣይተ ተመስገን ገ/ዮውሃንስ ሃይሉ መንጎ ብዘሎ ናይ ፈተነ ተራ ቅትለት ክትዕ ጉዳይ ክሲ ቀሪብኩም ተኸሳሲ ብኣድራሻኹም ተኣልሽ ኩም ስለዝተሰኣንኩም ንዕለት 20/1/2013 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ናብ ከተማ መቐለ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ንክትቐርቡ ኣብቲ ዝተጠቐሰ ዕለትን ሰዓትን እንተዘይቀሪብኹም ግና ጉዳይኹም ብዘየ ለኽምሉ ተራእዩ ዝውሰን ም኿ኑ ከተማ መቐለ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ከተማ መቐለ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ገበን መጋባእያ**

ኸሳሲት ወ/ሮ ገነት ሃይሉ፣ ተኸሳሲ ሓ/ዓሰርተ/ ኣበራው ሁነኘው መንጎ ብዘሎ ብናይ ሓዳር ፍትሕ ክትዕ ጉዳዩ መልሲ ዋሃቢ ንክትቐርቡ ብተደጋጋሚ ትእዛዝ ተዋሂቡ ክትርከቡ ስለዘይካኣልኩም ሐዚ እውን ንዕለት 25/12/012 ዓ/ም ልክዕ ሰዓት 8፡00 ናብ ሓድነት ወረዳ ቤት ፍርዲ ንክትቐርቡ መ/ዋሃቢ በቲ ዝተጠቐሰ ዕለትን ስዓትን እንተዘይቀሪብኩም ግና ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ዝረአ ም኿ኑ ሓድነት ወረዳ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ሓድነት ወረዳ ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ፣ ተኸሳሲ ዳንኤል ብርሃነ ብዝተ ኸሰስኩምሉ ናይ ከቢድ ኣካል ምጉዳል ገበን ንምዕራይ ተኸሳሲ ብዓቃቢ ሕጊ ኣብ ቐዳማይ ወያነ ቤት ፍርዲ ክሲ ስለዝተመስረተኩም ንዕለት 21/12/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ንክትቐርቡ እንተዘይቀሪብኹም ግን ጉዳ ይኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ውሳነ ዝውሃብ ም኿ኑ ቐዳማይ ወያነ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ክፍለ ከተማ ቐዳማይ ወያነ ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ ፣ ተኸሳሲ ኣበበ ግደይ ሃ/ስላሴ ብዝተኸሰስኩምሉ ናይ ከቢድ ኣካል ምጉዳል ገበን ንምዕራይ ተኸሳሲ ብዓቃቢ ሕጊ ኣብ ቐዳማይ ወያነ ቤት ፍርዲ ክሲ ስለዝተመስረተኩም ንዕለት 20/12/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ንክትቐርቡ እንተዘይቀሪብኹም ግን ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ውሳነ ዝውሃብ ም኿ኑ ቐዳማይ ወያነ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ክፍለ ከተማ ቐዳማይ ወያነ ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ፣

ተኸሰስቲ ፡- 1, ሳይሞን ገ/ሚካኤል ገ/ሄር

2, ደሰለኝ ለላይ ኣለም ብዝተኸሰስኩምሉ ናይ ከቢድ ኣካል ጉድኣት ገበን ንምዕራይ ተኸሳሲ ብዓቃቢ ሕጊ ኣብ ቐዳማይ ወያነ ቤት ፍርዲ ክሲ ስለዝተመስረተኩም ንዕለት 20/12/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ንክትቐርቡ እንተዘይቀሪብኹም ግን ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ውሳነ ዝውሃብ ም኿ኑ ቐዳማይ ወያነ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ክፍለ ከተማ ቐዳማይ ወያነ ቤት ፍርዲ**

## ጨረታ

ኣፈ/ከሳሲ፡- ኣይተ ገ/ሄር ካሳ፣ ኣፈ/ተኸሳሲትወ/ሮ ትርሓስ ገ/ሂወት ኣፈፃፀም ክትዕ ጉዳይ ብሹም ኣፈፃፀም ተኸሳሲት ዝተመዝገበ ገዛን ቦታን ኣብ ክ/ከ/ ዓይደር ጣብያ ሰርፀ ዝርከብ መዋሰኒኡ ብምብራቕ 002 ብምዕራብ መንገዲ ብሰሜን 021 ብደቡብ 019 ስፍሓት ቦትኡ 140 ካሬ ሜትር ብመበገሲ ጨረታ ብር 926,136.08 /ትሽዓተ ሚኢትን ዒስራን ሽድሽተን ሽሕን ሓደ ሚኢትን ሳላሳን ሽድሽተን ብር ምስ 08/100 ሳንቲም/ብጨረታ ክሸየጥ ስለዝተደለየ ክጫረት ዝደሊ ሰብ እንተሃልዩ ጨረታ ስዓራይ ድማ ወድያውን 25% ኣታዊ ክገብር ዝኽእል ዝተረፈ ገንዘብ ድማ ኣብ ውሽጢ 15 /ዓሰርተ ሓሙሽተ/ መዓልቲ ክኸፍል ዝኽእል ጨረታ ናይ ሹም መዘዋወሪ ጨረታ መሸነፍ ይሸፍን፡፡ ጨረታ ዝካየደሉ ዕለት 15/01/2013 ዓ/ም ኮይኑ ካብ ሰዓት 3፡00 ክሳብ 5፡30 ቅድሚ ሰዓት ይጠናቀቕ፡፡ውፅኢት ዝቐርበሉ ዕለት በቲ እዋን ኮይኑ ሰዓት 8፡00 ድሕሪ ሰዓት ንክቀርብ ክ/ከ/ሰሜን ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ቤት ፍርዲ ክ/ከ/ሰሜን ምድብ መጋባእያ**

ኸሳሲ፡- ዓ/ሕጊ ክ/ከተማ ሓድነት ቤት ፅሕፈት

ተኸሳሲ፡- ኣይተ ሓዱሽ በርሀ ወልድ ብዝተኸ ሰስኩምሉ ከቢድ ስርቂ ገበን ክሲ ተኸሳሲ ክቐርብ ስለዘይካኣለ ፖሊስ ብኣድራሽኡ እውን ኣልሹ ክረክቦ ስለዘይካኣለ ሐዚ ንዕለት 02/13/2012 ዓ/ም ሰዓት 4፡00 ንክትቐርቡ እንተዘይቐሪብኩም ግና ጉዳዩ ብዘየ ለኹምሉ ዝስማዕ ም኿ኑ ወረዳ ሓድነት ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ወረዳ ሓድነት ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ፡- ዓ/ሕጊ፣ ተኸሳሲ ወ/ሮ/ ኣይተ ንዋይ ፀጋይ ገ/ሂወት ብዝተኸሰስኩምሉ መዉቃዕቲ ገበን ክሲ ተኸሳሲ ክቐርብ ስለዘይካኣለ ፖሊስ ብኣድራሽኡ እውን ኣልሹ ክረክቦ ስለዘይካኣለ ሐዚ ንዕለት 18/12/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ንክትቐርቡ እንተዘይቐሪብኩም ግና ጉዳዩ ብዘየለኹምሉ ዝስማዕ ም኿ኑ ወረዳ ሓድነት ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ወረዳ ሓድነት ቤት ፍርዲ**

ኣብ ክ/ከተማ ዓ/ሓቂ ቤት ፅሕፈት ከፋሊት ግብሪ ዝኾና ወ/ሪት ዮርዳኖስ ሃይለኪሮስ ድምፁ ኣድራሻ ክልል ትግራይ ነባሪት ዝኾና ብመፍለይ ቑፅሪ 0059007204 ብዓይነት ንግዲ ስጋ ቤት ዝፍለጣ ዝጥቀማሎም ዝነበራ ቅብሊት ናይ ኣታዊ ደረሰይ ካብ 00001-00200 ዝኾነ ጠፍኡኒ እለን ስለዘመልከታ እዚ ዘይተሰርሓሉ ቅብሊት ቁፅሩ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሰ ዝሓዘ ኣካል እንተሃልዩ ብጋዜጣ ካብ ዝተቓለሐሉ ዕለት ጀምሩ ኣብ ዉሽጢ 10 መዓልቲታት ናብ ቤት ፅሕፈት ልምዓት ወይ ድማ ናብ ፖሊስ ሓበሬታ ንክህብ እንተዘይኣቕሪቡ ግና ንመመልከቲት ከም ዝጠፍኤን ዝገልፅ መረዳእታ ዝወሃበን ም኿ኑ ንሕብር።

**ቤት ፅሕፈት ልምዓት እቶት ክፍለ ከተማ ዓዲ ሓቂ**

## ጨረታ

ኣፈ/ከሰስቲ ፡- እኒ ግርማይ ገ/ሄር 8ተ ቁፅሪ ሰባት

ኣፈ/ተኸሳሲ ኣይተ ካሕሱ ኣለነ

ጣልቃ ኣተውቲ ፡- እኒ መልኣከ ገነት እያሱ ተጫነ 6ተ ቁፅሪ ሰባት ኣብ መንጎ ብዘሎ ብናይ ኣፈፃፀም ክትዕ ጉዳይ ኣመልኪቱ ኣብ ከተማ መቐለ ክ/ከተማ 1ይ ወያነ ዝርከብ ገዛን ቦታን ብሽም ኣፈ/ተኸሳሲ ኣይተ ካሕሱ ኣለነ ዝፍለጥ መዋሰኒኡ ፡- ብምብራቕ ወ/ሮ ድንቃይ ገ/ሚካኤል ፣ ብምዕራብ - ግደይ በርሀ ፣ ብሰሜን - መንገዲ ፣ ብደቡብ - መንገዲ ስፍሓቱ 183.17 ካሬ ሜትር ዝኾነ ብመበገሲ ዋጋ ብር 807,734.77 /ሸሞንተ ሚኢትን ሸውዓተን ሽሕን ሸውዓተ ሚኢትን ሰላሳን ኣርባዕተን ቅርሺ 77 ሳንቲምን / ብጨረታ ክሸየጥ ስለ ዝተደለየ ክጫረት ዝደሊ ኣካል ንዕለት 20/1/2013 ዓ/ም ካብ ሰዓት 3፡00 ክሳብ 6፡00 ሰዓት ኣብቲ ጨረታ ዝካየደሉ ገዛን ቦታን ዝርከበሉ ቐሪብኹም ንክትጫረቱ ፤ ጨረታ ሰዓራይ ዝኾነ ድማ ብቅድምያ 25% ሽዑ ንሽዑ ኣብ ባንኪ ኣታዊ ዝገብርን እቲ ዝተረፈ ገንዘብ ድማ ኣብ ውሽጢ 15 መዓልቲ ጠቕሊሉ ኣታዊ ዝገብር ም኿ኑ ፈሊጥኹም ንክትጫረቱ ከተማ መቐለ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ከተማ መቐለ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ**

መመልከቲት ወ/ሮ ለምለም በርሀ

ተፀዋዒ ኣይተ ምስግና ተኽላይ ስለ ዝጠፍኡ ናይ ምጥፋእ ውሳነ ይወሃበኒ ክብላ ስለ ዘመልከታ ተፀዋዒ እንተሃሊኹም ንዕለት 18/12/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ንክትቐርቡ ተፀዋዒ ኣብቲ ዝተጠቐሰ ዕለትን ሰዓትን እንተዘይቀሪብኩም ግና ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ተራ እዩ ምጥፋእ ውሳነ ዝዋሃብ ም኿ኑ ነፍልጥ ክብል ቤት ፍርዲ ክ/ከተማ ዓዲ ሓቂ ኣዚዙ ፡፡

**ቤት ፍርዲ ወረዳ ዓዲ ሓቂ ምድብ መጋባእያ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ፣ ተኸሳሲት ኪዳን ገ/ስላሴ ገብሩ ብዝተኸሰስክናሉ ናይ ኣካል ጉድኣት ገበን ተኸሳሲት ብዓቃቢ ሕጊ ኣብ ቀዳማይ ወያነ ቤት ፍርዲ ክሲ ስለዝተመስረተክን ንዕለት 22/12/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ክትቐርባ እንተዘይቀሪብክን ግን ጉዳይክን ብዘየለክናሉ ተራእዩ ውሳነ ዝውሃብ ምኻኑ ቐዳማይ ወያነ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ፡፡

**ክፍለ ከተማ ቀዳማይ ወያነ ቤት ፍ/ርዲ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ ፣ ተኸሳሲ ኣርኣያ ኣድሀና ገብረ ብዝተኸሰስኩምሉ ናይ ከቢድ ኣካል ጉድኣት ገበን ንምዕራይ ተኸሳሲ ብዓቃቢ ሕጊ ኣብ ቐዳማይ ወያነ ቤት ፍርዲ ክሲ ስለዝተመስረተኩም ንዕለት 21/12/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ክትቐርቡ እንተዘይ ቀሪብኩም ግን ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ውሳነ ዝውሃብ ምኻኑ ቐዳማይ ወያነ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ፡፡

**ክፍለ ከተማ ቀዳማይ ወያነ ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ ፣ ተኸሳሲ መብራህቱ ገ/መስቀል ብዝተኸሰስኩምሉ ናይ ከቢድ ኣካል ምጉዳል ገበን ንምዕራይ ተኸሳሲ ብዓቃቢ ሕጊ ኣብ ቀዳማይ ወያነ ቤት ፍርዲ ክሲ ስለዝተመስረተኩም ንዕለት 22/12/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ክትቐርቡ እንተዘይቀሪብኩም ግን ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ውሳነ ዝውሃብ ምኻኑ ቐዳማይ ወያነ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ፡፡

**ክፍለ ከተማ ቀዳማይ ወያነ ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ ይግ/ባሃልቲ፡- ኣይንብርከኽን ዓርሰ ሓገዝ ሕ/ስ/ማሕበር፣ ተኸሳሲ ይግ/መ/ወሃቢ ኣይተ እንዳርጌ ኣያሌው ኣብ መንጎም ዘሎ ናይ ህንፃ ስራሕ ዝብል ክርክር ተኸሳሲ/ይግ/መ/ወሃቢ ኣይተ እንዳርጌ ኣያሌው ንዝተኸሰስክምዎ ናይ ናይ ህንፃ ስራሕ ክሲ ክስን መረዳእታን ተቐብልኩም መልሲ ብ3ተ ቅዳሕ ንዕለት 20/12/2012 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ብፅሑፍ ንክተቕርቡ እንተዘይቅሪብኩም ግና መልሲ ናይ ምቅባል መሰልኩም ተሓሊፉ ጉዳይ ኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ም኿ኑ ክልል ትግራይ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ኣብ መቐለ ዝተሰየመ ፍታብሄር መጋባእያ ኣዚዙ፡፡

**ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ክልል ትግራይ ፍታብሄር መጋባእያ**

## ዞባ ደ/ምብራቕ

ብኸሳሲ ዓ/ሕጊ ዶ/ተምቤን፣ ብተኸሳሲ ኣይተ ብርሃኑ ገ/ሄር ኣ/ሻ ወረዳ ደጉዓ ተምቤን ጣብያ ሚ/ዓብይ ቁሸት ሓረና ኣብ ሞንጎ ብዘሎ ናይ ክትራን ገበን ንምዕራይ ተኸሳሲ ነቲ ዝቐረበልኩም ክሲ ቀሪብኩም መልሲ ንክትህብሉ ኣብ ዕለት ቆፀሮኹም እንድሕር ዘይቐሪብኩም ጉዳዩ ብዘየለኹምሉ ከም ዝረአ ፈሊጥኩም ንዕለት 2/13/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡30 ንክትቐርቡ ወረዳ ደ/ተምቤን ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ወረዳ ደጉዓ ተምቤን ቤት ፍርዲ ምድብ መጋባእያ ሃገረ ሰላም**

## ጨረታ

ኣፈ/ከሳሲ፡- ሃለቃ ተስፋይ ኣሰፋ ጠበቓ ሻምበል ወርቁ፣ ኣፈ/ተኸሳሲት ወ/ሮ ስንዱ ብርሃኑ ኣፈፃፀም ተኸሳሲ ኣብ ቤት ፍርዲና ብዘለዎም ዕዳ ንምፍፃም ኣብ ከተማ ዓ/ጉደም ቐጠና 1ደ ዝርከብ ዝፍለጥ ገዛን ቦታን ብጨረታ ምሻጥ ኣድላይ ኾይኑ ስለ ዝተረኸበ ዝኾነ ሰብ ንክጫረት ንገልፅ ፡፡

**ዓይነት ንብረት**

ኣብ ከተማ ዓ/ጉደም ቐጠና 1 ዝርከብ ገዛ መዋሰኒኡ ብምብራቕ መንገዲ ፣ ብምዕራብ ሃይለ ደበሳይ ፣ ብሰሜን ኣብርሃ ወ/ኪሮስ ፣ ብደቡብ ዕቡይ ኣረፋይኔ ዘዋስኖ ገዛን ቦታን ዝሓዘ ኾይኑ

**መበገሲ ዋጋ**

1. 838,905.75/100 ሸሞንተ ሚኢትን ሰላሳን ሸሞንተን ሽሕን ትሽዓንተ ሚኢትን ሓሙሽተን ምስ 75/100

**ረቛሒታት ጨረታ**

2.ጨረታ ዝካየደሉ ዕለት 19/1/2013 ዓ/ም ካብ ሰዓት 4፡30 – 5፡30 ንሃ

**ናብ ገፅ 9 ይዘውር**

... ካብ ገፅ 11 ዝዞረ

ኣብ ቤት ፅሕፈት ልምዓት እቶት ከተማ ሽረ እንዳስላሴ ኣይተ ተስፋይ ምትኩ ሰዩም ዝተበሃሉ ብቑ/ቲን 0021147579 ብዘርፊ ንግዲ ምክፍፋል ዕሹግ ማይ ዝፍለጡ ሽፋሊ ግብሪ ዝጠቀምሉ ዝነበሩ ካብ 00101 ክሳብ 00150 ፓድ ቅብሊት ካብ 00601 ክሳብ 00650 ፓድ ወጻኢ ጠፊኡኒ እሎም ብዕለት 26/10/2012 ዓ/ም ስለ ዝሓተቱና እቲ ኣብ ላዕሊ ዘተጠቐሰ ዝተጀመረ -- ዘይተጀመረ 2ተ ፓድ ዝሓዘ ኣካል እንተሃልዩ ብጋዜጣ ካብ ዝተቓለሐሉ ዕለት ጀምሩ ኣብ ዉሽጢ 10 መዓልቲታት ናብ ቤት ፅሕፈት ልምዓት እቶት ከተማ ሽረ እንዳስላሴ ወይ ናብ ቤት ፅሕፈት ፖሊስ ከተማ ሽረ እንዳስላሴ ሓበሬታ ንክህብ ንሕብር።

**ቤት ፅሕፈት ልምዓት እቶት**
**ከተማ ሽረ እንዳስላሴ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ ፣ ተኸሳሲ:- ኣይተ ኣበራ በላይ ኣለሙ ተኸሳሲ ብዝተኸሰስኩምሉ ከ/ኣካል ጉድኣት ገ/መ/ሕ/ቑ 32/1/ሀ ምስ 669/3/ /ለ/ ገበን ንዕለት 22/12/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡30 ቐሪብኩም ንኽትከራኸሩ እንተዘይቐሪብኩም ግና ጉዳይኹም ብዘይቐረብኹምሉ ዝርአ ምኺኑ ነፍልጥ ክብል ወረዳ ፀለምቲ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ።

**ወረዳ ፀለምቲ**
**ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ፣ ተኸሳሲ:- ኣይተ በየነ መንግስቴ ተክሉ ተኸሳሲ ብዝተኸሰስኩምሉ ከ/ስርቂ ገ/መ/ሕ/ቑ 32/1/ሀ ምስ 669/3/ /ለ/ ገበን ንዕለት 13/01/2013 ዓ/ም ሰዓት 4፡00 ቐሪብኩም ንኽትከራኸሩ እንተዘይቐሪብኩም ግና ጉዳይኹም ብዘይቐረብኹምሉ ዝርአ ምኺኑ ነፍልጥ ክብል ወረዳ ፀለምቲ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ።

**ወረዳ ፀለምቲ ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ፣ ተኸሳሲ:- ኣይተ ሓድሽ ይግዛው ባህታ ተኸሳሲ ብዝተኸሰስኩምሉ ከ/ስርቂ ገ/መ/ሕ/ቑ 32/1/ሀ ምስ 669/3/ /ለ/ ገበን ንዕለት 29/12/2012 ዓ/ም ሰዓት 4፡00 ቐሪብኩም ንኽትከራኸሩ እንተዘይቐሪብኩም ግና ጉዳይኹም ብዘይቐረብኹምሉ ዝርአ ምኺኑ ነፍልጥ ክብል ወረዳ ፀለምቲ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ።

**ወረዳ ፀለምቲ ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ፣ ተኸሰስቲ:- 1ይ ኣይተ ኣዲሳለም መርሻ ፣ 2ይ ኣይተ ኣስመላሽ ጫቅሌ ተኸሰስቲ ብዝተኸሰስኩምሉ ከ/ስርቂ ገ/መ/ሕ/ቑ 32/1/ሀ ምስ 669/3/ /ለ/ ገበን ንዕለት 22/12/2012 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ቐሪብኩም ንኽትከራኸሩ እንተዘይቐሪብኩም ግና ጉዳይኹም ብዘይቐረብኹምሉ ዝርአ ምኺኑ ነፍልጥ ክብል ወረዳ ፀለምቲ ቤት ፍረዲ ኣዚዙ ኣሎ።

**ወረዳ ፀለምቲ ቤት ፍርዲ**

ኣብ ቤት ፅሕፈት ልምዓት እቶት ከተማ ሽረ እንዳስላሴ ኣይተ በረከት ደስታ ዝተበሃሉ ብቑ/ቲን 0047610502 ብዘርፍ ንግዲ ዳቦቤት ዝፍለጡ ኸፋሊ ግብሪ ዝጠቀምሉ ዝነበረ ካብ 00101 ክሳብ 00150 ፓድ ቅብሊት መሸጣ ጠፍኡኒ እሎም ብዕለት 07/12/2012 ዓ/ም ብዝሓተቱና መሰረት እቲ ኣብ ላዕሊ ዘተጠቐሰ በዝሒ ፓድ 01 ኾይኑ ካብ 00101-00129 ዝተሰርሐሉ ካብ 00130-00150 ድማ ዘይተሰርሐሉ ኾይኑ ዝተጀመረ 29 ዘይተጀመረ 21 ቆፅሊ ፓድ ዝሓዘ ኣካል እንተሃልዩ ብጋዜጣ ካብ ዝተቓለሐሉ ዕለት ጀምሩ ኣብ ዉሽጢ 10 መዓልቲታት ናብ ቤት ፅሕፈት ልምዓት እቶት ከተማ ሽረ እንዳስላሴ ወይ ናብ ቤት ፅሕፈት ፖሊስ ከተማ ሽረ እንዳስላሴ ሓበሬታ ንክህብ ንሕብር።

**ቤት ፅሕፈት ልምዓት እቶት ከተማ ሽረ እንዳስላሴ**

# ዞባ ማእኸል

ኣብ ወረዳ ዓድዋ ዕሸል ከተማ ራህያ ዝርከቡ ካብዚ ንታሕቲ ኣሽማቶም ዝተዘርዘሩ 24 ሰብ ነባር ትሕዝቶኦምን ምርሒትን ግዚኢትን ብመፅፈፍቲ ኮሚቴ ኣብ 2010ን 2011 ዓ/ም ዝፀፈፈሎም ዋንነቶም ክነረጋግፀሎም ስለዝደለና ነዚ ትሕዝቶ ይግበኣኒ እዩ ዝብል ተቃዋሚ እንተሃልዩ እዚ ጋዜጣ ካብዝተቃለሐሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ናብ ቤት ማዘጋጃ ዕሸል ከተማ ራህያ ንክትቐርቡ ኣብቲ ዝተጠቐሰ መዓልቲ ተቃዋሚ ወይ ይግበኣኒ በሃሊ እንተዘይቀሪቡ ግና በቶም ካብዚ ንታሕቲ ስሞም ዝተጠቀሱ 24 ሰብ ትሕዝቶ ብሽሞም ዋንነት ነረጋግፀሎም ምኺንና ነፍልጥ።

| ተ.ቁ | ሽም በዓል ትሕዝቶ | ዝተታሓዘሉ ኣግባብ | ኣብ ኢድ መን ከምዘሎ | ሒዝዎ ዘሎ ጠቅላላ ስፍሓት ብሜ/ካሬ | መዋሰኒ | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| | | | | | ሰሜን | ደቡብ | ምብራቅ | ምዕራብ |
| 1 | ሃ/ቃ ሓድጉ ገ/መዲሂን | ምርሒት | ሃ/ቃ ሓድጉ ገ/መዲሂን | 400 | ፅርግያ | ሃ/ዓንደማርያም | መንገዲ | መረሳ ገ/መዲሂን |
| 2 | ገ/ዋህድ ተስፋይ ኢርሚያስ | ምርሒት | ገ/ዋህድ ተስፋይ ኢርሚያስ | 400 | ተሓራሲ መሬትን ቤ ተክርስትያንን | ሃ/ዓ/ማርያም ተስፋይ | ሕርሻ | ፅርግያ |
| 3 | ገ/ሄር ይሕደጎ ገ/መዲሂን | ግዚኢት | ገ/ሄር ይሕደጎ ገ/መዲሂን | 149 | ሓጎስ ያሃንስ | ኣብራሃ ወ/ሪማ | ፅርግያ | ፅርግያ |
| 4 | ለተማርያም ገ/መዲሂን ኣብርሃ | ምርሒት | ለተማርያም ገ/መዲሂን | 150 | መድሃንየ መስፍን | ፅርግያ | ሳህለ ወ/ኣረጋይ | ሃ/ወስላሴ ገ/ሄር |
| 5 | ሃይማኖት በርሀ ኣስገዶም | ምርሒት | ሃይማኖት በርሀ ኣስገዶም | 400 | ሕርሻ | ሕርሻ | ሕርሻ | ሕርሻ |
| 6 | ቀ/ክንፈ በርሀ ኣስገዶም | ምርሒት | ቀ/ክንፈ በርሀ ኣስገዶም | 400 | ሕርሻ | ሃይማኖት በርሀ ኣስገዶም | ሕርሻ | ሕርሻ |
| 7 | ገብሩ ገ/መዲሂን ገ/ስላሴ | ምርሒት | ገብሩ ገ/መዲሂን ገ/ስላሴ | 170 | ሃይማኖት ሞጎስ | ዓንደማርያም ተኩሉ | ገ/ስላሴ ገ/ሄት | ፅርግያ |
| 8 | ዞፋን መኮነን ገ/መዲሂን | ምርሒት | ዞፋን መኮነን | 140 | ክፍቲ ቦታ | ፅርግያ | መንገዲ | በየነሽ ገ/ሄር |
| 9 | ተስፋንቸኤል ገ/መስቀል ወ/ኣረጋይ | ነባር ትሕቶ | ተስፋንቸኤል ገ/መስቀል ወ/ኣረጋይ | 400 | ሕርሻ | ሕርሻ | ሕርሻ | ሕርሻ |
| 10 | ሃ/ማርያም ተኩሉ ንጉስ | ምርሒት | ያሃንሱ መስፍን | 170 | ወሉ ለገሰ | ሃ/ገመዲሂን ሓጎስ | ገ/ኪዳን ኣስመላሽ | ፅርጊያ |
| 11 | በርሀ ወለገብርኤል ሃይሉ | ምርሒት | በርሀ ወለገብርኤል ሃይሉ | 170 | ፅርግያ | ተስፋይ በርሀ | ኔትዎርክ ፓሎ | ወርቅነሽ ረዳ |
| 12 | ሃ/ቃ ሓየሎም ፀጋይን ዘመን ገ/ፃድ ቃንን | ምርሒት | ሃ/ቃ ሓየሎም ፀጋይን ዘመን ገ/ፃድቃንን | 140 | ፅርግያ | ወሉ ተኩሉ | ፅርግያ | መዋእለ ህፃናት |
| 13 | ወ/ሮ በርሀ ፍቅረ ግደይ | ነ/ት | ወ/ሮ በርሀ ፍቅረ ግደይ | 400 | ካና | ሕርሻ | መብራት ትኩእ | ሕርሻ |
| 14 | ኪዱ ገ/ቸኤል ተስፋይ | ምርሒት | ኪዱ ገ/ቸኤል ተስፋይ | 400 | ሕርሻ | ሕርሻ | ሕርሻ | ሕርሻ |
| 15 | መረሳ ገ/መዲሂን ኤርሚያስ | ምርሒት | መረሳ ገ/መዲሂን ኤርሚያስ | 400 | መንገዲ | ሕርሻ | ክፍቲ ቦታ | ሕርሻ |
| 16 | ገ/ኤል ገ/ቸኤል ተስፋይ | ምርሒት | ገ/ኤል ገ/ቸኤል ተስፋይ | 400 | መዋእለ ህፃናት | ሕርሻ | ሕርሻ | ሕርሻ |
| 17 | መምህር ገ/ሄር ክፍለ ገ/ስላሴ | ምርሒት | መምህር ገ/ሄር ክፍለ ገ/ስላሴ | 170 | ለተብርሃን ገ/ተንሳይ | ፅርግያ | ተ/ኖት ተወሉ | ገ/ዋህድ ተወሉ |
| 18 | ሃ/ቃ ብራሃነ ፍሳሃ ገ/ማርያም | ምርሒት | ሃ/ቃ ብራሃነ ፍሳሃ ገ/ማርያም | 400 | ሕርሻ | ሕርሻ | ሕርሻ | ኣራፋይነ ፍስሃ |
| 19 | ቀ/ፍሳሃ ገ/ማርያም | ምርሒት | ቀ/ፍሳሃ ገ/ማርያም | 158.1 | ሃለቃ ተወለ ካሕሳይ | ፅርግያ | ክርክር ቦታ | ጥሕኖ |
| 20 | ሓየሎም ሓጎስ | ምርሒት | ሓየሎም ሓጎስ | 140 | ሕርሻ | ፅርግያ | ኣረጋይ ይብራህ | ገ/ስላሴ ገ/ሄር |
| 21 | ኣስካለ ተስፋይ ኣፅባሃ | ምርሒት | ኣስካለ ተስፋይ ኣፅባሃ | 142 | መንገዲ | ገ/ኣምላክ ገ/ሂወት | ሃይማኖት ሞጎስ | ገ/ቀ/ገረመዲሂን ተስፋይ |
| 22 | ኢስጢፋኖስ ወለኢሳስ | ምርሒት | ኢስጢፋኖስ ወለኢሳስ | 140 | ሕርሻ | ፅርግያ | ኣረጋይ ይብራህ | ሕርሻ |
| 23 | ለተንቸኤል መድሃንየ ወ/ገብርኤል | ምርሒት | ለተንቸኤል መድሃንየ ወ/ገብርኤል | 400 | ፅርግያ | ፅርግያ | ገ/ቸኤል ተስፋይ | ፅርግያ |
| 24 | እየሉ እማሃ ተስፋይ | ምርሒት | እየሉ እማሃ ተስፋይ | 406 | በርሀ ተስፋይ | ተስፋይ ወለማርያም | ፅርግያ | ቀ/ገረኪዳን ወ/ሳ ሚኤል |

**ቤት ፅሕፈት ልምዓት ከተማ ንግድን ኢንዳስትርን ከይዲ ስራሕ ምልማዕ መሬትን ማናጅመንትን ዕሸል ከተማ ያህያ**

# ዞባ ምዕራብ

ይግብኣኒ በሃሊ፡- ዞባ ምዕራብ ዓ/ሕጊ

ይግባኣኒ መልሲ ወሃቢ፡-, ኣይተ ኣለምሸት ገ/የሱስ ኣ/ሻ ወ/ቃፍታ ሑመራ ጣብያ ኣዳባይ ቀጠና 3 ብዝተኸሰስኩምሉ ናይ ገበን ስርቂ ክሲ መሰረት ይግባኣኒ መልሲ ወሃቢ ኣብ ቆፀሮኦም ንዕለት 27/12/2012 ዓ/ም ሰዓት 4፡30 ናብ ዞባ ምዕራብ ማእ ኸላይ ቤት ፍርዲ ምድብ መጋባእያ ሑመራ ንክትቐርቡ እንተዘይቐሪብኩም ግና ጉዳይኩም ብዘየለኹምሉ ዝርአ ምኻኑ ዞባ ምዕራብ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ።

**ዞባ ምዕራብ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ**
**ምድብ መጋባእያ ሑመራ**

ኸሳሲ - ዓ/ሕጊ ዞባ ምዕራብ ትግራይ ዓ/ሕጊ

ተኸሰስቲ ፡- 1ይ ኣይተ ክፍላይ ባህታበሪሁን ኣ/ሻ ወረዳ ፀጌደ ጣብያ መድሂንኣለም ቁሸት ዝንኩራ

2ይ ኣይተ ገብሬ ጥጋቡ ለማ ኣድራሻ ወረዳ ፀጌደ ጣብያ መድሂንኣለም ቁሸት ዝንኩራ

3ይ ኣይተ ሃፍቴ በላይ በሪሁን ኣድራሻ ወረዳ ፀጌደ ጣብያ መድሂንኣለም ቁሸት ዝንኩራ ኣብ መንጎ ብዘሎ ናይ ኣገዲድካ ምድፋር ገበን ክሲ መሰረት ተኸሰስቲ ንዕለት 25/12/2012 ዓ/ም ሰዓት 4፡00 ናብ ዞባ ምዕራብ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ምድብ መጋባእያ ዳንሻ ቀሪብኹም ንኽትከታተሉ እንተዘይቀሪብኩም ግን ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ከምዝረአ ዝተኣዘዘ ምኺኑ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ።

**ዞባ ምዕራብ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ**
**ምድብ መጋባእያ ዳንሻ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ ዞባ ምዕራብ ትግራይ፣ ተኸሳሲ 1ይ ኣይተ ጌታቸው ኣለባቸው መኮነን ኣ/ሻ ወረዳ ፀገዴ ጣብያ ዳንሻ ቐጠና 03 ፣ 2ይ ኣይተ ጎሽ ዘነበ ደሴ ኣድራሻ ወረዳ ፀገዴ ጣብያ ሓድነት ቐጠና 03 ኣብ መንጎ ብዘሎ ናይ ብዘይሕጋዊ ናይ ሰባት ዝውውር ገበን ክሲ መሰረት ተኸሰስቲ ንዕለት 26/01/2013 ዓ/ም ሰዓት 4፡00 ናብ ዞባ ምዕራብ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ምድብ መጋባእያ ዳንሻ ቀሪብኹም ንክትከራኸሩ እንተዘይቀሪብኩም ግን ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ከም ዝረአ ዝተኣዘዘ ምኺኑ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ።

**ዞባ ምዕራብ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ**
**ምድብ መጋባእያ ዳንሻ**

ይ/በሃሊ ዓ/ሕጊ ዞባ ምዕራብ ፣ ይ/መ/ወሃቢ ኣለም ብርሃን ተስፋሚካኤል ኣድራሻ ንኡስ ወረዳ ቃፍታ ሑመራ ጣብያ ባዕኸር ቀጠና 02 ብዝተኸሰስኩምሉ ከቢድ ስርቂ ገበን ክሲ መሰረት ተኸሳሲ ንዕለት 09/02/2013 ዓ/ም ሰዓት 3፡30 ቅድሚ ቀትሪ ናብ ዞባ ምዕራብ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ምድብ መጋባእያ ሑመራ ንክትቐርቡ እንተዘይቐሪብኩም ግና ጉዳይኩም ብዘየለኹምሉ ዝርአ ምኻኑ ነፍልጥ ክብል ዞባ ምዕራብ ማኣኸላይ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ።

**ዞባ ምዕራብ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ**
**ምድብ መጋባእያ ሑመራ**

# ኣብ ጓጓና

# ስሙር ቃልሲ ንውሕስቲ ትግራይ

ምውዳድ ይርጋ ኣብርሃ

## (ፎረም ውድባትን ማሕበራትን ትግራይ)

2ይ ክፋል

ኣብ ሓድነት ህዝቢ ትግራይ ነቓዕ ክፈጥሩ ዝኽእሉ ተርእዮታት ካብ ዝተፈላለዩ ኣካላት ዝረኣዩ እንትኸውን ብፍላይ መንግስቲ ትግራይ ኣብ ሓድነት ህዝቢ ትግራይ ዝቁምሩ ሓይልታት ኣመምዩ ብውሕሉል መንገዲ ክቃለሶም ናይ ግድን እዩ። ፎረምና ውግንንኡ ንህልውናን ደሕንነትን ትግራይ ስለዝኾነ ሓድነት ህዝቢ ትግራይ ክነኽኡ ዝኽእሉ ኣተሓሳስባታትን ተግባራትን እናመመየ ክቃለስ ናይ ግድን እዩ።

ካብዞም ንሓድነት ትግራይ ሓደጋ ዝኾኑ ተርእዩታት ማሕበራዊ ድሕረት ከም ሓደ ምጥቃስ ይከኣል። ፖለቲካዊ ውድባትን ማህበራትን ኣብ ፖለቲካዊ፣ ኢኮኖሚያውን ማሕበራውን ዛዕባታት ዝህልዎም ኣፈላላያት ጠመተ ገይሮም ሰላማውን ዴሞክራሲያውን ብዝኾነ ኣካይዳ ክነሓንሑ ወይ ክሰርሑ ግቡእ እዩ። እንተኾነ ‘ውን ነዚኦም ዝፃብኡ ዝተፈላለዩ ሓድነት ትግራይ ዝብትኑ ማሕበራዊ ድሕረታት ብዝሓበረ ቅልፅም ክቃለሶም ይግባእ። ከባቢያዊንትን መኸረሪ ሃይማነታውነትን ብፍሉይ ካብቶም ዘረግቲ ሕድነት ዝኾኑ ማሕበራዊ ድሕረታትት እቶም ቀንዲ ጠንቂ ሓድነትና እዮም። ፀረ ልምዓት ንዝኾኑ ውልቀ ይኹን ጉጅላዊ ረብሓ ብዘይመትከላዊ ንምርግጋፅ ዝግበር ከባቢያውነትን ነንባዕልና ከምተጋሩ ዘናኽስ ድሕረት ስለዝኾነ ክምከት ይግቦኦ። ከምኡውን ዘይናሃተይ ናይ ካሊእ ኣይትኽክልን ብምባል ሃይማኖታዊ ማዕርነት ዘይምኽባርን ሃይማኖታዊ ኣጀንዳ ተላሕኩኽካ ዝግበር ምጉጅጃል ከም ህዝቢ ትግራይ መፍረሲና እምበር ዝህቦ ወላሓንቲ ረብሓ የለን። ብተወሳኺ ‘ውን ንሕብረት ህዝቢ ትግራይ ክዘርጉ ዝደልዮ ናይ ትምክሕቲ ሓይልታት ተላኣኣኺ ብምዃን ዝግበር ምንቅስቃስ ኣንፃር እዚ ፎረም ጠጠው ዝበለሉ ዕላማ ብምዃኑ ብሕንጢጡ ክእረም ዝግበኦ ድሕረት እዮ።

### ዴሞክራሲያዊ ስርዓት ዘይምጉልባት

ህልውናን ደሕንነትን ህዝቢ ትግራይ ልዕሊ ፖለቲካዊ ውድባት፣ ህዝባውን ሲቪል ማሕበራትን ዝስራዕ እዩ። ህልውናን ደሕንነትን ህዝቢ ትግራይ ንምውሓስ ዝስጎም ቃልሲ ህዝቢ ብሓባር ከይዓስል ዝግበር ዝኾነ ይኹን ምንቅስቓስ ፎረምና ብትረት ክቃለሶ ይግባእ።

ተጋሩ ብብርኪ ብሄር ወይ ብሃገር ብውዳበ ተሓፊቖም ይኹን ብውልቂ ወይ ብጉጅለ ሓሳቦም፣ ዕላምኦም ከሰጉሙ፣ ከስርፁ መሰሎም ዝተሓለወ እዩ። እቲ ቃልሲ ምስ ካልኦት ሓይልታት ልፍንቲ ወይ ምሕዝና ብምፍጣር ክስጎም ይኽእል። ግና ኩሎም ሓሳባት፣ ዕላማታት፣ ተግባራትን ስልቲ ቃልስታትን ትሕቲ ህልውናን ደሕንነትን ህዝቢ ትግራይ ከምኡውን ፀጥታን ሰላምን ትግራይ እዮም ዝስርዑ። ብሕገ መንግስቲ ትግራይን ፌዴራል መንግስትን ዝተረጋገፁ ምድንፋዕ ብዙሕነት ሓሳብ፣ ምውዳብን ሓሳብ ብነፃ ምግላፅን ሕሉዋት ኮይኖም ሓባራዊ ሓፁር ግና ህልውናን ደሕንነትን ህዝቢ ትግራይ፣ ከምኡውን ሰላምን ደሕንነትን ትግራይ ይኾኑ።

ስልጡን ፖለቲካዊ ባህሊ ብፖለቲካዊ ውድባት ወይ ሓይልታት ጥራይ ኣይድንፍዕን። ዴሞክራሲ ካብ ስድራ፣ ቤት ትምህርትን፣ ሕብረተሰብን ጀሚሩ ባህሊ ኮይኑ ክጥጥዕ ኣለዎ። ነዚ ድማ ቀፃሊ ዝኾነ ትምህርቲ፣ ስልጠናን ዘተን የድልዮ። ስለዝኾነ ፎረምና ዴሞክራሲ ብዘላቅነት ኣካል ባህሊ ህዝቢ ትግራይ ክኸውን ኣብ ሓዱሽ ትውልዲ ትግራይ ኣብ ምቕራፅን ነቲ ዘሎ ህዝቢ ብዝተፈላለዩ ሜላታት ዘለዎ ግንዛበ ከማዕብልን ምግባር እጃሙ ክፃወት ይግባእ።

ስለዝኾነ ህዝቢ ትግራይ ውሽጣዊ ሰላምን ቕሳነትን፣ ሓድነት ኣስፊኑ ክቕፅል ተኾይኑ ስልጡን ባህሊ ፖለቲካን ናይ ሓሳብ ብዙሕነትን ከማዕብል ግድን እዩ። ናይ ሓሳብ ብዙሕነት ዘይፃወር፣ ስልጡን ፖለቲካዊ ቃልሲ ዘየሰጉም ፖለቲካዊ ሓይሊ ንውሽጣዊ ተቓላዕነት ዝህብ ጠንቂ ሓድነት ትግራይ ስለ ዝኾነ ፎረምና ብትረት ይቃለሶ። ኣብ ትግራይ ፖለቲካዊ ውድባት ሓሳበን ንኣባላተን ይኹን ንህዝቢ ኣብ ዘፋልጣሉ ዝኾነ መድረኽ ሓድነትን ደሕንነትን ህዝቢ ትግራይ ኣብ ሓደጋ ከእቱ ዝኽእል ዝኾነ ዘይስልጡን ፖለቲካ ከካይዳ የብለንን። ካብ ተሳታፊ ኣብ ሓድነትን ደሕንነትን ህዝቢ ኣብ ሓደጋ ዘእቱ ሓሳባት እንተቐሪቦም እውን ናይ ምእራምን ንኣባላተን በዚ መዳይ ስጡም ብዝኾነ ዲሲፒሊን ክኽተሉ ምግባር ይግባእ።

ሰላምን ድሕንነትን ህዝቢ ትግራይ እናተረጋገፀ ዝኸይድ ኣብ ውሽጥና ዘሎ ናይ ሓሳብ ኣፈላላይን ድልየታትን ብስልጡን መንገዲ እንከራኸረሉን ብናይ ሓፋሽ ተሳትፎ እናረጋገፅና ንኽደሉ ባይታ ፈጢርና እንተኼድና ጥራሕ እዩ። ኣብ ሞንጎ ውድባት ፖለቲካ፣ ናይ ሃይማኖት ትካላትን ማሕበራትን ዝህሉ ርክብ ምዕሩይ ኣብዘይኮነሉ እዋን ንፀላእቲ ረብሓ ህዝቢ ትግራይ ዝኾኑ ሓይሊታት መእተዊ ዝኾነ ዓቢዪ ጉሕጓሕ ስለዝፈጥር ከቢድ ቅልውላው ኣብ ውሽጥና ብምፍጣር ኣብ ዘይንወፆ ቅልውላው ክንኣትወሉ ዘይንኽእለሉ ምኽንያት ኣይህሉን። ብምዃኑ ‘ውን እዚ ፎረም ኣብ ትግራይ ዘለዉ ውድባትን ማሕበራትን ዘለውዎም ሓሳባትን ኣራኣእያን ኣብ ፍፁም ሰላማውን ዴሞክራሲያውን ዝኾነ ምሕዝነትን ርክብን ዝተመስረተ ንኽኸዉን መድረኽ ንኽፍጠር ይሰርሕ።

ብተወሳኺ ኣብዚ ፎረም ዝርከቡ ኣባላት ዝምርሑሉ ግልፂ ዝኾነ መሰልን ግቡእን ውድባትን ማሕበራትን ዝገልፅ መመሓደሪ ደንቢ ስነ ምግባር ብምድላዉ እቲ ርክባት ስልጡንን ምዕሩይን ክኸውን ምስራሕ ኣገዳሲ ይኸዉን። እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሱ ብናይ መረፃ ሕግን ናይ ውድባት ስነምግባርን ዝውስን ናፃ ኣካል ቑፅፅር እንተተገበረሎም እውን ኣብ ሓድነትና ዘለዎም ሳዕቤን ዓብይ ስለዝኾነ ፎረምና ከም ቀንዲ ዉራዩ እናተቆፃፀረ ተርእዮታት እንትህልዉ ‘ውን ክእረሙ ብምግባር ግድኡ ክፃወት ኣለዎ።

እቲ ፅግዕተኛ ሓይሊ ብናይ ቀለም ናዕብን ደገፍ ናይ ደገ ሓይልታትን ስለዝመፀ፤ ብተመሳሳሊ መንገዲ ህዝቢ ትግራይ ዝመረፆ መንግስቲ ንምስኣን ዲሕ ኣናበለ ይርከብ። መንግስትነት ትግራይ ብደም ደቂ ህዝቢ ዝመፅእ እንትኸውን ብትካላት እናጠንከረ፣ እናዓረየን ፍትሓውን ዴሞክራስያውን እናኾነ ፅላል ህዝቢ ትግራይ ክኸውን እዮ ዝግባእ። ህንፀት ጥንኩር መንግስቲ ኣብ ሓንቲ ፀሓይ ዝኸውን ብዘይምኻኑ እቲ ጉዕዞ ኣበር ኣይሳኣኖን።

ሰለዝኾነ ሕቶታት ብዴሞክራሲስያዊ መንገዲ ዝቐርብሉን ዝፍትሑሉን መንገዲ ኣብ ክንዲ ምኽታል ብናዕቢ ድሌትካ ንምፍፃም ምሙካር ነቲ ህንፀት መንግስትነት ትግራይ ዝኾልፍን ጠቕሊሉ ናብ ሓደጋ ዘኡቱን ተግባር እዮ። እቲ ናይ ትምክሕቲ ሓይሊ ዝተፈላለዩ ቅሬታ ዘለዎም ኣካልት ብምስላፍን ብናይ ውሽጥና ፀገም ብምርስሳንን፤ ሓለይቲ መሲሎም ብምጉሁሃር ህዝቢ ብፍላይ መንእሰይ ሓይሊ ብናይ ቀለም ናዕቢ ኣቢልካ ኣብ ትግራይ ዘይጠፍእ ሓዊ ንምውላዕ እናተንቀሳቐሱ ይርከቡ። ሕቶታት ብሰላምን ብዴሞክራሲያዊን መንገዲ ምቕራብን ንክፍትሑ ምንቅስቓስ እናተኻእለ ቀለም ናዕቢ ምክያድ ፍፁም ዘይሕጋውን ፀረ ሃለዋትን ድሕንነትን ህዝቢ ትግራይ ሰለዝኾነ ብዝኾነ ይኹን መልክዑ ንምክያድ ምንቅስቓስ ክውገዝን ክምከትን ዘለዎ ተግባር እዩ።

እዚ ኣካይዳ ቀለም ናዕቢ ኣብ ሃገርና ፈጢርዎ ዘሎ ቁልውላው ናብ ክልልናን ንኸኣቱ በሪ ከምዝኸፍት ምግንዛብ የድሊ። ሰለዝኾነ እቶም ኣብ ዝተፈላለዩ ከባቢ ትግራይ ዝራኣዩ ዘለው ምልክታት ቀለም ናዕቢ ክእለዩን ክሰተኻኸሉን እዚ ፎረም ምስ ክልል መንግስቲ ትግራይ ኮይኑ ክሰርሕ ይግባእ።

### ቕድሚ ይኹን ድሕረ መረፃ ክፍጠር ዝኽእል ሓደጋ

ሕገ መንግስቲ ኣብዛ ሃገር ስልጣን ብዘይካ መረፃ ብኻልእ መንገዲ ምሓዝ ከመዘይከኣል ይገልፅ። መረፃ ቁልፊ ፖለቲካዊ ኣጀንዳ ናይዛ ሃገር ኮይኑ ኣሎ። ኣብዚ እዋን ዕድል ናይዛ ሃገር ካብ ዝውሰኑ ቁልፊ ጉዳያት መረፃ እቲ ቀንዲ ‘ዩ። ብሕገ መንግስቲ መሰረት መረፃ ናይ ግድን ኣብዚ ዓመት ክግበር ነይርዎ። ይኹን ‘ምበር ኣይግበርን ዘሎ። ሕገ-መንግስቲ ኣብ ዝእዘዞ ግዜ ኣይካየድን ዘሎ። ስለዚ ብብርኪ ሃገር ድሕሪ 3ተ ወርሒ ብህዝቢ ዝተመረፀ ሕጋዊ መንግስቲ ኣይህሉን። ቀደሙ ‘ውን እንተኾነ እዚ ኣብ ስልጣን ዘሎ ሓይሊ ሕጋዊ ኣይነበረን። እዚ ዘይሕጋዊ ሓይሊ ሕዚ ‘ውን ብፀረ ዲሞክራሲ መንገዲ ሕገ-መንግስቲ ረጊፁ ስልጣን ሒዙ ይቕፅል ኣሎ። እንተኾነ ግን ድሕሪ መስከረም ኣብዝሓ ዝሰማመዐሉ ሕጋዊ መንግስቲ ኣይህሉን። ስለዚ ድሕሪ መስከረም ዝህሉ ኩነታት ኣብ ህልውና እዛ ሃገር ብጠቕላላ ኣብ ህልውና ዓርሰ ምሕደራ ህዝብናን ክልልናን ድማ ብፍላይ ወሳኒ እዋን ‘ዩ።

እዚ ኣሃዳዊ ሓይሊ ናብ ስልጣን ካብ ዝመፅእ ጀሚሩ ክሳብ ሕዚ መረፃ ንምግባር ድልየት ዘይነበሮን ብፀረ ዲሞክራሲ መንገዲ ኣብ ስልጣን ክነብር ዝፅዕር ዘሎን እዩ። መረፃ ንምግባር ባህግን ድልየትን ዘይብሉ እናሃለወ ጉንበት ክገብር እናተገብኦ ካሊእ ጊዜ ናሓሰ መረፃ ክንገብር ኢና እናበለ ከጭበርብር ፀኒሑ ‘ዩ። ሕዚ ድማ ለበዳ ሕማም ኮሮናን ካልኦት ምኽንያታትን ተጠቒሙ መረፃ ኣብ ነሓሰ ከምዘይካየድ ብዕሊ ተወሲኑ ኣሎ። ድሕሪ መስከረም ብሓደ ገፅ ክሳብ ንመረፃ ምቹው ኩነታት ዝፍጠር ሕገ-መንግስታዊ ትርጉም ዘየድልዮ እናሃለወ ብናሃቱ ድልየትን ባህግን ትርጉም ክዋሃቦ ብምግባር ብፍፁም ፀረ ዲሞክራሲ መንገዲ ሕገ- መንግስቲ ረጊፁ ኣብ ስልጣን ክፀንሕ ወሲኑ ናብ ምንቅስቓስ ኣትዩ ኣሎ።

ከም ምኽንያት ዝጥቀምሎም ዘለው ጉዳያት ኩሎም እንተወሲድና መረፃ ብእዋኑ ክካየድ ገይርካ ቅብሉነት ዘለዎ መንግስቲ ክጣየሽ ዘግድድ ‘ምበር መረፃ ንምንዋሕ እሞ ድማ ብግልፂ ንዝተቐመጠ ስርዓት ጥሒስካ ኣብ ስልጣን ንምፅናሕ ፍፁም ኣይሕግዝን። ለበዳ ኮቪድ-19 ይኹን ካልኦት ምኽንያታትን ዘበን ስልጣን ክውስኹ ኣይኽእሉን። ብኮቪድ-19 ምኽ ንያት ካልኦት ናይ መንግስቲ ተግባራት ደው ክብሉ ኣይ ኽእሉን። መረፃ ‘ውን ብተመሳሰሊ ብለበዳ ምኽንያት ደው ክብል ኣይነበሮን ኣይግበኦን እውን።

ኣብ ትግራይ መረፃ ምክያድ ናይ ግድን እዩ። መረፃ ናይ ህዝቢ ስልጣን ሉኡላዊንት መረጋገፅን ናይ ዲሞክራሲ ስርዓት መፈለምታን ቀዳማይ ቅድመ ኩነት እዩ። ብዙሓት ሓሳባትን ድልየታትን ኣብ ዘለውዋ ክልልና መረፃ ምክያድ ንገይፂ ዝግበር ጉዳይ ዘይኮነስ ህዝቢ ትግራይ ስልጣን ናይ ህዝቢ ንኽኸውን ቀየሕትን ፀለምትን ደቁ ገቢሩ ዘምፅኦ ኣካል ስርዓት ዓርሰ ምሕደርኡ እዩ። ሰለዝኾነ ድማ ኣብ ትግራይ መረፃ ምግባርን ዘይምግባርን ናይ መንግስቲ ወይ ናይ ፓርቲ ስልጣን ዘይኮነስ ናይቲ ብኹቡር ረዚን መስዋእቱ ብቐይሕ ደሙ እቲ ስርዓት ዝሃነፀ ሰፊሕ ህዝቢ እዩ። ብምዃኑ ዋላሓንቲ መተዓናቐፊ ምኽንያት ከይተፈጠረ መረፃ ኣብ ትግራይ ክግበር እዩ። ነዚ ‘ውን ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ መረፃ ክካየድ ምውሳኑ ጥራሕ ዘይኮነስ፤ እቲ ሃገራዊ መረፃ ቦርድ ኣብ ትግራይ መረፃ ኣየካይድን፤ ዘይ ኣነ ካሊእ ኣካል ኣይገብርን ኢሉ ንዝወሰኖ ውሳነ መሰረት ብምግባር ኣብ ዝሓፀረ እዋን መረፃ ንኽካየድ መረፃ ኮምሽን ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይን ኣካይዳ መረፃ ዝድንግግን ኣዋጅ ብሙሉ ድምፂ ኣፅዲቑ ኣሎ።


ስለዚ መረፃ ትግራይ 2012 መግለፂ ዓርሰ ምሕደራና ስለዝኾነ ክግበር ግቡእ እዩ ተወሲኑ ‘ዉን ኣሎ። እዚ መረፃ ትግራይ 2012 ንተጋሩ ኣብ ብርኪ ዓለም ታሪኻዊ ትርጉሙ ልዕሉ ኣብ ርእሲ ምዃኑ ንዓና ዝህበና ረብሓ ነፃ፣ ሰላማውን ዴሞክራሲያውን ኮይኑ ክዛዘም ከሎ እዩ። ስለዝኾነ እቲ ኣብ ትግራይ ዝካየድ መረፃ ፍልፍል ጎንፂ ከይኾነስ ፍልፍል ምዕባለ ትግራይ ክኸውን ኣለዎ። በዚ መሰረት እቲ ኸይዲ መረፃ ግልፂ፣ መላእ ህዝቢ ዘሳተፈን ዴሞክራስያዊን ክኸውን ናይ ግድን እዩ። እቲ ኸይዲ ምዕሩይ እንተኾይኑ ውፅኢቱ ብዘየገድስ ሰላማዊ ኮይኑ ክሓልፍ ግድን እዩ።

ይኹን እንበር ብዝኾነ ምኽንያት ዴሞክራሲያዊ መረፃ ኣብ ትግራይ ክነካይድ እንተዘይኸኢልና ህዝቢ ብነፃነት ዝመሰሎ ምምራፅ ዘይኽእል እንተ መስሎ ዓርሰ ምሕደርኡ ብኻልእ መንገዲ ክናድየሉ ዝኽእለሉ ኣጋጣሚ ክህሉ ይኽእል ‘ዩ። እንተኾነ ‘ውን እቲ ኣብ ትግራይ ዝግበር መረፃ ብደገን ብውሽጥን ብዙሓት ፀገማት ክፍጠርዎ ይኽእል እዩ።

ኣብ እዋን መረፃ ብተዓዛብነት ዝሳተፉ ኣካላት፤ እቲ ከይዲ ዝከታተሉን ዘጋዉሑን ሜድያታት መረፃ ንምግባር ኣብ ዝግበር ምድላዋት፣ ኣብ እዋን መረፃን ድሕሪ መረፃ ዘይኮነ ስእሊ ብምፍጣር ክልላዊ፣ ሃገራውን ዓለምለኻውን ተቐባልነት ክይርከብን እንተተኻኢሉ ድማ ሙሉእ ብሙሉእ ውድቂ ዝኾነሉ ኩነታት ክፍጥር ብሰፊሑ ክሰርሑ እዮም። እዚ ቅድመ መረፃ ይኹን ድሕረ መረፃ ክፍጠር ዝኽእል ሰላምና ክዝረግ ዝደልዩ ናይ ደገ ሓይልታ ምስ ምህላዎም ኣብ ህልውናን ደሕንነትን ህዝብና ዓብይ ሓደጋ ሒዙ ክመፅእ ተኽእሎ ኣለዎ።

ስለዝኾነ ፎረምና እዚ መረፃ መሰል ዓርሰ ውሳነና ካብ ምውሓስ ብተወሳኺ ፍትሓውን ዴሞክራስያውን እንተዘይኾይኑ ሓደጋ እውን ሒዙ ክመፅእ ከምዝኽእል ኣሚኑ ከይዲ እቲ መረፃ ዴሞክራስያውን ፍትሓውን ክኸውን ክሰርሕ ናይ ግድን ይኸውን።




# “ናትኩም ገንዘብ ጠፋእን ተወዳእን እዩ ናትና ግን ሂወት እዩ...”!

**ተጋዳላይ መለስ ዜናዊ**

**ብግርማይ ተ/ብርሃን**

በብእዋኑ እናኸፍአን እናወሰኸን ዝኸድ ዘሎ መጠን ሙቐት ዓለም ብኢንድስትሪ ዝማዕበላ ሃገራት ካብ ፋብሪካታተን ብዝለቀአ በካሊ ጋዝ እዩ። እዚ ንዓኣተን ጥራሕ እንተይኮነስ ነተን ድኻታት ሃገራትን ህዝበንን ብዙሕ መዘዝ እናምፀአለን ይርከብ። ሚልዮናት ዘፈናቕል ሓደጋታት ምንቅጥቃጥ መሬት፣ ኣውሎ ንፋስ፣ ውሕጅን ባርዕ ኣግራባትን ይርከቦ።


ንብኽለት ኣየር ዓለም ልዑል ግደ ይፃወታ ካብ ዘለዋ ሃገራት ኣሜሪካን ቻይናን ቅድሚት ይፅርሓ።ብፍላይ ኣሜሪካ ንኢንድስትሪኣ ልዑል እምነ ከሰልን ነዳድን ስለትጥቀም ብኽለት ኣየር ዓለም ንክቀላጠፍን ሙቀት ብምውሳኽ ሰብን ተፈጥሮን ብመቐት ክቃፀል እናገበረት ትርከብ። ኣሜሪካን ቻይናን ክሳብ 30 ሚኢታዊ በካሊ ጋዝ ናብ ኣየር ዝለቃ ሃገራት እየን። ኣፍሪካ ድማ ካብ 2 ክሳብ 3 ሚኢታዊ በካሊ ጋዝ ናብ ኣየር ትሰድድ፡፡

እዚ ነገር ስርዓትን ኣሰራርሓን ክህልዎ ኣለዎ ኢለን ሃገራት ኣፍሪካ ብተናፀል ድምፀን ከስምዓ እኳ እንተፃዓራ ሰማዒ ግን ኣይረኸባን። ኣብ ሃገረ ዴንማርክ ከተማ ኮፐንሃገን ብ2009 ኣ/ፈ ንዝካየድ ዋዕላ ለውጢ ኩነታት ኣየር ግና ሃገራት ኣፍሪካ ሓደ ኮይነን ኣቀዲመን ሓደ ኮሚቴ ብምጥያሽ ክቡር መራሒና መለስ ዜናዊ ንኣፍሪካ ወኪሉ ክቐርብ ወሲነን፡፡

ቅድሚ 2009 ኣ/ፈ ኣፍሪካ ብሓደ ሰሚራ ንመሰላ ዘይትቃለስ ብምንባራ ዋላ ዝተፈላለዩ ፃዕርታት እንተተገበሩ ከምቲ ዝድለ ውፅኢት ግን ኣይተረኸበሉ።

ብ2009 ኣ/ፈ/ ግና ሓድነት ኣፍሪካ እናሰጠመ ብምም ፅኡን ሸው ክቡር ተጋዳላይ መለስ ዜናዊ ወኪል ኣፍሪካ ብምኧን ኣብ ሃገረ ዴንማርክ

> **ኣብ ጉባኤ ኮፐንሃገን ካብ ዝበሎ እታ ዋና “ንስኻትኹም ስለገንዘብ ትካትዑ ኣለኹም።ናትኩም ገንዘብ ጠፋእን ተወዳእን እዩ። ብዘይናትኩም ገንዘብ ኣፍሪካውያን ክንነብር ንኽእል ኢና። ግን ንስኻትኩም ብበዝሒ ካብ ዘይማዕበላ ሃገራት ዝልቀቕ ኦክስጅን ወፃኢ ምንባር ኣይትኽእሉን” ኢልዎም።**




ከተማ ኮፐንሃገን ብዛዕባ ለዉጢ ኩነታት ኣየር ኣብ ዝተገበረ መፀገሚ ኣኼባን ክርክርን ሉኣላዊት መራሕቲ ዓለም ድምፂ ኣፍሪካ ኣብ ዓለም ንክስማዕ ዓብዪ ስራሕ ሰሪሑ፡፡

መራሕቲ ዓለም ኣብቲ መድረኽ ብዛዕባ ብክለት ኣየር ሓደ ዓይነት መርገፂ ብዘይምሓዞም ዳርጋ ክሳድ ንክሳድ ዝተሓናነቕሉ ኣዝዩ ከቢድ ክትዕ ተሳሊጡ።

ሸው ዝነበሩ መካትዒ ነጥብታት ዓበይቲ ሃገራት ልቀት ካርቦንን ዘጥቀማሎም ነዳድን ከሰል እምንን ቀንሳ ከምኡ እውን ንዘይማዕበላ ሃገራት በብዓመቱ 100 ቢልዮን ዶላር ካሕሳ ክፈላ ንሱ እውን ካብ 2020 ኣ/ፈ ጀሚሩ ይክፈል ዝብል ይርከቦ።

እተን ዓበይቲ ሃገራት እቲ ገንዘብ በዚሑ ኢለን ብዙሕ ተካቲዐን። ኣብቲ ክትዕ ክቡር ተጋዳላይ መለስ ዜናዊ ኣፍሪካ ብምውካል ናብ መድረኽ ወፂኡ ሓንቲ ዘረባ ጥራሕ ገይሩ።

በቲ ዘረባ ክንደየናይ በሊሕ ምኳኑ ዓለም ኣደሚሙ እቲ ክትዕ ብሰላምን ስምምዕን ክውዳእ ገይርዎ። በዚ ድማ ሙሉእ ዓለም እናዘከሮ ካብ ዝርኸቡ ብዙሓት ተግባራቱ ሓደ እዩ፡፡

ኣብ ጉባኤ ኮፐንሃገን ካብ ዝበሎ እታ ዋና “ንስኻትኹም ስለገንዘብ ትካትዑ ኣለኹም።ናትኩም ገንዘብ ጠፋእን ተወዳእን እዩ። ብዘይናትኩም ገንዘብ ኣፍሪካውያን ክንነብር ንኽእል ኢና። ግን ንስኻትኩም ብበዝሒ ካብ ዘይማዕበላ ሃገራት ዝልቀቕ ኦክስጅን ወፃኢ ምንባር ኣይትኽእሉን” ኢልዎም።

**መረፃ 2012 ዋሕስ ህላወ ትግራይ እዩ !**